# ምእታው ኣብ መቐበሊ ቦታ

## ኣብ Saxony-Anhalt ንዘለዉ ስደተኛታት ዚኸውን መምርሒ ሓበሬታ



# ሰላምታ

**ዝኸበርካ ኣንባቢ፣**

በቲ መብዛሕቱ ግዜ ሓደገኛን ኣድካምን መገዲ ካብ ሃገርኩም ምስ ኣምሊጥኩም፡ ናብ Saxony-Anhalt መጺእኩም ኣለኹም፣ ኣብ ናይ ፈለማ ማእከል መቐበሊ፣ መመልከቲ ዑቕባ ኣቕሪብኩም፣ ሕጂ ድማ ኣብ ሃገርና ናይ መጀመርታ ገዛ ክትረኽብሉ እትኽእሉ ከተማ ወይ ዓዲ በጺሕኩም ኣለኹም።

ብፍላይ ድማ ጸግዒ ንኽትረኽቡ ዘቕረብክሙዎ ሕቶ፡ ድሮ ተቐባልነት ስለዝረኸበ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዙሕ ዝኾነ ሓድሽ ሕቶታት ትሓቱ ኣለኹም፥ ሓገዝ መነባብሮ ብኸመይ እረክብ? ኣበይ ቦታ ክቕመጥ እኽእል? ንዝቕመጠሉ ኣፓርትማ ብኸመይ ኣቑሑ ገዛ እገብረሉ? ጀርመንኛ ኣበይ ከጽንዕ እኽእል? ዘሎኒ ምስክራት ወረቐት ብኸመይ ተቐባልነት ይረክብ፣ ብዝተኻኣለ መጠን ድማ ስልጠናን ስራሕን ብኸመይ እረክብ? ደቀይ፡ ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ይኽእሉ? ኣብዚ ቦታ፡ ብኸመይ ተሳኒኻ ትነብር፣ ከምኡውን ምስ ሕብረተሰብ ንኽላለ ድማ መን ክሕግዘኒ ይኽእል? ቛንቋይ ዝዛረቡ ሰባት ብኸመይ ክረክብ እኽእል፣ ኣብ Saxony-Anhalt ምስ ዝቕመጡ ሰባት ብኸመይ ክላለ እኽእል?

ነዚ ሕቶታትን ካልእ ብዙሕ ሓድሽ ሕቶታትን ዝምልከት መልስታት ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ምስእትረኽቡ፡ ኣብ Saxony-Anhalt ኣቲኹም ድማ ኣብ ዝቐልጠፈ ኽትቕመጡ ትኽእሉ። እዚ ህያብ መምርሒ-ሓበሬታ ድማ ክሕግዘኩም እዩ።

Saxony-Anhalt፡ ታሪኻዊት፡ ባህላዊትን እተፈላለየ ቅርጺ ዘለዋን ክፍለ-ሃገር እያ። ሰሓቢ ዚኾነ ናይ ትምህርትን ስልጠናን ዕድላት፣ ልዑል ደረጃ ዘለወን ዩኒቨርሲታት፣ ምልኩዓት ሓውሲ-ከተማን ዓድታትን፡ ብዝሒ ዘለዎን ክበባት ስፖርት፣ ባህላዊ ንጥፈታት ኣለዋ። ኣብ ኩነታትኩም ዝደናገጹን ረጊእኩም ንኽትቕመጡ ዝደልዩን ንሓዋሩ ድማ ጽቡቕ እናተሰመዓኩም ኽትነብሩ ዝገብሩን ውፉያት ሰባት፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከቡ ብዝሓት ሰባት፡ ኣብ Saxony-Anhalt ንእትፍልሙዎ ህይወት ብዚምልከት ደገፍ ክህብኹም ይደልዩን፣ ብቓልን ብግብርን ድማ ክሕግዝኹም ባህ ይብሎም። ኣሉታዊ ተሞክሮ ከጋጥመኩም ስለዝኽእል ግን ተስፋ ኣይትቑረጹ። ኣብዚ መምርሒ'ዚ፡ ምስ ሰፊሕ-ኣእምሮ ዘለዎምን ውፉያትን ሰባት፡ ኣበይ ቦታ ክትራኸቡ ከምእትኽእሉ ዚሕብር ብዙሕ መወከሲታት ክትረኽቡ ኢኹም።

**ኣብ Saxony-Anhalt ሕውነታዊ ኣቀባብላ ርኸቡን ብሰላም እተዉን!**



**ሱሲ ሞበክ (Susi Möbbeck)**
ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ማሕበራዊ ጉዳያትን ውህደትን ክፍለ-ሃገር Saxony-Anhalt፣ ሚኒስትሪ ዕዮ (Ministry of Labor, Social Affairs and Integration of the State of Saxony-Anhalt) ኮሚሽነር ውህደት ምምሕዳር ክፍለ-ሃገር (Integration Commissioner of the State Government)



# ብዛዕባ'ዚ መምርሒ-ሓበሬታ

መመልከቲ ዑቕባ ኣቕሪብኩም፡ ኣብ Saxony-Anhalt ድማ ትቕመጡ እንተሊኹም፡ ብዛዕባኡ ንዓኹም ንምልላይ፡ እዚ ህያብ'ዚ መምርሒ'ዚ ክሕግዘኩም እዩ።

ኣብዚ ውሽጢ'ዚ ትሽዓተ ምዕራፋት ድማ፡ እዚ ዚስዕብ ኽትረኽቡ ኢኹም፥

- ኣብ Saxony-Anhaltን ፌደራላዊ ግዝኣትን ብዛዕባ ዘሎ ናብራን መዓልታዊ ህይወትን ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ
- ኣብ እተፈላለየ ኩነታት ህይወት ደገፍ ንዝህበኩም ተበግሶታት፡ ፕሮጀክትታትን ዕድላትን ዚምልከት መወከሲታት
- ኣብ Saxony-Anhalt ንዘለኩም ህይወት ንኽትለማመዱ ዝሕግዝኹም ነቑጣታት ርክብን መርበባትን ዚምልከት – ኣብ ኢንተርነትን መቐበሊ ቦታን - እትረኽብሉ ኣገባባት

ክፍሊ ኣገልግሎት፡ ነቲ ኣብ ክፍለ-ሃገር Saxony-Anhalt እትገብርዎ ናይ ፈለማ ናይ ምልላይ ግዜ ዚምልከት ምሩጻት ጽሑፋትን ኣድራሻታትን ይህብ።
ኩሉ ሓበሬታ ኣብ ዝውሃበሉ እዋን፡ እዚ ሕጂ ዘሎ ሕጋዊ ኩነታት (ካብ 11/2016 ጀሚሩ) ኣብ ግምት ከምዝኣቱ ኪኸውን እዩ። ብሰንኪ ሕጽረት ናጻ ቦታ፡ ኩሉ ነገራት ምሉእ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። ብዛዕባ መሰል ዑቕባ ዚምልከት ብፍላይ ሕቶታት እንተሊኩም፡ ብዛዕባ እዋናዊ ኩነታት ዚምልከት ኣብቲ ዝምልከቶ ኣብያተ-ጽሕፈት ምኽሪ ወይ ኣብያተ-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ክትሓቱ ንላቦ።
እዚ እተሓትመ መምርሒ-ሓበሬታ፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ናይ Saxony-Anhalt[1] በዚ ዝስዕብ ቛንቋታት ብናጻ ብዘይ ክፍሊት ይርከብ እዩ፥ ኣፍጋንኛ (ፓሽቶ)፣ ዓረብኛ፡ ጀርመንኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ፐርሽያኛ (ፋርሲ)፣ ሩስያኛ፡ ሰርብያኛን ትግርኛን።

እዚ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ዘሎ ሕታማት፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ምጥያስ Saxony-Anhalt ብመልክዕ መርበብ-ሓበሬታ ሞባይል ከምኡውን ብኣፕሊኬሽን መርበብ-ሓበሬታ ይርከብ እዩ፣ ብቐጻሊ ድማ ምምሕያሽ ይግበረሉ እዩ።

**ብዝኾነ፥** ብዛዕባ'ቲ ኣብ ማእከል መቐበሊ ፈደራላዊ መንግስቲ (LAE / ZASt Halberstadt) እትጸንሕዎ ግዜ ዚምልከት፡ ነቶም "ዝመጹ ዘለዉን ካልኦትን" ስደተኛታት ኣብ ዚምልከት መምርሒ-ሓበሬታ መምርሒ ትረኽቡ ኢኹም።

1 ንኣብነት፥ ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈት ምኽሪ ስደተኛታት፡ ኣብያተ-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፡ ኣብያተ-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት፡ ማእከላት ምንዳይ ስራሕ፡ ወኪላት ሽቕለት ወይ ማሕበራት ኣባይቲ

## Saxony-Anhalt፡ ንርእሳ ተላለ. እያ

*ኣብቲ እትቕመጥዎ ዘለኹም ምምሕዳር ከተማ ንነዊሕ ግዜ ተረጋጊእኩም እትቕመጡ እንተሊኹም፡ ብዙሕ ነገራት ንኽትፈልጡ ድማ ብዙሕ ግዜ ክህልወኩም እዩ። ንኣብነት፥ ኣብ Saxony-Anhalt ንዘሎ መዳይ ህይወት እተማዕብልሉ ብዙሕ ምኽንያታት ኣሎ። ምኽንያቱ፡ ፈደራላዊ መንግስቲ፡ ዝህቦ ብዙሕ ነገር ኣሎ፥*

**Saxony-Anhalt፡ ኣብ ማእከል ጀርመን ትርከብ።** እተን Dessau-Roßlau፡ Magdeburg ከምኡውን Halle (Saale) ዝብሃላ ዓበይቲ ከተማታታ፡ ከም Leipzig（ናብ ደቡብ）፡ Berlin（ናብ ሰሜን）ከምኡውን Hannover（ናብ ምዕራብ）ዝኣመሰላ ጐሮባብቲ ዝኾና ገዘፍቲ ከተማታት ጽቡቕ ምትእስሳር ኣለወን።

**ብዝሒ ናይ ' ቶም ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከቡ ካልኦት ዜጋታት ወጻኢ፡ ካብ 2010 ክሳዕ 2016 ኣብ ዘሎ ግዜ ዕጽፊ ኮይኑ ኣሎ።** ዜጋታት ወጻኢ ዝኾኑ ብገምጋም 100,000 ሰባት፡ ኣብ ከተማታት፡ ዞባታትን ምምሕዳራት ከተማ ይቕመጡ ኣለዉ። እዚ ድማ፡ ከም ልሙድ፡ ካብ ፖላንድ፡ ሮማንያን ፈደረሽን ሩስያን ንዝመጹ ዜጋታት ኤውሮጳዊ ሕብረት የጠቓልል እዩ። ኣብ ርእሲ ብዝሒ ስደተኛታት፡ እቶም ድሕረ - ባይታ ፍልሰት ዘለዎም ሰባት ድማ ኣብ Saxony-Anhalt ይቕመጡ ኣለዉ። ዜግነት ዝረኸቡ ጀርመናውያን እዮም ወይ ድማ ኣብዚ ስለእተወልዱ ዜግነት ጀርመን ዝረኸቡ እዮም።

**Saxony-Anhalt፡ ንሰደተኛታት ኣብ ምጥያስ እትጽዕር ዘላ እያ።** እቲ ምምሕዳራት ከተማ፡ ንስደተኛታት ኣብ ምቕባል፡ መንበሪ ገዛ ኣብ ምሃብን ቀረብ ኣብ ምድላውን ዝገብርኦ ጻዕሪ፡ ብክፍለ - ሃገር ከምኡውን ብትምህርቲ ቋንቋ ወይ ኣብ ስራሕን ስልጠናን ብምስታፍ ከምዚሕይል ይኸውን። ከም ኣገልግሎት መርሓባ (Willkommensbegleitung)፡ ሰራሕተኛታት ምጥያስ ወይ ፈደራላዊ ኣገልግሎት ወለንታውያን (BFD) ዝኣመሰለ ፕሮጀክትታት፡ ኣብቲ መብዛሕቱ ግዜ ንውሕ ዚበለ መስርሕ ዚወስድ ምጥያስ ደገፍ ኣብ ምሃብ ይሕግዝ እዩ።

**ብዙሕ ቍጽሪ ዘለዎ ኣብ Saxony-Anhalt ዝቕመጥ ህዝቢ፡ ብዛዕባ ስደተኛታት ብዚምልከት ክፉታት ኣእምሮን ሓገዝትን እዮም።** ስደተኛታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ርእሶም ክኢሎም ህይወቶም ክመርሑ መታን ክኽእሉን ኣብዚ ቦታ ' ዚ ድማ ምሹው ህይወት ንኽህልውኦምን ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ሞያዊ ደገፍ ይህቡ።

**Saxony-Anhalt፡ ነቶም ሓደስቲ ዝመጹ ሰባት፡ ብዙሕ ዕድላት ይህብ እዩ፣ ንኣብነት፥ ብመገዲ ' ዞም ዝሰዕቡ፥**

- ደገፍ ዝውሃቦ ትምህርታት ቋንቋን ትምህርታት ምጥያስን
- ኣብ ቤት ትምህርትን ትምህርትን፡ ብፍላይ ድማ ንንኣሽቱ ስደተኛታት ዝውሃብ ደገፍ
- እተጠናኸረ ዕድላት ስራሕ ከምኡውን ብፍላይ ንትሕቲ 25 ዓመት ዝዕድሚኦም ስደተኛታት ዚውሃብ ብዙሕ ዝዓይነቱ ትምህርትን ስልጠናን
- ደገፍን ምኽርን፣ ንኣብነት፥ ናብ ሰብ - መዚ ዚግበር ምብጻሕ፣ ውሳኔታት ትምህርትን ስልጠናን
- ኣብ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ናይ ዕረፍትን ንጥፈታት ኣብ ምጽንባር ዘሎ ተኽእሎታት
- ኣብ ማሕበራት፡ ተበግሶታትን ውድባት ስደተኛታትን ምስታፍ
- ምስ ውፉያት ዜጋታት ምርኻብን ሓሳብ ምልውዋጥን



## መውጽኢ

**ምዕራፍ 1 - ቀረብ፡ ሓገዛት፡ ምኽሪ . . . . . . . . 8**
ተቐባልነት ንዝረኸቡ ስደተኛታት ዚውሃብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት . . . . . . . . 8
ንሓተትቲ ዑቕባ፡ ንኹሉ ተጻዊሮም ካብ ሃገሮም ሃዲሞም ንኽወጹ እተገደዱ ስደተኛታትን ሰባትን ዚውሃብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት . . . . . . . . 9
ኣብ እትቕመጥሉ ከባቢ ዝርከብ ዕድላት ምኽሪ . . . . . . . . 10
ዘሰኒ ንዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ስደተኛታት (UMA) ዚውሃብ ደገፍ . . . . . . . . 10
ንንኣሽቱ ስደተኛታትን ወለዶምን ዚውሃብ ምኽሪ . . . . . . . . 11
ንዓበይቲ ስደተኛታት ዚውሃብ ምኽሪ . . . . . . . . 11
ኣብ ርክብ ዜተኮረ ሓገዝ . . . . . . . . 12

**ምዕራፍ 2 - ምብጻሕ ናብ ምምሕዳር ከተማ . . . . . . . . 14**
ምምሕያሽ ኲነታት መነባብሮን ምውዳብ መዓልታዊ ህይወትን . . . . . . . . 14
ምኽፋት መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ (Basiskonto) . . . . . . . . 14
ኣገልግሎታት ምትሕልላፍ ገንዘብ . . . . . . . . 15
ሕሱር ምግቢ . . . . . . . . 15
ሕሱር ክዳውንቲ . . . . . . . . 15
ሕሱር ኣቑሑ ገዛ . . . . . . . . 15
ውዕላት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን . . . . . . . . 16
ኣገልግሎት ኢንተርነት . . . . . . . . 16
ኣብ ትራፊክ ጽርግያ ክህሉ ዝግብኦ ባህርያት . . . . . . . . 16
ምጥቃም ህዝባዊ መሐንበሲ ቦታታትን ማይ ባኛን . . . . . . . . 17
ምስ ካልኦት ምርኻብን ምስ እትቕመጥሉ ኮም ምልላይን . . . . . . . . 17
ሸፈነ መድሕን - ሓላፍነት ስደተኛታት . . . . . . . . 18
ኣብ ቀዳማይ ማዕጾ ዚግበር ውዕላትን ዋንነ - ትካልን . . . . . . . . 19
ኣብ ህጹጽ ኲነታት ዚውሰድ ስጉምቲ . . . . . . . . 19

**ምዕራፍ 3 - መንበሪ . . . . . . . . 20**
ጠለባት መንበሪ - ቦታ (Wohnsitzverpflichtung) . . . . . . . . 20
መንበሪ ገዛ . . . . . . . . 20
ምርግጋጽ ግቡእ ክሊማዊ ሙቐት ውሽጢ ገዛ . . . . . . . . 21
ምጉጅጃል ጐሓፍ . . . . . . . . 22
ጽቡቕ ጐርብትና ከምዝህሉ ምግባር . . . . . . . . 23

**ምዕራፍ 4 - ትምህርቲ ጀርመንኛ፣ ምሕያል ምጥያስ . . . . . . . . 24**
ብሓገዝ ጀርመንኛ - ብኣዝዩ ቀሊል ኣገባብ ርክብ ምግባርን ጽቡቕ ተሰማሚዕካ ምንባርን . . . . . . . . 24
ትምህርታት ምጥያስ ምርካብን ምውሳድን . . . . . . . . 24
ኣብ ትምህርቲ ምጥያስ ምምዝጋብ . . . . . . . . 25
ትምህርታት ምጥያስ ንኽትወስዱ መሰል ዘይብልኩም ክነስኹም፡ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ እትረኽብዎ ኣገልግሎት 26

ኣብ ክበባት ትምህርትን ኮርሳት ምዝርራብን እትወስድዎ ቛንቋ ጀርመን . . . 26
ጀርመንኛ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ምጽናዕ . . . 27

**ምዕራፍ 5 - ዕዳጋ ዕዮን ስልጠናን . . . 28**
ስራሕን ስልጠናን፡ ንዓኹም ዘገድስሉ ምኽንያት እንታይ እዩ . . . 28
ንጡፍ ተሳታፍነት ኣብ ስራሕን ስልጠናን . . . 28
ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ዚውሰድ ናይ ፈለማ ስጉምታት . . . 29
ፍቓድ ስራሕ (Arbeitserlaubnis ወይ Beschäftigungerlaubnis) . . . 30
ድሩት ፍቓድ ስራሕን ማዕቀብ ዕዮን . . . 31
ገምጋም ናይቲ ኣብ ወጻኢ እተረኽበ ተዛማዲ ሞያዊ ብቕዓት . . . 31
ተፈላጥነት ሞያዊ ብቕዓት ንምርካብ ዚውሃብ ሓገዝ . . . 32
ኣብ ጀርመን ብዛዕባ ዘሎ ቦታ ስራሕ ዚምልከት ኣፍልጦ ምርካብ . . . 33
ብመገዲ ሞያዊ ስልጠና ዝርከብ ዕድላት ስራሕ . . . 34
ሞያዊ ስልጠና ንምውሳድ ወይ ብእኡ ንምድላው ዚውሃብ ሓገዝ . . . 35
መጽናዕቲ . . . 36
ብወኪል ሸቕለት ወይ ማእከል ምንዳይ ስራሕ ዚውሃብ ዓይነት ስራሕ . . . 37
ንምንዳይ ስራሕ ዚምልከት ብኣገልግሎት መርሓባ (Willkommensbegleitung) ከምኡውን
Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS) ዚውሃብ ምኽርን ደገፍን . . . 38
ንዘባዊ ተበግሶ ኣተኲሮ ኣብ ሞያተኛታት (Fachkraft im Fokus – FiF) Sachsen-Anhalt
ዚምልከት ኣገልግሎት መርሓባ . . . 38
Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS) . . . 39
ዕድላት ስራሕ - ዕዳጋ ዕዮ ኣብ ኢንተርነት ምርካብ . . . 39
ከም ሰራሕተኛ መጠን ዘለኩም መሰላት . . . 39
ቅልጡፍ ስራሕን ስልጠናን ምርካብ . . . 41

**ምዕራፍ 6 - ኣብ ፍሉይ ኩነታት ህይወት ዚውሃብ ሕክምናዊ ክንክንን ደገፍን . . . 42**
ሕክምናዊ ክንክን . . . 42
ወረቐት ሕክምና (Behandlungsschein) . . . 43
ምስ ዶክተር ዚግበር ርክብ . . . 43
ህጹጽ ረድኤት - ብዛዕባ ድሕነትኩም ዚምልከት ክትፈልጥዎ ዘለኩም ነገራት . . . 44
ስነ - ኣእምሮኣዊ - ማሕበራዊ ማእከላት . . . 44
ናጻ ሕክምናዊ ረድኤት፥ MediNetz Magdeburg . . . 45
ነቶም ጸገማት ምስማዕን ምርኣይን ዘለዎም ሰባት ዚውሃብ ደገፍ . . . 45
ኣብ ግዜ ጥንሲ ንዘለዋ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታት ዚውሃብ ደገፍ . . . 45
ኣብ ሓደጋ ዓመጽ ንዝርከባ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታት ዚውሃብ ፍሉይ ሓለዋ . . . 46
ብሰንኪ ጾታዊ ኣቓውማ፡ ኣድልዎ ንዝረኽቡ ሰባት ዝውሃብ ደገፍ . . . 47
ድሕሪ ከቢድ መጥቃዕቲ ዚውሃብ ደገፍ . . . 47

**ምዕራፍ 7 - ንቘልዑን በጽሕታትን ዚምልከት ቤት - ትምህርትን ትምህርትን . . . 48**
መውዓለ - ቖልዑ (Kita) . . . 48
ትሕተ - ዕድመ ክምሃርዎ ዘለዎም ግድነታዊ ትምህርቲ . . . 48
ኣብ Saxony-Anhalt ዘሎ ስርዓተ - ትምህርቲ . . . 49
ንውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብ . . . 50
ረብሓታት ትምህርትን ተሳታፍነትን – Bildungspaket . . . 50

**ምዕራፍ 8 - ናብራ ኣብ ጀርመን . . . 51**
ደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ብሓባር ናይ ምቕማጥ መትከላት . . . 51
ኣብ ጀርመን ብዛዕባ ዘሎ ህይወት ዝያዳ ሓበሬታ ምርካብን ብዝበለጸ ተላዚብካ ምንባርን . . . 53
ኣብ እትቕመጥሉ ቦታ ብሕብረት ምንባር ንኽሕይል ምጽዓር . . . 53
ምምሕባር – ምስ ሰባት ምርኻብ– ብቕዓት ምጥራይ፥ ፈደራላዊ ወለንታዊ ኣገልግሎት
(Bundesfreiwilligendienst – BFD) . . . 54

**ምዕራፍ 9 - ሕጋዊ ኩነታትን መስርሕ ዑቕባን . . . 55**
ኩነታት ሓለዋን ሳዕቤናቱን . . . 55
ንምቕማጥ ዚውሃብ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung) . . . 56
ወለንታዊ ምምላስ . . . 56
ዚስዕብ ኢሚግሬሽን ስድራቤት (ምጽንባር ስድራቤት) . . . 57
ብዛዕባ ዑቕባን ሓለዋ ስደተኛታትን ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ . . . 57

**እተመርጹ ኣድራሻታትን ማእከላት ምኽርን . . . 58**

**እተሓትመ . . . 62**

# ምዕራፍ 1 - ቀረብ፡ ሓገዛት፡ ምኽሪ

*ኣብ ምምሕዳር ከተማ Saxony-Anhalt ንኽትቕመጡ ምስተመደብኩም፡ ርእስኹም ክኢልኩም ህይወትኩም ንኽትመርሑ ዘኽእለኩም ብዙሕ ዕድላት ክህልወኩም እዩ። ብዛዕባ ሓገዛት ቀረብን ምጥያስን ዚምልከት ሓበሬታ ምርካብ፡ ኣብቲ ቍጽጽር ዚግበረሉ መዓልታዊ ህይወትኩም ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ 'ዚ፡ ብዛዕባ 'ተን ዝሕግዛኹም ማእከላት ምኽሪ ዚምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።*

ካብ ናይ ፈለማ ማእከል መቐበሊ ምስወጻእኩም፡ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት ከምእትረኽቡ ንኽገብሩ፡ ሰብ - መዚ ከባቢ ሓላፍነት ክህልዎ እዩ። ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት፡ ንመነባብሮኹምን ንእትገብርዎ ማሕበራዊ ምጥያስን ዚጠቅም ሓገዛት ዜካትት እዩ።
ኣብ ኩነታትኩም ምርኩስ ብምግባር፡ ብዙሓት ሰብ - መዚ፡ ናትኩም ሓላፍነት ይወስዱ እዮም። ነዚ ዚስዕብ ሓጺር መብርሂ ብኽብረትኩም ተወከሱ፥

| ሓተትቲ ዑቕባ፣ ብትዕግስቲ ዝእለዩ ስደተኛታት | ከም ስደተኛታት ተቐባልነት ዝረኸቡ (ፍቓድ መንበሪ ዝረኸቡ – Aufenthaltserlaubnis ) | ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት ወይ ስራሕ ዘይብሎም ሰባት |
|---|---|---|
| ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት (Sozialamt) (ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት) | ማእከል ምንዳይ ስራሕ | ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት (Sozialamt) (መባእታዊ ሓገዛት ድሕነት) |

**! ካብ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት (BAMF) ክሳዕ ሕጂ ውሳኔ ዘይተዋህበኩም እንተኾይኑ፡ እሞ ኸኣ ብዛዕባ ተኽእሎ ዘለዎ ሳዕቤናት ውሳኔ BAMF ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ እንተደሊኹም፡ ብኽብረትኩም ንምዕራፍ 9 ተወከሱ።**

## ተቐባልነት ንዝረኸቡ ስደተኛታት ዚውሃብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት

ጸግዒ ንኽረክብ መሰል ዘለዎ ተቐባልነት ዝረኸበ ሰብ (ብመሰረት ዋዕላ ስደተኛታት ጀነቫ፡ ሓታቲ ዑቕባ፡ ስደተኛ ወይ ተወሳኺ ጸግዒ ንኽረክብ መሰሉ ዝኾነ ሰብ) ከምኡውን ከም ዘይርጉጽ ስደተኛ መጠን፡ ኣዋጅ ሓገዛት ሓተትቲ ዑቕባ (AsylbLG) ኣይምልከተኩምን እዩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ኻልኣይ ማሕበራዊ ኣዋጅ (Sozialgesetzbuch SGB II – ንደለይቲ ስራሕ ዚውሃብ መባእታዊ ሓገዛት ድሕነት፡ ብ Hartz IV' ይፍለጥ)፡ ባዕልኹም ስራሕ ኽትቍጽሩ ወይ ስራሕ ምስዝሰርሕ ሰብ ብሓባር ኽትቕመጡ የፍቅድ እዩ።
ብዛዕባ ንሓተትቲ ዑቕባ ዝውሃብ መባእታዊ ሓገዛት ድሕነት ዚምልከት ኩሉ ሕቶታት፡ ብኽብረትኩም ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ ማእከል ምንዳይ ስራሕ ተወከሱ።
ማእከል ምንዳይ ስራሕ፡ ኣብዚ ዚስዕብ ይሕግዘኩም፥

- ኣብ ዕዳጋ ስራሕ ምጥያስ (ኣብ ስራሕ ወይ ስልጠና ቦታ ምርካብ)
- ውሑስ መነባብሮ ምህላው
- ክንክን ቆልዑ፡ ምኽሪ ዕዳ፡ ምኽሪ ወልፍን ስነ - ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ክንክን
- ትምህርታት ምጥያስ BAMF ንኽትወስዱ ቦታ ምርካብ

ኣብ Sachsen-Anhalt ንዝርከባ ማእከላት ምንዳይ ስራሕ ከባቢ ርኸቡ። ▶





**ንኣሽቶ ምዕዶ፥** ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነትን መንበሪ ኣባይትን Magdeburg፡ ንኣብነት፥ ንሓገዛት SGB II ዚምልከት ናይ ፈለማ መመልከቲ ብኸመይ ከምእትመልኡ፡ ሓገዝን ምኽርን ይህብ። ኣብ ዘለኽሙዎ ምምሕዳር ከተማ ሓገዝ ንኽትረኽቡ ሕተቱ።

ስራሕ ዘይተቖጸርኩም እንተኼንኩምን ስራሕ ምስ ዝሰርሕ ሰብ ብሓባር ትቕመጡ እንተዘየሊኹምን፡ ብመሰረት SGB XII፡ ሓገዛት ኽትቕበሉ መሰል ክህልወኩም ይከኣል እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ተወከሱ።

## ንሓተትቲ ዑቕባ፡ ንኹሉ ተጻዊሮም ካብ ሃገሮም ሃዲሞም ንኽወጹ እተገደዱ ስደተኛታትን ሰባትን ዚውሃብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት

እቲ ንሓተትቲ ዑቕባ፡ ንኹሉ ተጻዊሮም ካብ ሃገሮም ሃዲሞም ንኽወጹ እተገደዱ ስደተኛታትን ሰባትን ኣብ Saxony-Anhalt ን ፈደራላዊ ግዝኣትን ዚውሃብ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት፡ ብኣዋጅ ሓገዛት ሓተትቲ ዑቕባ (Asylbewerberleistungsgesetz - AsylbLG) ቍጽጽር ይግበረሉ። ብመሰረት 'ዚ ኣዋጅ 'ዚ፡ ኣብ ፈደራላዊ ግዝኣት ትቕመጡ እንተሊኹምን ፍቓድ መንበሪ (Aufenthaltgestattung) ወይ ሃገራዊ ማዕቐብ ጥርዝያ (Duldung) ዘለኩም እንተኼንኩምን፡ ኣብተን ናይ መጀመርታ 15 ኣዋርሕ፡ መባእታዊ መልዕሎ ኽትረኽቡ ኢኹም።

**! እዚ ሓገዛት 'ዚ፡ ብመትከል ሓገዝ - ብዓይነት ዚቕየድ እዩ፥ እዚ ድማ ብቐንዱ ሓገዛት ጥረ - ገንዘብ ይኽፈል ማለት እዩ። እዚ ሓገዛት፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ብቮውቸር ክውሃብ ድማ ይኽእል እዩ።**

ኣብ ርእሲ 'ቲ ኣብቲ ንኣመልከትቲ ዑቕባ ዚውሃብ መንበሪ ኣባይቲ ወይ ኣፓርትማ፡ ንስነ - ኣመጋግባ፡ ክዳውንትን ውልቃዊ ክንክንን ብዚምልከት መባእታዊ ሓገዛት ኽትቕበሉ ኢኹም። ብመሰረት AsylbLG ዚውሃብ ሓገዛት፡ ነዚ ዚስዕብ የጠቓልል፥

- ብዓይነት ዚውሃብ ሓገዛት (መንበሪ - ገዛ፡ መሞቒ፡ ኣቑሑ ገዛ)
- ሓገዛት ጥረ - ገንዘብ (ንምግቢ፡ ክዳውንቲ፡ መጓዓዝያ፡ ጥዕናውን ኣካላውን ክንክን)
- ክንክን ጥዕና (ንሕክምና ሕማማት፡ ጥንስን ሕርሲ ቆልዓን)



እቲ ብመሰረት AsylbLG ዚውሃብ ዓቐን ኣበል፥ ኣብ ዕድሜኹም፡ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ምስተመደበኩም ዝህልወኩም ኩነታት ስድራቤትኩም (ንኣብነት፥ መጻምድቲ ዘይብሉ ወይ እተመርዓወ) ከምኡውን ዓይነት መንበሪ ገዛ (ኣፓርትማ ወይ ኮማዊ መንበሪ ኣባይቲ) እተሞርኮሰ እዩ።

ብዛዕባ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት ዚምልከት ንዘለኩም ኩሉ ሕቶታት፡ ብኽብረትኩም ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት (Sozialamt) ተወከሱ።
ንኣብነት፥ ንመነባብሮ ወይ መንበሪ ገዛ፡ ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ወይ

- ማሕበራዊ ደገፍ፡ ሓገዝን ምኽርን ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡
- ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ሕተቱ።

▶ ኣብ Saxony-Anhalt ብዛዕባ ዝርከባ ኣብያተ ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ከባቢ፡ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ኢኹም። ▶

**ንእሽቶ ምዕዶ፥** ኣብ ከባቢኹም ንዘለዋ ኣባይተ-ጽሕፈት ምኽሪ (Migrationsberatungsstellen) ብምርካብ፡ ሓገዛት ማሕበራዊ ድሕነት ንእትሓትሉ ቅጥዕታት መመልከቲ ኣብ ምምላእ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## ኣብ እትቕመጥሉ ከባቢ ዝርከብ ዕድላት ምኽሪ

ኣብ ፍሉይ ኩነታት ዜተኮረ ምኽርን ኣገልግሎታት ክንክንን፡ ንስደተኛታትን ናይ ፍልሰት ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰባትን፡ ኣብ Saxony-Anhalt ይውሃብ እዩ።

ኣብ Saxony-Anhaltን ምሉእ ፈደራላዊ ግዝኣትን ዘሎ ኩሉ ኣገዳሲ ነቑጣታት ርክብን ማእከላት ምኽርን፡ ብመገዲ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ስርዓተ-ሓበሬታ (BAMF) ኪርከብ ይከኣል እዩ። ካርታ እትቕመጥሉ ከባቢ፡ ሓባሪ መምርሒ ይህብ እዩ። ንመናደዪ ክፉት ቦታ (ብፖስታል ኮድ) ተጠቒምኩም ቦታኹም ዝርከበሉ ኣድራሻ ኣእትዉ፣ ኣብ ጥቓኹም ናይ ዝርከባ ኩለን ኣገደስቲ መሳለጥያታት ምጥያስ ድማ ትረኽቡ።

## ዘሰኒ ንዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ስደተኛታት (UMA) ዚውሃብ ደገፍ

እቶም ምስ ስድራኦም ወይ ቤተሰቦም ናብ Saxony-Anhalt ዘይመጹን ብሕጋዊ ድማ 18 ዓመት ዘይበጽሑን ቆልዑን፡ እቲ ንንኣሽቱ ቆልዑ ዚውሃብ ኣገልግሎታት ድሕነት ይረኽቡ እዮም። ምጽንባር ስድራቤት ኣብ ዘይተኻእለሉ እዋን፡ እቶም ዘሰኒ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ፡ ብትካል ኣገልግሎታት ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ወይ ብኣለይቲ ስድራቤት ከምዝእለዩ ይኾኑ። እቲ ወጻኢታት ድማ ብምምሕዳር ከተማ ወይ ክፍለ-ሃገር ከምዝምወል ይኸውን። ቤት ጽሕፈት ድሕነት በጽሕታት፡ ዘሰኒ ንዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ብዛዕባ ዚውሃብ ደገፍ ዚምልከት እቲ ናይ ፈለማ ዝርከብ ኣካል እዩ።

ማሕበር መጉዚትነት refugium e.V. ፡ መጉዚትነት ናይ'ቶም ዘሰኒ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ይወስድን ከም መራኸቢ ኮይኑ ድማ ይሰርሕን።



ምዕራፍ 1 - ቀረብ፡ ሓገዛት፡ ምኽሪ

### ንንኣሽቱ ስደተኛታትን ወለዶምን ዚውሃብ ምኽሪ

ቤት ጽሕፈት ድሕነት በጽሕታት (Jugendamt)፡ ንቖልዑ፡ ንኣሽቱ መንእሰያት ስደተኛታትን ስድራቤታቶምን ብሓፈሻ ደገፍ ይህብ። ከም ወለዲ መጠን፡ ብዛዕባ ክንክን ቆልዑ፡ ኣበርክቶታት ወለዲ፡ ጠለባት ደገፍ ወይ ሓገዝ ዚምልከት ኣርእስታት፡ ምኽርን ደገፍን ኣብዚ ቦታ ትረኽቡ። ኣብ ከተማታትን ኣውራጃታት Saxony-Anhaltን፡ ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት ኣሎ። መወከሲ ኣድራሻታት ናይቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት፡ ኣብዚ ርኸቡ።




Jugendamt = እተመስከረሉ ቤት ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት

ኣገልግሎታት ስደተኛታት መንእሰያት (Jugendmigrationsdienste፡ ነቶም ድሕረ-ባይታ ፍልሰትን ስደትን ዘለዎም ሰባት ዝኸውን ምኽሪ ይህባ። እዚ ኣገልግሎታት፡ ነቶም ካብ 12 ክሳዕ 27 ዓመት ዝዕድሚኦም ሓደስቲ ንዝመጹ በጽሕታትን ንኣሽቱ መንእሰያትን፡ ምኽርን ደገፍን ይህብ። እቶም ንኣሽቱ መንእሰያት ንዝህልዎም ውልቃዊ መስርሕ ምጥያስ ድማ ንምሕያል ዝዓለመ እዩ።

ኣገልግሎታት ስደተኛታት መንእሰያት፡ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከባ ብዙሓት ከተማታት ወኪላት ኣለውዎ። ነዚ ኣገልግሎት ዝህቡ ኣካላት ድማ ሓያሎ ኣለዉ። እዚ ዚስዕብ ኣገልግሎት ይህቡ፥

- ደገፍ ኣብ ግዜ መስርሕ ምጥያስን ምትሕልላፍ ናብ ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎታትን
- ንትምህርቲ፡ ሞያን ካልእ ጉዳያትን ከምኡውን ኣገዳሲ ኩነታትን ዚምልከት ውልቃዊ ምኽሪ
- እቶም ብስደት ዝመጹ ቆልዑን በጽሕታትን ንዘለዎም ወለዲ ዚውሃብ ምኽሪ
- ምስ ካልኦት ናይቲ ከባቢ በጽሕታት ብሓባር ብምኻን ዚውሃብ ናይ ጉጅለ ዕድላት

▶ ኣድራሻታት ናይተን ኣብ ከባቢ ዝርከባ ኣገልግሎታት ስደተኛታት መንእሰያት ድማ ኣብዚ ትረኽቡ። ▶

## ንዓበይቲ ስደተኛታት ዚውሃብ ምኽሪ

ንዓበይቲ ስደተኛታት ምኽሪ ዝህባ ኣብያተ-ጽሕፈት፡ ኣብ ኩሉ ዕድመ ዝርከቡ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ኣብ ጀርመን ንዝወስድዎ ናይ ፈለማ ስጉምታት ህይወት ደገፍ ይህባ። ንኣብነት፥ ነዚ ዚስዕብ ይህባ፥

- ንመዝታትን ኣብያተ-ጽሕፈትን ንዘውሃብ ቅጥዕታት ንምምላእ ዘድሊ ሓበሬታ
- ናብ መዝታት ኣብ ዝግበር ምብጽሓት ምስናይ
- ንዕድላት ሞያዊ ስራሕን ደረጃታት ብቕዓትን ዚምልከት ምኽሪ
- ኣብ ትምህርታት ምጥያስ ኣተኩሩ ዚውሃብ ሓበሬታ
- ኣገልግሎታት ትርጉም ምርካብ
- ኣብ ምንዳይ መንበሪ ገዛ ዘተኮረ ሓገዝ



ንዓበይቲ ስደተኛታት ምኽሪ ዝህባ ኣብያተ-ጽሕፈት፡ ኣብ መላእ ከባቢታት Saxony-Anhalt ብቐሊሉ ይርከባ እየን። ኣድራሻ ናይታ ኣብ ከባቢኹም እትረከብ ማእከል ምኽሪ ስደተኛታት ኣብዚ ይርከብ። ▶

ከም ስደተኛታት መጠን፡ ብኹሉን ኣውራጃታትን ከተማታትን ንዚውሃብ ተወሳኺ ምኽርን ደገፍን ዚምልከት ፍሉይ ዕድላት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ንዑቕባ፡ መንበርን መንግስታዊ ሓገዛትን ዚምልከት ሰፊሕ ውልቃዊ ደገፍ፡ ኣብዘን ማእከላት ምኽሪ ትረኽቡ ኢኹም።

ዝርዝር መወከስን ኣድራሻታትን ናይቲ ኣብ Saxony-Anhalt ዚውሃብ ተወሳኺ ምኽርን ደገፍን ኣብዚ ርኸብዎ። ▶

ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት (Ausländerbehörde)፡ ብዛዕባ መስርሕ ዑቕባ፡ ሕጋዊ ኩነታትኩም ወይ ኣብ ፈደረላዊ ግዝኣትን Saxony-Anhaltን ንእትቕመጥዎ ተወሳኺ ግዜ ዚምልከት ሕቶታት፡ ፈለማ ካብ እትውከስዎ ኣባያተ-ጽሕፈት ሓደ እዩ። ኣብዚ ቤት ጽሕፈት፡ ብዛዕባ ዝስዕብ ሓበሬታ ትረኽቡ፥

- ሕጋዊ ኩነታት
- ንሃገር ሓዲግኩም ንኽትወጹ ኣብ እትግደድሉ እዋን ብዛዕባ ዚውሃብ ወረቓቕቲ መተካእታ ፓስፖርት
- ብዛዕባ ንሃገር ሓዲግካ ምውጻእን ደጊምካ ምምጻእን ዚምልከት ውዳበን ምጽፋፍን

ነቑጣ መወከሲ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፡ በቲ እትቕመጥሉ ዘለኹም ቀንዲ ቦታ ይውሰን። ኣብያተ-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፡ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከባ Dessau-Roßlau፡ Magdeburgን Halleን ከምኡውን ኣብ ኣውራጃታት ይርከባ እየን።





**ብምኽንያት ሓለዋ ሓበሬታ፡ ሰፊሕ ምኽሪ ዑቕባ፡ ብተሌፎን ክውሃብ ከምዘይክእል ብኽብረትኩም ተገንዘቡ።**

▶ ኣብ Saxony-Anhalt ብዛዕባ ዝርከባ ኣብያተ-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ዝምልከት ሓጺር መግለጺ፡ ኣብዚ ርከቡ። ▶

## ኣብ ርክብ ዜተኮረ ሓገዝ

ብዛዕባ ቛንቋ ጀርመን ዝኾነ ፍልጠት ዘይብልኩም እንተኾይኑ ወይ ዳርጋ ዘይብልኩም እንተኺንኩም፡ ግን ከኣ ንኽትርጐመልኩም ኣገዳሲ ጠለብ ከተቕርቡ እንተደሊኹም፡ ኣብ መላእ Saxony-Anhalt፡ ናይ ተሊፎን ኣገልግሎት ትርጉም ቛንቋታት (Sprachmittlung in Sachsen-Anhalt – SiSA) ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ድማ ብመርበብ ውድባት ስደተኛታት ዞባታት (LAMSA) ይውደብ።

ወለንታዊ ኣገልግሎት ቛንቋታት SiSA፡ ዘለኩም ሕጋዊ ኩነታት ብዘየገድስ፡ ብዛዕባ እተፈላለየ ጉዳያት ርክባት ኣብ ምግባር፡ ንኣብነት፥ ምስ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ወይ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ርክብ ኣብ ምግባር ይሕግዘኩም። SiSA፡ ነቶም ዘሰንዩኹም ተርጐምቲ ወይ ኣስተርጐምቲ ይውድብልኩም።

ናይ ተሌፎን ኣገልግሎት ቋንቋታት፡ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ንህጹጽ መስመር ተሌፎን +49 345 21389399 ብምጥቃም ክትርብሕሉ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብዛዕባ'ቲ ብመገዲ ኣፕሊኬሽን BAMF "በጻሕቲ" (Ankommen) ናብ ፈደራላዊ ግዝኣትን ምምሕዳራት ከተማን እትመጽሉ ግዜ ዚምልከት ኩሉ ነገር፡ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።1 እዚ ኣፕሊኬሽን'ዚ፡ ኣብ ጀርመን ብዛዕባ ዝህሉ መነባብሮ ይሕብርን፣ ኣብ መዓልታዊ ህይወትኩም ናይ ፈለማ ስጉምቲ ብዛዕባ እተወስድዎ ኣገዳሲ ዚኾነ ኩሉ ነገር ይገልጸልኩምን።**



# ምዕራፍ 2 - ምብጻሕ ናብ ምምሕዳር ከተማ

## ምምሕያሽ ኵነታት መነባብሮን ምውዳብ መዓልታዊ ህይወትን

*ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣብ ዝመጻእክሙሉ እዋን፡ ኣብ ሓሳብኩም ዘይነበረ ብዙሕ ብድሆታት ክጋጥመኩም ድማ ይኽእል እዩ። ነቲ ብድሆታት ደረጃ ብደረጃ እንተገጢምክሙዎን ብዝበለጸ መገዲ ብኸመይ ከምእትኣልይዎ ሓበሬታ ምስዝህልወኩምን ጸቡቕ ነገር እዩ።*
*ኣብዚ ሓድሽ ኣከባቢ መነባብሮኹም ክትገብርዎ ዘድልየኩም ኣገዳሲ ነገራት፡ ብመልክዕ 'ፍቕዲ ዝርዝር' ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተጸሚቑ ይርከብ። ጸገማት ኣብ እተላዕለሉ እዋን፡ ትካላት ተበግሶታትን ሰባትን ክሕግዝኹም እዮም። ክሕግዘኩም ዝኽእል መን ምዃኑ፡ ኣበይ ከምዘሎን ብኸመይ ምዃኑን ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ክትረኽቡ ኢኹም።*




## ምኽፋት መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ (Basiskonto)

በቲ ኣብ ባንኪ ዘለኩም ሕሳብ ክፍሊት፡ ኣብ መላእ ሃገር ምትሕልላፍ ጥረ-ገንዘብ፡ ምውጻእ ገንዘብ ወይ ክፍሊት ካርድ ኽትገብሩ ትኽእሉ። ካብ 2016 ጀሚሩ፡ ሓተትቲ ዑቕባን ብትዕግስቲ ክትሓዙ ዘለዎም ስደተኛታትን፡ ኣብ መላእ ፈደራላዊ ግዝኣት መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ (Basiskonto) ተባሂሉ ዚጽዋዕ ክኽፍቱ ሕጋዊ መሰል ኣለዎም።

ኣብ መላእ ፈደራላዊ ግዝኣት ኣብ እትርከብ ዝኾነት ባንኪ፡ መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ ኽትከፍቱ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ ንምግባር፡ ክትከፍቱ ግዳሴ ከምዘለኩም ናይ ጽሑፍ መመልከቲ ናብ ባንኪ ከተቕርቡ ኣለኩም። እቲ መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ፡ ዕድሜኹም ልዕሊ 18 ዓመት ኪኸውን፡ ከም ሓታቲ ዑቕባ እተመዝገብኩም ኽትኮኑ ወይ ተፈላጥነት ዝረኸብኩም ስደተኛታት ወይ ድማ መንነትኩም ዘረጋገጽኩም ኽትኮኑ የገድድ። ንስደተኛታት ዚኽፈት መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ፡ ኣብ ባንኪ ዘእተውዎ ገንዘብ ክህልዎም ይግደዱ እዮም። ሓቀኛ ገንዘብ እንተልይኩም ጥራይ ክጥቀሙሉ ትኽእሉ። እቲ መባእታዊ ሕሳብ፡ ዝኾነ ለቓሕ ወይ ልዕሊ'ቲ ኣብ ሕሳብኩም ዘሎ መጠን ከውህበኩም ኣይክእልን እዩ።

**ብዛዕባ መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ ዚምልከት ኣብዚ ጽሑፍ-ወረቐት ብዝያዳ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። መባእታዊ ሕሳብ ባንኪ ንኽትረኽቡ እተቕርብዎ መመልከቲ፡ ኣብ ገለ ገለ ኩነታት ኪንጸግ ተኽእሎ ኣሎ። ብዛዕባ'ዚ ዚምልከት፡ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ Bundesanstalt BaFin ዝያዳ ሓበሬታ ርኸቡ።**





## ኣገልግሎታት ምትሕልላፍ ገንዘብ

ኣገልግሎታት ምትሕልላፍ ገንዘብ፡ ህጹጽ ምትሕልላፍ ኽገብራ ይኽእላ እየን። እንተኾነ ግን፡ ክቡር ኪኸውን ይኽእል እዩ። ንክፍሊት ኣገልግሎት ምትሕልላፍ ናይ እተፈላለያ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ኩሉ ግዜ ኣወዳድሩ። ኣብ Saxony-Anhalt፡ ኣገልግሎታት ምትሕልላፍ ገንዘብ፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብ መደበር ባቡር ብዝርከባ Deutsche Postbank፡ Money Gram፡ Western Union ወይ Reisebank AG ይካየድ።

▶ ስደተኛታት ብዛዕባ ኣገልግሎታት ምትሕልላፍ ገንዘብ ዚምልከት ኣብ ግምት ከእትውዎ ብዛዕባ ዘለዎም ነገራት፡ ኣብዚ ርኸቡ።

## ሕሱር ምግቢ

ኣብ Saxony-Anhalt፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ መላእ ፈደራላዊ ግዝኣት ዝግበር፡ ባንክታት ምግቢ (Tafeln)፡ ስደተኛታት ንዝርከብዎም ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት ንዘለዎም ሰባት ምግቢ ይህባ። ምግቢ፡ ኣብ ዝኾነ ዕለት ብዘይ-ክፍሊት ወይ ብትሑት ዋጋ ንኽትረኽቡ፡ ክትምዝገቡን ከም ዘድልየኩም መረጋገጺ ንኺኸውን ድማ ወግዓዊ ምስክር ወረቐት ('Hartz IV') ከተቕርቡ ኣለኩም። እዚ ድማ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ክልተ-ሳምንታት ይትግበር።
ባንክታት ምግቢ፡ ኣብ ብዙሓት ቦታታት Saxony-Anhalt፡ ምግቢ ዝዝርግሓ ኣብያተ-ጽሕፈት ኣለወን። ገለ ባንክታት ምግቢ፡ ዝበላዕ ድሉው ምግቢ ይህባ እየን።

▶ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ጥቓኹም ብዛዕባ እትርከብ ባንኪ ምግቢ ኣብዚ ከተናድዩ ትኽእሉ ኢኹም።

## ሕሱር ክዳውንቲ

ከም መባእታዊ ምፍርናሽ ኣፓርትማኹም ዝኣመሰለ ንጽል ሓገዛት፡ ኣብ ገለ ገለ እዋናት፡ ብምምሕዳር ከተማ ኪውሃብ ይከኣል እዩ። ኣብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን፡ ሕሱር ወይ ናጻ ክዳውንቲ ይውሃብ እዩ። ክዳውንቲ ወይ ኣቑሑ ገዛ፡ ብኸምዚ መገዲ ድማ ኪዕደግ ይከኣል እዩ። ድኳናት ክዳውንቲ (Kleiderkammer)፡ ድኳናት ሓራጅ፡ ድኳን ቀይሕ መስቀል (Rot-Kreuz-Laden)፡ ድኳን ዕድግን መሸጣን (An- und Verkauf) ከምኡውን ናጻ ዕዳጋ (Umsonstladen)፡ ኣበይ ከምዝርከብ ሕተቱ።

## ሕሱር ኣቑሑ ገዛ

ስደተኛታት፡ ንዝቕመጥሉ ኣፓርትማ (ኣቑሑ ገዛ) ዚኸውን ክዳውንቲ፡ ኣቑሑን ናውትን ገዛ፡ ኣብ ከባቢኦም ኣብ ዝርከብ ድኳናት ክዳውንቲ ቀይሕ መስቀል (Kleiderkammer des örtlichen Roten Kreuzes-DRK)፡ ኣብ ድኳናት ሓራጅ፡ ኣብ ድኳናት ሓፋሽ (Sozialkaufhaus) ወይ ኣብ ምስዮናት ከተማ (Stadtmission)፡ብኣዝዩ ትሑት ዋጋ ወይ ብዘይ ክፍሊት ይረኽቡ እዮም።

## ውዕላት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን

ውዕላት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን፡ ልዑል ክፍሊታት ዝሓትት ኪኾውን ይኽእል እዩ። ኣብ ዓመት ብዙሕ ክፍሊታት ምስዘኽፍላ ትካላት መብዛሕቱ ግዜ ንዝግበር ውዕላት ኣይትእተዉ።
ጽቡቕ ገይርኩም ምስተረድኣኩም ጥራይ ክትሙ። ውዕል ክትፍጽሙ እንተደሊኹም፡ ከም ኣማራጺ፡ ጽቡቕ ኣፍልጦ ቛንቋ ጀርመን ንዘለዎ ሰብ ተማልኡ።

▶ ንውዕላት ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ዚምልከት ኣብ ግምት ኽተእትውዎ ብዛዕባ ዘለኩም ነገራት፡ ኣብዚ ርኸቡ። ▶

## ኣገልግሎት ኢንተርነት

ኣብ ብዙሓት ከተማታትን ሓውሲ - ከተማታትን Saxony-Anhalt፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣለዉ ወይ ካልእ ዓይነት ኣገልግሎት ኢንተርነት፡ ንኣብነት፥ መአከቢ ቦታታት (Kennenlerntreff)፡ ኢንተርነት ካፈታት፡ ኣብያተ - ንባብ ከተማ ወይ መደበራት ባቡር ኣሎ።
ኣብ Saxony-Anhalt፡ ኣብ ከባቢ ኢንተርነት ንኽህሉ ብተበግሶታት "Freifunk" ንእተዋህበ ዕድላት እትጥቀሙሉ ድሩት ተኽእሎታት ድማ ኣሎ። እዚ ኣገልግሎት ' ዚ፡ ቅልጡፍ ውዳቤ መርበብ ስልኪ - ኣልቦ (ዋየርለስ) ከምዝህሉ ይገብር። ንኮም Freifunk ቀረባ ዝኾነ ቦታ ንኽትረኽቡ ንመርበብ - ሓበሬታ ወሃቢ ኣገልግሎት Freifunk ርኣዩ።

▶ ብዛዕባ ምፍጻም ውዕላት ኢንተርነትን ተሌፎንን ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነቲ ብእንግሊዝኛ እተዳለወ ኣብ ማእከል ምኽሪ ተጠቐምቲ (Verbraucherzentrale) ዝርከብ ጽሑፍ ሓበሬታ ኣንብቡ።

## ብህዝባዊ መጓዓዝያ ዚግበር ጉዕዞ - ኣውቶቡስን ባቡርን ምጥቃም

ከም ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ዝኣመሰለ ህዝባዊ መጓዓዝያ ንኽትጥቀሙ፡ ገንዘብ ኽትከፍሉ ትግደዱ ኢኹም። እዚ ዚስዕብ፡ ንኹሎም ተጓዓዝቲ ዚምልከት እዩ፥ ጉዕዞ ቅድሚ ምጅማርኩም፡ ቲኬት ኽትዕድጉ ኣለኩም። ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ባቡር ብቑዕ ቲኬት ሒዙ ዘይጸንሐ ዝኾነ ሰብ፡ ወሰኽ ክፍሊት መጓዓዝያ ንኽኸፍል ይግደድ። እዚ በደል ' ዚ፡ ብመዝታት ከም ገበን ተመዝጊቡ ይርከብ።

ስደተኛታት፡ ኣብ ገለ ገለ ኩነታት፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ኣብ መናደዩ ስራሕ፡ ትሑት ዝዋገኡ ትኬት (Sozialticket) ንኽረኽቡ ከመልከቱ ተኽእሎ ኣለዎም። ጸገም ከምዘለኩም ግንብዝምልከቶ ሓላፊ (Bescheid) ኪረጋገጽ ይግብኦ።








Fahrscheine = ቲኬታት

## ኣብ ትራፊክ ጽርግያ ክህሉ ዝግብኦ ባህርያት

ኣብ ትራፊክ ጽርግያ፡ ንኣብነት፡ ብሽክለታ ቅድሚ ምጥቃምኩም፡ ከም ተጠቃሚ ጽርግያ መጠን፡ ነቲ ኣብ ጀርመን ዘሎ መምርሒታት ትራፊክን ከተርእይዎ ዘለኩም ባህርያትን ክትፈልጡ ይግብኣኩም። ኩሎም ወገናት፡ ጥንቃቐታትን ሓበራዊ ኣኽብሮትን ብምግባር ምስዝቕበልዎን ምስዘተግብርዎን፡ ትራፊክ ጽርግያ ጀርመን ጽቡቕ ከምዚሰርሕ ይኸውን።
ብዛዕባ ትራፊክ ጽርግያ ጀርመን ዚምልከት ብሕብረ - ቛንቋታት እተዳለወ ትምህርቲ ድሕነት፡ ኣብዚ ክርከብ ይከኣል እዩ። ▶

ሓፈሻዊ ማሕበር ኣውቶሞቢል ጀርመን (ADAC)፡ ብዛዕባ ኣገደስቲ መምርሒታትን ሕግታትን ትራፊክ ጽርግያ ዚምልከት ሓበሬታ፡ ኣብቲ ንስደተኛታት ተባሂሉ ብፍሉይ ኣብ እተዳለወ መንሹር ይህቡ እዮም፥ ጸገም ዘይብሉ ውሑስ ጽርግያ Einfach sicherer unterwegs።

## ምጥቃም ህዝባዊ መሐንበሲ ቦታታትን ማይ ባኞን

ኣብቲ ባኞ ክውስደሉ ፍቑድ ዝኾነ ቦታታት ጥራይ ኩሉ ግዜ ባኞ ተጠቐሙ። ህዝባዊ መሐንበሲ ቦታታት ንኽትጥቀሙ ወይ ኣብ ቀላይ ባኞ ንኽትወስዱ ትደልዩ እንተ ኼንኩም፡ ናይ ምሕንባስ ክእለት ክህልወኩም ይግባእ። ማሕበር ምድሓን ህይወት ጀርመን (DLRG)፡ ትምህርታት ምሕንባስ ይህብ እዩ። ኣብ ከባቢኹም ብዘሎ DLRG (Ortsgruppe der DLRG) ዝውሃብ ትምህርቲ ምሕንባስ ኣበይ ምዃኑ ምዃኑ ኣብዚ ትረኽቡ ኢኹም።

ኣብ ህዝባዊ መሐንበሲ ቦታትን ክፉት - ኣየር መሐንበሲ ቦታታትን ክትጥቀሙሉ ብዛዕባ ዘለኩም መትከላት ባኞ ተመልከቱ፣ እዚ ድማ ኣብ Saxony-Anhaltን መላእ ሃገርን ባኞ ንዝጥቀሙ ኩሎም ሰባት ዚምልከት እዩ። ንጉዳያት ምሕንባስ (Deutsche Gesellschaft für Badewesen) ብዚምልከት ብማሕበር ጀርመን ንዝወጸ መትከላት ባኞ (Baderegeln) ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ▶

## ምስ ካልኦት ምርኻብን ምስ እትቕመጥሉ ኮም ምልላይን

ኣብ ሓድሽ ቦታ ኣብ ዝመጻእክሙሉ እዋን፣ ጽቡቕ ጕርብትና ኣብ ምጅማር ብድሆ የጋጥመኩም። ኣብ Saxony-Anhalt - ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ጥራይ ኣይኮነን - ካብ መበቆል ሃገሮም ምስ ዝመጹ ሰባት ንኽራኸቡ ወይ ንኣብነት፥ ብመገዲ'ዚ ስዒቡ ዘሎ ኣገባባት፣ ምስ ጐሮባብቲ ንኽራኸቡ ዕድላት ኣሎ፥

- ኣብ መንጐ ባህላዊ ማሕበራትን ውድባት ስደተኛታትን ዚግበር በዓላት
- ምስ ቖልዑን ወለድን ዚግበር ንጥፈታት (ኣኼባታት መጻወቲ ቦታታት፣ ዕዮ-ገዛ፣ ትምህርቲ ሙዚቃ፣ ትምህርቲ ምሕንባስ፣ ኢደ-ጥበብ፣ መዘምራን፣ ትምህርቲ ሳዕስዒት ወዘተ)
- ኣብ ምኽሻን ምግቢ፣ ትምህርቲ፣ ምግጥታም ብሽከለታታት ወዘተ ዘተኮሩ ጉጅለታት መዘናግዒ ንጥፈታት (ሆቢ)
- ምስ ክበባትን ከበባት ምምላኽ ቛንቋታት (ንኣብነት፥ ኣብ Halle ዚርከብ ክበብ መርሓባ (Welcome Treff)፣ ኣብ einewelt haus Magdeburg ዝርከብ ካፈታት ቛንቋታት፣ ኣብ Dessau ኣብ ዝርከብ ማእከል ሕብረ-ባህልታትtural (Multikulturelles Zentrum)) ርክብ ምግባር
- ኣብ ማሕበራዊ ትካላትን ኣብያተ-ክርስትያናትን ወይ ኣብ ሕብረ-ትውልዲኣዊ ኣባይቲ (Mehrgenerationenhäusern) ዝግበር ኣኼባታት ጐሮባብትን መአከቢ ቦታታትን
- ክበባት ስፖርትን ጸወታታትን (ንኣብነት፥ ብክበባት ዝውሃብ ዕድላት ክፋት ስፖርት (Verein)፣ ዕድላት Kreissportbund)።

**(!) ኣብ ከተማታት Magdeburgን Halleን ርክብ ክግበረሎም ብዛዕባ ዘሎ ተኽእሎታትን ብዛዕባ ዕድላት ከባብን ዚምልከት ኣብ መርበባት-ሓበሬታ ከባቢ፣ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ Saxony-Anhalt ብዝርከብ ዞባዊ መርበብ ውድባት ስደተኛታት (LAMSA e. V.) ኣቢልኩም ምስ ውድባት ስደተኛታት ክትራኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ።**

▶ ኣብ ፈደረላዊ ወለንታዊ ኣገልግሎት ብዛዕባ ዚግበር ስራሕ ወለንታውነት ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ብኽብረትኩም ንምዕራፍ 8 ተወከሱ።



## ሸፈነ መድሕን - ሓላፍነት ስደተኛታት

ብመሰረት ሕግታት ጀርመን፣ ኣብ ካልኦት ንዘብጻሕክሙዎ ዝኾነ ዕንወት ኽትክሕሱ ይግብኣኩም። ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ ምዝንጋዕ ወይ ስፖርት፣ ንኻልእ ሰብ ሓደጋ እንተብጺሕኩም፣ ዘለኩም ዓቕሚ ንብረት ብዘየገድስ፣ ነቲ ዘውረድክሙዎ ዕንወት ንኽትክሕሱ ሓላፍነት ኣለኩም።
ስለዚ ድማ ውልቃዊ ሓላፍነት መድሕን ንኽትኣትዉ፣ ኣብ ጀርመን ንዅሉ ሰብ ምሕጽንታ ይቐርበሉ። ዕንወት ኣብ ዘጋጥመሉ ግዜ፣ እዚ ዝኣተኽሙዎ መድሕን፣ ካብ ከቢድ ሓደጋታት ይከላኸለልኩም።

▶ ዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብዚ ኽትረኽቡ ትኽእሉ።

## ኣብ ቀዳማይ ማዕጾ ዚግበር ውዕላትን ዋንነ-ትካልን

ኣብ ቀዳማይ ማዕጾ ምሳኹም ቢዝነስ ክገብር ዝደሊ ዝኾነ ሰብ ምስዝህሉ፣ ስዒቡ ንዘሎ መምርሒታት ብኽብረትኩም ኣብ ግምት ኣእትዉ ወይ ንድሕነትኩም ኢልኩም ነዚ ዝስዕብ ሕግታት ኣኽብርዎ፥

- ዘይትፈልጥዎም ወይ ፍሉጣት ንዘይኮኑ ሰባት፣ ወረቐት መንነት (ወይ ናብ ኣፓርትማ ንኽኣትዉ ዝተዋህቦም ፍቓድ) ንኽርእይኹም ሕተትዎም።
- እቲ ኣገልግሎት ተኻዪዱ ክሳዕ ዚውድእ ኣይትኽፈልዎም።
- ንዘይተረድኣኩም ወይ ርግጸኛታት ንዘይኮንኩምዎ ነገራት ኣይትፈርምሉ።

▶ ብዛዕባ ሕጋዊ ኩነታት ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፣ ኣብዚ ርኸቡ።

## ኣብ ህጹጽ ኲነታት ዚውሰድ ስጉምቲ

ንስኹም ወይ ካልኦት ሰባት፣ ጸገምን ሓደጋን እንተኣጋጢምኩም፣ በዘን ዝስዕባ ናጻ ቍጽርታት ህጹጽ ረድኤት ኣቢልኩም ኣብ ሃገር ምሉእ ንዝርከባ ኣገልግሎታት ህጹጽ ረድኤት ብኽብረትኩም ቀልጢፍኩም ደውሉ።
ግዳይ እንተኾንኩም ወይ ከምዚ ዚስዕብ ከምዘጋጠመ ምስክር እንተኾንኩም፣ ናብ ቍጽሪ ህጹጽ ረድኤት 110 ደውሉ፥

- ሓደጋ • ዓማጺ ግጭታት • ስርቅን መጥቃዕትን ወይ • ጾታዊ ዓመጽ።

ግዳይ እንተኾንኩም ወይ ከምዚ ዚስዕብ ከምዘጋጠመ ምስክር እንተኾንኩም፣ ናብ ቍጽሪ ህጹጽ ረድኤት 112 ደውሉ፥

- ህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሓደገኛ ኲነታት (ንኣብነት፥ ባርዕ ሓዊ) ከምኡውን
- ጥዕናዊ ህጹጽ ኲነታት

**(!) ቍጽርታት ህጹጽ ረድኤት 110ን 112ን፣ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ኣብ ዘእቱ ህጹጽ ኲነታት ጥራይ የገልግላ! ናይ ብሓቂ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዜእቱ ህጹጽ ኲነታት ኣብ ዘጋጠመሉ እዋን ጥራይ፣ ናብዘን ቍጽርታት ደውሉ። ኣብ ሆስፒታላት ዘሎ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት፣ ንጥዕናዊ ህጹጽ ኲነታት ጥራይ ንኸገልግላ እተኸፍታ እየን።**

# ምዕራፍ 3 - መንበሪ

*ከም ስደተኛ ተቐባልነት ምስረኸብኩም፡ ፈደራላዊ መንግስቲ፡ መንበሪ ገዛ ንኽህበኩም ሓላፍነት ብፍጹም ኣይክህልዎን እዩ። ኣብ ምምሕዳራት ከተማ እትቕመጥሉ ገዛ ንኽትረኽቡ ከተናድዩ ኢኹም ወይ ኣብ ሓበራዊ መንበሪ ኣባይቲ (Gemeinschaftsunterkunft – GU) ክምእትቕመጡ ድማ ይግበር እዩ። ብዛዕባ ከም ተኻራዪ እትቕመጥሉ መንበሪ ዚምልከት ኩሉ ሕቶታት ክምለሰልኩም እንተኾይኑ፡ ሕጋዊ ኩነታትኩም （ፍቓድ መንበሪ） ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ።*
*ናብ ኣፓርትማ ኣብ እትግዕዝሉ እዋንን ከም ተኻራዪ ኣፓርትማ መጠን ከተስተብህልሉ ዘድልየኩም ነገራት፡ ኣብዚ ምዕራፍ ርኸቡ።*

## ጠለባት መንበሪ - ቦታ (Wohnsitzverpflichtung)

ኣዋጅ ምጥያስ 2016 ኣብ ትግባረ ክውዕል ጀሚርሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ብመሰረት ክፋል 25፡ ንኡስ - ክፋል 3 ኣዋጅ መንበሪ (AufenthG)፡ ፍቓድ መንበሪ (Aufenthaltserlaubnis) ዝረኸቡ ሰባት፡ ነቲ ኣብ ጀርመን (Wohnsitzauflage) ክቕመጥሉ ዝደልዩ ቦታ ካብ ሕጂ ንንየ ብናጻ ክውስኑ ኣይክእሉን እዮም።
ብመሰረት ሓድሽ መምርሒታት፡ ፍቓድ መንበሪ ምስ ረኸብኩም ኣብ ዘለዋ ናይ ፈለማ ሰለስተ ዓመታት፡ ነቲ መስርሕ ዑቕባ እናፈጸምኩም ኣብቲ ብፈደረላዊ መንግስቲ እትመደብክሙሉ ቦታ ኽትቕመጡ ኣለኩም። ቅድሚ 6 ነሓሰ 2016 ናብ ካልእ ፈደራላዊ መንግስቲ እንተግዒዝኩም፡ ኣብቲ ዘለኽሙዎ ቦታ ኽትቕመጡ ትኽእሉን ይግብኣኩምን።
ጠለባት መንበሪ - ቦታ፡ ማሕበራዊ መድሕን ዝኽፈሎ እንተወሓደ ኣብ ሰሙን ናይ 15 ሰዓታት ስራሕ ረኺብኩም፡ ጽሩይ ደሞዝ እንተወሓደ 710.00 ትረኽቡ እንተሊኹም፡ ኣብ ሞያዊ ስልጠና ወይ ትምህርቲ እንተሊኹም፡ እዚ ጠለባት መንበሪ - ገዛ ኣይምልከተኩምን እዩ። እቶም ተኣፈፍቲ ጉጅለታት （ንኣብነት፥ ቆልዑን በጽሕታትን፡ ስንኩላን） ዝኣመሰሉ ዝርከቦም ኣብ ሽግር ዘለዉ ሰባት፡ ጠለባት መንበሪ - ቦታ ኣይምልከቶምን እዩ።

ኣብ ርእሲ 'ዚ፡ ብዛዕባ ምሃብ መንበሪ - ገዛ ዚምልከት መምርሒ፡ ካብ 2017 ጀሚሩ፡ ኣብ Saxony-Anhalt ንኽትግበር ተወጢኑ ኣሎ። ብመሰረት 'ዚ መምርሒ 'ዚ፡ ኣብ ገለ ኣውራጃታት ወይ ከተማታት Saxony-Anhalt ኽትቕመጡ ኣለኩም።

## መንበሪ ገዛ

Saxony-Anhalt፡ እቲ ስደተኛታት ዝረኽብዎ ኣፓርትማታት፡ ዘይምእኩል መንበሪ - ቦታ (dezentrale Unterbringung) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ንኺኸውን ጻዕሪ የካይድ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኩነታት ኣባይቲ 'ቲ ቦታ 'ቲ፡ ኣብ ዝመጻእክሙሉ ወይ ድሕሪ ዝመጻእክሙሉ ግዜ ብኡንብኡ መንበሪ ገዛ ኣብ ኣፓርትማ ንኽውሃበኩም ኣየፍቅድን እዩ። ሓበራዊ መንበሪ - ኣባይቲ (Gemeinschaftsunterkünfte – GU) ግን ኣሎ። ኣብ ሓበራዊ መንበሪ - ኣባይቲ፡ ብቐንዱ ማሕበራዊ ክንክንን ንጉዳይኩም ዝከታተል ሰብን ኣለኩም።
ኣብ ናይ ፈለማ ማእከል መቐበሊ፡ መመልከቲ ዑቕባኹም እናተራእየ ከሎ፡ ኣብ ሓበራዊ መንበሪ - ኣባይቲ (GU) መብዛሕቱ ግዜ ገዛ ይውሃበኩም።
ከም ንጽል ሓታቲ ዑቕባ መጠን፡ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከብ ናይ ሓባር ኣፓርትማታት ብቐንዱ ክምእትቕመጡ ይግበር።.



ስድራቤታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ እተፈልየ ኣፓርትማ ክምዝቕመጡ ይግበር።

እቲ መንበሪ - ገዛውቲ ኣብ ኣፓርትማታት እንተኾይኑ፡ ማሕበራዊ መጕዚት፡ ሓገዝ ንኽህብ ኩሉ ግዜ ቅሩብ እዩ።

## ምክራይ ኣፓርትማ

ምሉእ ተቐባልነት ብፍላይ ምስረኸብኩም፡ ናይ ኣፓርትማ ገዛ ባዕልኩም ኽትካረዩ ትኽእሉ ኢኹም። ናብ እተኻረኽሙዎ ኣፓርትማ ኽትግዕዙ መታን ኽትክእሉ፡ ንነዊሕ - ግዜ ዚጸንሕ ክራይ (Mietvertrag)፡ ንኣብነት፥ ምስ ኩባንያ ኣባይቲ ምምሕዳር ከተማ ኽትክትሙ ኣለኩም። ኣብ ናይ ሓባር ገዛ (Wohngemeinschaft – WG) - ንኣብነት ካብ ተማሃሮ - ወይ ካልኦት ውልቃውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ሓደ ክፍሊ ኽትካረዩ ድማ ትኽእሉ ኢኹም።
ንዓኹም ዝሰማማዕ ክፍልታት ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ እትደልይሉ እዋን፡ ትካል ምልውዋጥ ኣባይቲ ንስደተኛታት （Wohnungsbörse für Geflüchtete） ወይ ኣብ ሃገር ምሉእ ዝርከብ መራኸቢ ኣባይቲ ንስደተኛታት （Unterkunftsportal für Geflüchtete） ይሕግዝኹም እዮም።




Mietvertrag = ውዕል ክራይ

**ኣብያተ - ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብያተ - ጽሕፈት ኣባይትን፡ ናይ ገዛእ ርእስኹም ኣፓርትማ ኽትካረዩ ኣብ ዝወጠንክሙሉ እዋን፡ ፈለማ እትረኽብወን ኣብያተ - ጽሕፈት እየን። ጽቡቕ ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን ምስዝህልወኩም ድማ ንማሕበራት ኣባይቲ ወይ ንእትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ብቐጥታ ክትረኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።**

ናብ እተኻረኽሙዎ ኣፓርትማ ባዕልኹም ኣብ እትግዕዝሉ እዋንን ውልቃዊ ውዕል ክራይ ኣብ እትፍርሙሉ እዋንን፡ ንዋጋታትን ዓቐን 'ቲ መንበሪ ገዛን ኣብ ግምት ከተእትዉ ይግብኣኩም።

ከም መምርሒ፣ ቅቡል ዓቐን ዘለዎ ንህዝቢ ብቑዕ ዝኾነ ኣፓርትማታት፣ ክትረኽቡ ኣለኩም። እቲ ውዕል ክራይ፣ ኣብ ርእሲ ክራይ፣ ንመካየዲ ዘድሊ ወጻኢታት (Betriebskosten) ዜጠቓልል ተወሳኺ ወጻኢታት (Nebenkosten) ዜካተተ እዩ። እቲ ተወሳኺ ወጻኢታት፣ ንማይ፣ መሞቒ፣ ጽሬት ገዛን ምእላይ ጐሓፍን ዚኸፈል ወጻኢታት የጠቓልል። ብተወሳኺ፣ ምስ ውልቃውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣብ እትፍጽሙዎ ውዕላት ከተካትትዎ ስለዝግብኣኩም፣ ንወጻኢታት ኤለትሪክን ኢንተርነትን ወይ ናይ ኣየር ፈነወታትን ክሽፍን ኣለዎ።

ንውዕል ክራይ ቅድሚ ምፍራምኩም፣ ንጠቕላላ ወጻኢታት እትቕመጥሉ ኣፓርትማ ብዚምልከት ሓበሬታ ርኸቡ። ናትኩም ኣፓርትማ ንኽትካረዩ እንተደሊኹም፣ ተወሳኺ ምኽርን ደገፍን ንኽትረኽቡ፣ ብኽብረትኩም ኣብ ከባቢኹም ንዘለዋ ኣባያተ-ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ነቑጣታት መወከሲ ተወከሱ።

ኣብ እትግዕዝሉ እዋን፣ ከጋጥመኩም ዚኽእል ገለ ብሮክራስያዊ መዳያት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዜጋታት ምምዝጋብኩም፣ ብዛዕባ'ቲ ዘለኹሙዎ ሓድሽ ኣድራሻ ዚምልከት ንባንክ፣ ኩባንያ መድሕን ወይ ቤት ትምህርቲ ደቅኹም ክትሕብሩ ኣለኩም።

**(!) ከም ተኻረይቲ ስደተኛን መጠን፣ ብዛዕባ ኣባይቲ ዚምልከት ኩሉ መዳያት ሰፊሕ ሓበሬታ ክትረኽቡ እንተደሊኹም፣ ንሕብረ-ቛንቋኣዊ መምርሒ ውዕል ክራይ (Mietleitfaden) ብኽብረትኩም ተጠቐሙሉ። እዚ መምርሒ'ዚ፣ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከብ ዝካረ ኣፓርትማ ብዛዕባ ዝህሉ መነባብሮ ዚምልከት መሰረታውን ተወሳኽን ሓበሬታ ይህብ።.**

## ምርግጋጽ ግቡእ ክሊማዊ ሙቐት ውሽጢ ገዛ

ኣብቲ እትቕመጥዎ ኣፓርትማ ንነዊሕ ግዜ ተሰማሚዕኩም ንኽትነብሩ፣ ግቡእ ኣየርን ሙቐትን ክህልዎ ይግባእ። ስለዚ፣ ንጥዕና ኣብ ሓደጋ ዘብጽሕ ራሕሲ ጥራይ ኣይኮንኩምን ከተወግዱ ዘለኩም። ነቲ ኣፓርትማ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ንኽህሉ ጥንቃቐታት ኽትገብሩ ድማ ኣለኩም። ናብ ካልእ ቦታ ኣብ እትግዕዝሉ እዋን፣ ነቲ ኣፓርትማ ከምቲ ክትካረይዎ ከለኹም ዝነበረ ኩነታት ከተረክቡ ኣለኩም።

ብዛዕባ እኹል ኣየር፣ ሙቐት፣ ምውጋድ ራሕሲ (Lüften, Heizen, Schimmel vermeiden) ኣመልኪቱ ኣብ እተዳለወ ሕብረ-ቛንቋታት መንሹር፣ ንኹሉ ኣገዳሲ መወከሲታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምጉጅጃል ጐሓፍ

ኣብ ጀርመን፣ ጐሓፍ ይምስራሕ እዩ። ስለዚ፣ ኣብ ኩሉ ኣባይትን ሓበራዊ መንበሪ-ኣባይትን ዝርከብ ዘቤታዊ ጐሓፍ፣ ኣብ እተፈላለየ መትሓዚ ጐሓፍ ተፈላልዩ ከምዚ ጐሓፍ ይኸውን። ንኣብነት፥ ኣብ እትቕመጥሉ ኩም፣ ኣየናይ ጐሓፍ፣ ኣብ ኣየናይ መትሓዚ ጐሓፍ ተፈላልዩ ከምዝጉሓፍ ክትፈልጡ ኣለኩም። ብዛዕባ ምፍልላይ ጐሓፍ ዚምልከት ሓጺር መግለጺ፣ ብኽብረትኩም ኣብዚ ቦታ'ዚ ርኸቡ። ▶





## ጽቡቕ ጉርብትና ከምዝህሉ ምግባር

ካብ 10 ድ.ቀ ክሳዕ 6 ቅ.ቀ ክህሉ ንዘለዎ ሕጋዊ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ምኽባር፣ ኣብ ኩሉ ኣባይቲ ግድነታዊ እዩ። መብዛሕቱ ግዜ፣ መምርሒታት ኣባይቲ (Hausordnung) ተባሂሉ ዚጽዋዕ መምርሒ ምስ ውዕል ክራይ ብሓባር ይውሃበኩም። እዚ ድማ ኣብቲ ገዛ ምስዝቕመጡ ኩሎም ሰባት ብጽቡቕ ተሳኒኹም ንእትቕመጥሉ ዚምልከት ሕግታት ይውስን። እዚ ድማ ንስሩዕ ምጽርራይ ናይ ሓባር ቦታታት ከጠቓልል ይኽእል እዩ። ኣብ ንሓድሕድካ ሰላምታ ምልውዋጥ፣ ኣብቲ እትቕመጥሉ ገዛ ጽቡቕ ጉርብትና ንኽህሉ ኣበርክቶ ይህልዎ።




Guten Morgen = ደሓን' ዶ ሓዲርካ

Hallo! = ሰላም !

# ምዕራፍ 4 - ትምህርቲ ጀርመንኛ፣ ምሕያል ምጥያስ

*ምልከት ቋንቋ ጀርመን፡ ናይ ነዊሕ ግዜ ምጥያስ ንኽህሉ  እምነ-ሰረትን ኣብ መዓልታዊ ህይወት ድማ ደገታት ዝኸፍትን እዩ። ኣብ ኵለን ዓበይቲ ከተማታት ከምኡውን ኣብ ንኣሽቱ ሓውሲ-ከተማታት Saxony-Anhalt፡ ጀርመንኛ እትምሃርሉ እተፈላለየ ዕድላት ኣሎ።*
*ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ፡  ከም ስደተኛ መጠን፡ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ምጥያስ ብኸመይ ከምእትምሃሩ ሓበሬታ ትረኽቡን፣ ኣብ Saxony-Anhalt ንእትመሃርዎ ቋንቋ ጀርመን ብዛዕባ ዘሎ ካልእ ዕድላት ዚምልከት ሓበሬታ ትረኽቡን።*

## ብሓገዝ ጀርመንኛ - ብኣዝዩ ቀሊል ኣገባብ ርክብ ምግባርን ጽቡቕ ተሰማሚዕካ ምንባርን

ጀርመንኛ ምርዳእን ምዝራብን፡ ኣብ ጀርመን ንኽትጣየሱ መሰረታዊ ነገር እዩ። ብኻልእ ወገን፡ ጀርመንኛ ምርዳእ፡ ፍረ ዘለዎ ኣለዎ። ጀርመንኛ፡ ወግዓዊ ቋንቋ ናይ'ተን ከም ጀርመን፡ ኦስትርያ፡ በልጅዩም፡ ላግዘምበርግ ከምኡውን ስዊዘርላንድን ሳውዝ ታይሮልን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት እዩ። ኣገዳስነት ሕብረ-ቋንቋታት ኣብ ብዙሕ ዓውድታት መነባብሮ ህዝቢ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ።  ከምኡውን፥ እቶም ናይ ፍልሰት ድሕረ-ባይታ ወይ ተሞክሮ ስደት ዘለዎም ብዙሓት ሰባት፡ ጀርመንኛ ይርድኡን ይዛረቡን እዮም!
ፍልጠት ቋንቋ ጀርመን፡ ንርክብ የሳልጥ። ንዘለኩም ጸገማት

- ብቐጥታ（ንኣብነት፥ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት፡ ንዶክተር፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ）ንኽትገልጹ ከምኡውን ንግዜ ምኽሪ ከምዝሓጽር ኣብ ምግባርን ይሕግዘኩም
- ንእትወስድዎ ስልጠናን ዕድላት ሞያዊ ስራሕን የመሓይሽ
- ኣብ ተርጎምቲ ቋንቋ ከምዘይትድገፉ ይገብረኩም
- ንኣብነት፥ ኣብ እትቕመጥዎ ኮም ወይ ገዛ ብሓባር ኣብ ዝጥቀም ኮም፡ ከም ኣስተርጎሚ ብምስራሕ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ምስጉን ስራሕ ንኽትሰርሑ የኽእለኩም

## ትምህርታት ምጥያስ ምርካብን ምውሳድን

ኣብ Saxony-Anhalt፡ ልክዕ ከምቲ ኣብ መላእ ፌደራላዊ ግዝኣት ዘሎ፡  ክእለት ቋንቋ ጀርመን ከምኡውን ኣብ ጀርመን ዘሎ ሕጋዊ ስርዓት፡ ባህልን ታሪኽን ንምሕያል፡ ትምህርታት ምጥያስ（Integrationskurse）ይውሃብ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ነፍስወከፍ ስደተኛን ሓታቲ ዑቕባን፡ እቲ ዘድልዮ ፍልጠት ንኽረክብ ትጽቢት ይግበረሉ እዩ።

ትምህርታት ምጥያስ፡ ንዂሎም ስደተኛታት ብኡንብኡ ክፉት ኣይከውንን እዩ። ተፈላጥነት ዝረኸበ ስደተኛ ብምዃንኩም፡ ኣብ ትምህርታት ምጥያስ ንኽትሳተፉ መሰል ኣለኩም። ብተወሳኺ፡ እቶም ካብ ሶርያ፡ ኢራን፡ ዒራቕ፡ ኤርትራን ሶማልያን ዝመጹ ሓተትቲ ዑቕባ፡ መስርሕ ዑቕባ እናኣካየዱ ከለው፡ እዚ ትምህርታት ንኽወስዱ ክፉት እዩ። እቶም ተፈላጥነት ዝረኸቡ ስደተኛታት፣ ካብ 2017 ጀሚሩ ድማ ፍቓድ መንበሪ ንኽረኽቡ ጽቡቕ ዕድላት ዘለዎም ሓተትቲ ዑቕባ፣ ብመሰረት ክፍሊ 60ሀ፡ ንኡስ-ክፋል  2፡ ዓረፍተ-ነገር 3 ኣዋጅ መንበሪ (AufenthG) ፍቓድ መንበሪ ዝረኸቡ ብትዕግስቲ ዝእለዩ ስደተኛታት ከምኡውን ብመሰረት ክፍሊ 25፡ ንኡስ-ክፋል  5 ኣዋጅ መንበሪ፡ ፍቓድ መንበሪ ዝረኸቡ ሰባት፡ ትምህርቲ ምጥያስ ክወስዱ ይግደዱ እዮም። ኣብቲ ዘለውዎ ቦታ፡ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ይምሃሩ።





▶ ኣብዚ ትምህርቲ ምጥያስ ንኽትሳተፉ ብዛዕባ ዘድሊ ጠለባት ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንጽሑፍ ሓበሬታ ትምህርቲ ምጥያስ BAMF (Merkblatt zum Integrationskurs) ብኽብረትኩም ተወከሱ።

ነፍስወከፍ ትምህርቲ ምጥያስ፡ ንትምህርቲ ቋንቋን ትምህርቲ ውህደትን ዜጠቓልል ኮይኑ፡ ብገምጋም ድማ ጠቕላላ ካብ 600-900 ሰዓታት ይወስድ። ደረጃ ምዝርራብ GER A2-B1（ኣብ መባእታውን ማእከላይ ደረጃን እተጠርየ ክእለት ቋንቋ）ዝፍትን ወግዓዊ ፈተና ቋንቋ ብምውሳድ፡ ትምህርቲ ምጥያስ ይውዳእ።

▶ ኣብ ቀረባኹም ብዛዕባ ዝርከብ ወሃቢ ትምህርታት ምጥያስ ዚምልከት ኣብዚ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ▶




Ich - Du - Wir = ኣነ - ንስኻ - ንሕና

## ኣብ ትምህርቲ ምጥያስ ምምዝጋብ

ከም ክፋል'ቲ ትምህርቲ ምጥያስ፡ ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ክትሳተፉ መታን ኽትክእሉ፡ ኣብ ትምህርቲ ምጥያስ (Antrag auf die Zulassung zu einem Integrationskurs) ንኽትኣትዉ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈደራላዊ መንግስቲ (BAMF). መመልከቲ ከተእትዉ ኣለኩም። እቲ ዘድሊ ቅጥዒ መመልከቲ፡ ኣብዚ ይርከብ። ▶
ኣብቲ ብቤት ጽሕፈት ፈደራላዊ መንግስቲ ዚውሃብ ትምህርቲ ምጥያስ ተቐባልነት（ወረቐት ፍቓድ）ኣብ ዝረኸብክሙሉ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ነቲ ትምህርቲ ዚህብ ትካል ክትመርጹን ኣብ ትምህርቲ ቋንቋ ድማ ኽትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም። ብመገዲ ቤት-ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ወይ ኣብ ቦታኹም ዚርከብ ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ስደተኛታት ኣቢልኩም፡ ነቶም ትምህርቲ ዝህቡ ትካላትን ኣብ ከባቢኹም ዝውሃብ ዘሎ ትምህርትን ብዚምልከት ኣብ ቀጥታዊ መርበብ-ሓበሬታ "Kursnet" ፈደራላዊ ወኪል ሸቕለት ትረኽቡ ኢኹም።

እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል ኣብ ከባቢኹም ካብ ዝረኸብክምሉ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ኣብቲ ቦታ ኣብ ዚውሃብ ትምህርቲ ቛንቋ ተመዝገቡን እተዋህበኩም ወረቐት ፍቓድ ኣረክቡን። እቲ ትምህርቲ ዝህብ ትካል፡ ንመመደቢ ፈተና (Einstufungstest) ብምጥቃም ክእለት ቛንቋኹም ይግምግምን እቲ ንዓኹም ዝሰማማዕ ትምህርቲ ይመርጸልኩምን።

## ትምህርታት ምጥያስ ንኽትወስዱ መሰል ዘይብልኩም ክነስኹም፡ ኣብ ትምህርቲ ቛንቋ እትረኽብዎ ኣገልግሎት

ካብ 2017 ጀሚሩ፡ Saxony-Anhalt፡ ነቶም ኣብ ትምህርቲ ምጥያስ ንኽሳተፉ መሰል ንዘይብሎም ስደተኛታት፡ ትምህርቲ ቛንቋ ንኽህብ መደብ ኣውጺኡ ይርከብ። ኣብዚ ትምህርታት'ዚ፡ ክሳዕ A2 ዝዓይነቱ ደረጃ ብቕዓት ቛንቋ ዚበጽሕ ክእለት ቛንቋ ጀርመን ክትረኽቡን ፈተና ብምውሳድ ድማ ነቲ ትምህርቲ ክትውድኡን ትኽእሉ። ብመሰረት'ዚ፡ ምስ ስራሕ ኣብ ዝተኣሳሰር ተወሳኺ ትምህርታት ቛንቋ ጀርመን ንኽትሳተፉ ኽትክእሉ ኢኹም።

## ኣብ ክበባት ትምህርትን ኮርሳት ምዝርራብን እትወስድዎ ቛንቋ ጀርመን

ኣብ ትምህርቲ ቛንቋን ምጥያስን ከይተሳተፍኩም፡ ኣብ Saxony-Anhalt ጀርመንኛ እትምሃርሉ ብዙሕ ዕድላት ኣለኩም። ነዚ ዕላማ ዚውዕል ድማ ኣብ ብዙሕ ቦታታት፡ ትሑት - ዝደረጀኡ ዕድላት ትምህርቲ ተባሂሉ ዚጽዋዕ ኣሎ። እቶም ዳርጋ ምንም ጀርመንኛ ዘይወሰዱ ሰባት ዚውሃብን መብዛሕቱ ግዜ ንምዝርራብ ቀዳምነት ዝህብን ትምህርታት ቛንቋ ወይ ክበባት ትምህርቲ ቛንቛ (Sprachlerntreffs) ኣሎ። ብኽፊል ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ ዚህብ ኣብ ደቀኣንስትዮ ዘተኮረ ፍሉይ ትምህርታት ድማ ኣሎ።



ከምዚ ዝበለ ትምህርታት  ቛንቋን ክበባት ትምህርትን፡ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ዝውሃብ ኮይኑ፣ መብዛሕቱ ግዜ፡ በቶም ኣብ ካፈታት ቛንቋ ወይ ክበባት መርሓባ ንስደተኛታት ክሕግዙ ዝደልዩ ደቀባት ተዛረብቲ ቛንቋ ዚካየድ እዩ። ከም ኣማራጺ፡ ኣብ ቦታኹም፡ ንኣብነት፥ ኣብ ተበግሶታት መርሓባ ብዛዕባ ዘሎ ዕድላት ዚምልከት ሕተቱ።

ዓበይቲ፡ ትምህርቲ ጀርመንኛ ኣብ ዝህባ  ኣብ መላእ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከባ ኣብያተ - ትምህርቲ ቛንቋን ትምህርታዊ ትካላትን（ንኣብነት፥ ኮማዊ ኮሌጃት [Volkshochschulen] ከምኡውን ማሕበር ትምህርቲ ኤውሮጳ [Europäisches Bildungswerk]）ኪመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ዓይነታት ትምህርትን ዝኽፈል ክፍሊታትን ዚምልከት፡ ነቲ ኣብ ከባቢኹም ትካል ትምህርቲ ብቐጥታ ሕተቱ።

ንቖልዑ ድማ ኣብቲ ብቐጻሊ ጀርመንኛ ምስ ዝዛረቡ መዛንኦም ኣብ መዘናግዒ ግዜ እናተጻወቱ ዝምሃርዎ ትምህርቲ ንኺኸውን ብፍሉይ ለበዋ ይቐርብ።





**ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከባ ገለ ምምሕዳራት ከተማ፡ ፍቓድ መንበሪ ይሃልዎም ኣይሃልዎም ብዘየገድስ፡ ኣፍልጦ ቛንቋ ጀርመን ኣብ ስደተኛታት ንኽዕቢ ብፍላይ ይሰርሓ። ገለ ካብዚ ትምህርታት'ዚ፡ ገንዘብ ዝኽፈሎ እዩ። እቲ ዚኽፈል ክፍሊታት፡ ገለ ክፋሉ ብቮውቸር ትምህርቲ (Bildungsgutschein) ኪሽፈን ይከኣል እዩ። ብዛዕባ'ዚ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ ኣብቲ እትቕመጥሉ ዝርከብ ማእከል ምንዳይ ስራሕ ሕተቱ።**

## ጀርመንኛ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ምጽናዕ

እቶም ባዕሎምን ኣብ ተንቀሳቓሲ ተሌፎኖምን ጀርመንኛ ክጽንዑ ዝደልዩ ሰባት፡ ነቲ ብመርበብ - ሓበሬታ ዝውሃብ ብዙሕ ትምህርታት ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም።

- መምሃሪ ቛንቋ ዚኾነ ኣፕሊኬሽን „Einstieg Deutsch“፡ ኣብ መዓልቲ መነባብሮ፡ ንኣብነት፡ ከም "ሕክምናዊ ምብጻሓት" ወይ "ምብጻሕ ሰብ - መዝታት" ዝኣመሰል ትምህርታት ኣብ ዜገድስ ቛንቋ ጀርመን ዜተኮረ ስልጠና ቛንቋ ይህብ። እዚ ናጻ ኣፕሊኬሽን（ንiOS ከምኡውን ንኣንድሮይድ）፡ ብትሽዓተ ቐንቋታት ዝርከብ ኮይኑ፣ እቶም ዕድላት ትምህርቲ ምጥያስ ወይ ጀርመንኛ ዘይረኸቡን ጀርመንኛ ድማ ብተንቀሳቓሲ ተሌፎን ክለማመዱን ክመሃሩን ዝደልዩን ሰባት ብፍላይ ዚሰማማዕ እዩ።
- እቲ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ዚምህር መርበብ - ሓበሬታ Ich will Deutsch lernen፡ ኣብ ደረጃታት A1ክሳዕ B2 ንዝርከቡ ጀመርትን ላዕለዋይ ደረጃ ዘለዎም ሰባትን ዚኸውን ዲጂታላዊ ትምህርቲ ምጥያስ ይህብ። ጀርመንኛ፡ ቛንቋ ስራሕን ሞያን ከም ምኺኑ መጠን፡ ኣብ 30 ኩነታት ድማ ክትምሃርዎን ከተማዕልዎን ትኽእሉ። እዚ ናጻ ትምህርቲ፡ ን16 ቛንቋታት ይውሃብ።
- ብጸወታ እትምሃርሉ መምሃሪ ቛንቋ Lern Deutsch – die Stadt der Wörter፡ ብስእልታት፡ ድምጽን ኣብነታት ዓረፍተ - ነገራትን እተሰነየ ኣዩ። ኣብቲ iOSን ኣንድሮይድን እተዳለወ ኣፕሊኬሽን ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ክትሰምዕዎ ትኽእሉ፣ ብእንግሊዝኛን ብዓረብኛን ድማ ተዳልዩ ይርከብ።
- ናይ ስእልን ድምጽን መዝገበ - ቃላት ARD (Bild- und Audiowörterbuch der ARD)፡ ሓተትቲ ዑቕባን ሓገዝቶምን ኣብቲ መዓልታዊ ህይወት ንዝገብርዎ ርክብ ብዝበለጸ የሳልጥ። እቲ መዝገበ - ቃላት፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ህይወት ዜተኮረ ብ17 ምዕራፋት እተዳለወ እዩ።
- እቲ ብግብራዊ እትምሃረሉ ኣብነታት ትምህርቲ ቛንቋ ዘለዎ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ናይ ዓረብኛ - ጀርመንኛ / ጀርመንኛ - ዓረብኛ መዝገበ - ቃላት፡ ብኩባንያ ማሕተም Langenscheidt ዚውሃብ እዩ።
- ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ዚምህር  ብDeutsche Welle  እተዳለወ መምሃሪ ጀርመንኛ፡ ንመባእታዊ ደረጃ ቛንቋ ጀርመን ይምህር።

▶ ብዛዕባ ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ሓጺር መግለጺ መምርሒ ቛንቋ ጀርመን ዚምልከት ኣብዚ ርኸቡ። ▶

ብፍላይ ኣብ ቆልዑ ዜተኮረ ትምህርቲ ቛንቋ፡ ኣብ illustratorenfuerflüchtlinge.de ብቐጥታ ክትረኽብዎ እትኽእሉ፡ ናጻን ባህ ዘብልን ብሰኣልቲ እተዳለወ ሕብሪ ዝልከየሉ ስእልታት ኣለዎ።

# ምዕራፍ 5 - ዕዳጋ ዕዮን ስልጠናን

*ኣብዚ ምምሕዳር ከተማ መጺእኩም ኣለኹም፣ ከምኡውን እቲ መስርሕ ዑቕባኹም፡ ክሳዕ ሕጂ ኣይተወድኤን ዘሎ። እንተኾነ ግን፡ ቀልጢፍኩም ስራሕ ኽትቚጸሩ ወይ ብስልጠና ሞያ ኽትረኽቡ ትደልዩ ኣለኹም።*
*ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ፡ ኣብ ስራሕን ስልጠናን ብዛዕባ እትወስድዎ ናይ ፈለማ ስጉምታት፣ እቲ ናብ ሞያዊ ስልጠና ዝወስደኩም ሞያዊ ጠለባት ብኸመይ ከምእተማዕብሉን ከምኡውን ምጥያስ ኣብ ስራሕ ብፍላይ ንስደተኛታት ብኸመይ ከምዝካየድን ብዚምልከት ዝሕግዝኹም ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከቡ ሰብ - መዝታትን ኣገልግሎታትን በዓል መን ምኻኖም ክትረኽቡ ኢኹም።*

## ስራሕን ስልጠናን፡ ንዓኹም ዘገድሰሉ ምኽንያት እንታይ እዩ

ኣብ ርእሲ ብቕዓት ቛንቋ፡ ዕዮ（ስራሕ）ከምኡውን ስልጠና፡ ኣብ ማሕበራዊ ምጥያስ ቀንዲ ነገር እዩ። ብመገዲ ስራሕ ወይ ስልጠና፡ ከምዚ ዚስዕብ ይኸውን፥

- ንነዊሕ - ዝጸንሕ ፍቓድ መንበሪ ኣብ ጀርመን እትረኽብሉ ዕድላት ይውስኽ
- ቁጠባዊ ናጽነት፡ ርእሰ - ምርኮሳን ውልቃዊ ዕጋበትን ንኽትረኽቡ ትኽእሉ
- ነቲ ኣብ ነዊሕ - ግዜ እትረኽብዎ ትምህርቲ ብቕዓትን ባዕልኹም እትቆጻጸርዎ መዓልታዊ ህይወትን ከምዝድንፍዕ ይገብር
- ዝያዳ ማሕበራዊ ተሳታፍነት ይህልወኩም
- ኣብ መድሕን ሽቕለት ኣልቦን መልዕሎን ብዚምልከት ንእተቕርብዎ ጠለባት ብእወታ ይጸልዉ

## ንጡፍ ተሳታፍነት ኣብ ስራሕን ስልጠናን

ኣብ ስራሕ ወይ ስልጠና ንኽትጣየሱ ደገፍ ዝህብ ፍሉይ ኣገልግሎታት ሞያዊ ምኽሪ፡ ኣፍልጦን ብቕዓትን፡ ኣብ ኩሉ ቦታታት Saxony-Anhalt ይውሃብ እዩ።

እዚ ዚስዕብ ድማ ኣገዳሲ እዩ፥

- ኣብ ስራሕን ብቕዓትን ብዛዕባ እትወስድዎ  ናይ ፈለማ ስጉምትታት፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ብንጥፈት ዕየዩ። እዚ ድማ ኣብ Saxony-Anhalt ንዝርከብ ዞባዊ ዕዳጋ ዕዮ ብዚምልከት ንኽትፈልጡን ንሞያኹም ብክውንነታዊ መገዲ ክትሕንጽጹ ኽትክእሉን፡ ንማእከላት ምኽሪ ምብጻሕ ምግባር ወይ ዕድል ስራሕ ምንዳይ ከጠቓልል ይኽእል።

- ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ  እተዋህበ ብዝሒ ዕድላት ፈትሹን ካብቶም ኣብ ዕዳጋ ዕዮን ስልጠናን ደገፎም ዝህቡ ኣካላት ድማ ሓገዝ ተቐበሉን። ናትኩም ጻዕርታትን ኣብ ዕዮ፡ ስልጠና ወይ ትምህርቲ ምስታፍን፡ ኩሉ ግዜ፡ ነቲ እትገብርዎ መስርሕ ምጥያስ ብዓቢ ደረጃ የሐይሎ እዩ።





## ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ዚውሰድ ናይ ፈለማ ስጉምታት

ኣብ Saxony-Anhaltን ፈደራላዊ ግዝኣትን፡ ሞያ ከተዕብዩ ወይ ከተጥርዩ ዘለኩም ተኽእሎታት፡ ብቐንዱ ኣብቲ ዘለኩም ፍቓድ መንበሪ（ሕጋዊ ኩነታት）ዚሙርኮስ እዩ።

- ዑቕባ ንኽትረኽቡ መሰል ዘለኩም እንተኾንኩም ወይ ፍቓድ መንበሪ ተዋሂብዎ ተቐባልነት ዝረኸበ ስደተኛ እንተኾንኩም፡ እትርብሕሉ ስራሕ ንኽትረኽቡ ምሉእ ብምሉእ ይፍቀደልኩም እዩ። ስለዚ፡ ሰራሕተኛ ኴንኩም ክትሰርሑ ወይ ድማ ባዕልኹም ኣብ እተካይድዎ ንጥፈት ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም። ብመሰረት SGB II፡ ኣብ ማእከላት ስራሕ፡ ሓገዝ ምደባ - ስራሕን ልኡም መንግስታዊ ደገፋትን ትረኽቡ ኢኹም።
- ኣብ ፈደራላዊ ግዝኣት፡ ብሕጋዊ መገዲ ንኣርባዕተ ዓመታት ክትቕመጡ እንተጸኒሕኩም፡ ብትዕግስቲ እትተሓዙ ስደተኛ ከም ምኻንኩም መጠን፡ ምስ ትካል ሽቕለት ብዘይምስምማዕ ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ባዕልኩም ስራሕ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ማዕቀብ ጥርዝያ ዝምልከተኩም እንተኾይኑ፡ ክፋት ስራሕ እንተልዩ ንምሕታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ውጻእተኛታት መመልከቲ ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፡ ካብ ትካል ሽቕለት፡ እቲ ዘድሊ ፍቓድ ምስረኸበ፡ ፍቓድ ስራሕ (Arbeitserlaubnis). ንኽውሃበኩም ይውስን።



## ወግዓዊ ጠለባት

### ፍቓድ ስራሕ (Arbeitserlaubnis ወይ Beschäftigungerlaubnis)

ኣብ Saxony-Anhalt ክትሰርሑ ንኽትክእሉ፣ ፍቓድ ስራሕ（Arbeitserlaubnis ወይ Beschäftigungerlaubnis）ክህልወኩም የድሊ እዩ።
ከም ስደተኛ ተቐባልነት ዝረኸብኩም እንተዀንኩምን ብሰብኣዊ ወይ ፖሎቲካዊ ምኽንያታት ድማ ፍቓድ መንበሪ ዝረኸበኩም እንተዀንኩምን፣ እቲ ሰነዳት መንነትኩም፣ "ክሰርሕ ይፍቀደሉ（Beschäftigung gestattet）" ወይ "ዘርብሖ ስራሕ ክሰርሕ ይፍቀደሉ（Erwerbstätigkeit gestattet）" ዚብል ጽሑፍ እንተልይዎ፣ ዝኾነ ስራሕ ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም

ንኽትቕመጡ እተፈቕደልኩም ሓታቲ ዑቕባ（Aufenthaltsgestattung）ወይ ብትዕግስቲ ዝእለ ስደተኛ（Duldung）እንተዀንኩም፣ ነዚ ዚስዕብ ሕጋዊ መምርሒታት ብጥንቃቐ ክትርእዩ ኣለኩም፥

1) ከም ሓታቲ ዑቕባ ፈለማ ምስተመዝገብኩም፣ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ኣዋርሕ፣ ፍቓድ ስራሕ (Arbeitserlaubnis) ክውሃበኩም እዩ።
2) ፍቓድ ስራሕ ንኽውሃበኩም፣ ካብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ፍቓድ ክትረኽቡ የድልየኩም። ፍቓድ ስራሕ ንምርካብ፣ ኣብቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት መመልከቲ ኪቐርብ ኣለዎ። እቲ ፍቓድ ስራሕ ኣብ እተዋህበሉ እዋን፣ "ብፍቓድ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፣ ዘርብሖ ስራሕ ጥራይ ንኽሰርሕ ተፈቒድሉ ዚብል ጽሑፍ ("Erwerbstätigkeit nur mit Genehmigung der Ausländer-behörde gestattet")፣ ኣብቲ ፍቓድ መንበሪ ወይ Duldung ክምዚሕበር ኪኸውን እዩ።
3) ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፣ ንጉዳያት በብውልቂ ብምርኣይ፣ ፍቓድ ክውሃበኩም ኣለዎ ድዩ፣ የብሉን ይውስን። መረጋገጺ ናይቲ ስራሕ ዝህበኩም ኣስራሒ እንተልይኩም ድማ ይርኢ። ኣብ ርእሲ'ዚ ፍቓድ'ዚ ድማ ወኪል ሸቕለት፣ ክሰማማዕ ኣለዎ። ፍቓድ ወኪል ሸቕለት ባዕልኹም ኽትሓትሉ ኣየድልየኩምን እዩ። እዚ ፍቓድ'ዚ፣ ብመገዲ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ይርከብ። ኣብ ፈደራላዊ ግዝኣት ኣርባዕተ ዓመታት ምስተቐመጥኩም፣ እዚ ፍቓድ'ዚ ካብ ወኪል ሸቕለት ክውሃበኩም ኣየድልይን እዩ።
4) ወኪል ሸቕለት፣ እቲ እትሰርሕሉ ቦታ ንሕጋዊ ጠለባት ዜማልእ እንተኾይኑ ከረጋግጽ እዩ። ማሃያኹምን ኲነታት ስራሕኩምን፣ ካብቲ ጀርመናውያን ሰራሕተኛታት ንታሕቲ ኪኸውን የብሉን።

እቲ ዝወሰድክሙዎ ናይ ፈለማ ስጉምታት፣ ጽቡቕ እንተኸይዱ፣ ንኽትቕመጡ ፍቓድ ወይ Duldung ብምርካብ ክትሰርሑ ትኽእሉ ኢኹም። ንኣብነት፥ ከም ግዝያዊ ሰራሕተኛ（ግዝያዊ ስራሕ）፣ ስራሕ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ስራሕ ከምዘይብልኩም (arbeitssuchend melden) ድማ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ወኪል ሸቕለት ክተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ወኪል ሸቕለት፣ ሓገዝን ምኽርን ንኽህበኩም፣ ክትውከስዎ እትኽእሉ መሻርኽቲ እዩ።





**ፍቓድ መንበሪ (Aufenthaltsgestattung) እንተረኺብኩም፣ ስራሕ ኣብ እትኣትውሉ ወይ ስልጠና ኣብ እትወስድሉ እዋን፣ ፍሉይ ዝኾነ ፍቓድ መንበሪ ክውሃበኩም ግዴታ የለን። ትሰርሑ እንተሊኹም ወይ ስልጠና እትወስዱ እንተሊኹም፣ ነቲ ዘቕረብክሙዎ መመልከቲ ዑቕባ ኣይጸልዎን እዩ።**
**Duldung እንተልይኩም፣ እሞ ኸኣ ክተናውሕዎ እንተደሊኹም ወይ ሕጋዊ ፍቓድ መንበሪ ክትረኽቡ እንተዀንኩም፣ ስራሕ ክትሰርሑ ኣለኩም።**

### ድሩት ፍቓድ ስራሕን ማዕቀብ ዕዮን

ከምዚ ዚስዕብ እንተዀንኩም፣ ከምቲ ኣብ መላእ ፈደራላዊ ግዝኣት ክትሰርሑ ዘይትኽእሉ፣ ኣብ Saxony-Anhalt ንኽትሰርሑ ድማ ኣይፍቀደልኩምን እዩ፥

- ኣብ ናይ ፈለማ ማእከል መቐበሊ (LAE) ትቕመጡ እንተሊኹም፣ LAE - ጠለባት መንበሪ፣ ንሽዱሽተ ሳምንታት ዚጸንሕ ኮይኑ፣ እንተበዝሐ ድማ ክሳዕ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኪናዋሕ ይኽእል።
- ውሑሳት ካብ ዝብሃላ መበቆል ሃገራት（ኣባላት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት፣ ኣልባንያ፣ ቦዝንያን ሄርዞጎቪናን፣ ጋና፣ ኮሶቮ፣ መቀዶንያ፣ ሞንተነግሮ፣ ሰኔጋል፣ ሰርብያ）ዝመጻእኩምን ቅድሚ 31 ነሓሰ 2015 ድማ መመልከቲ ዑቕባ ዘቕረብኩም እንተዀንኩም።
- ብዛዕባ መንነትኩም ወይ ዜግነትኩም እንተኣታሊልኩም።

**ማዕቐብ ዕዮ እንተተዋሂቡ፣ "ዝረብሓሉ ስራሕ ንኽሰርሕ ኣይፍቀደሉን" (Erwerbstätigkeit nicht gestattet) ዝብል ጽሑፍ፣ ኣብ ሰነዳት መንበሪኡ ይሕበር። ብዛዕባ መሰል ፍቓድ መንበሪ（ንኣብነት፥ ብዛዕባ ፍቓድ ስራሕ）ዚምልከት ዝኾነ ሕቶታት እንተልይኩም፣ ብኽብረትኩም ነቲ ዝምልከቶ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ተወከሱ።**

### ገምጋም ናይቲ ኣብ ወጻኢ እተረኽበ ተዛማዲ ሞያዊ ብቕዓት

ብዙሕ ሞያታት፣ እቲ እተረኽበ ትምህርቲ ተቐባልነት ምስረኸበ ጥራይ'ዩ ኣብ ጀርመን ክስርሓሉ ዝኽእል። ቍጽጽር ዚግበረሉ ሞያታት (reglementierte Berufe)፣ ንኣብነት ዶክተራት፣ ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ፣ ነርሳት ወይ መምሃራን እዩ። ኣብቲ ዘጥረኽሙዎ ሞያ ምስራሕ ንኽትክእሉ፣ እቲ ኣብ ወጻኢ ዝረኸብክሙዎ ሞያዊ ብቕዓት ተቐባልነት ክረክብ የድልዮ እዩ። ቍጽጽር ዘይግበረሉ ሞያታት ምስዝህልወኩም ድማ ኣስራሒ፣ እቲ ኣብ ወጻኢ ዘጥረኽሙዎ ብቕዓት ምስቲ ክስርሖ ደልዩ ዘሎ ጠላባት ስራሕ ዚኸይድ እንተኾይኑ ክውስን ይኽእል እዩ። መረጋገጺ ወግዓዊ ብቕዓት ዘይብልኩምን እቲ ዘድሊ ዲፕሎማታት ወይ መሰኻኽር ወረቓቕቲ ከተቕርቡ ምስዘይትኽእሉን፣ ኣብ ሞያዊ ዓውድታት ብቑዕ ስራሕ ንኽትረኽቡ ኣጸጋሚ ይገብሮ።




Ausbildung = ትምህርቲ

ኣብ መበቆል ሃገርኩም ሰሪሕኩም እትፈልጡ እንተኾይንኩም ወይ ሞያዊ ብቕዓትን ተሞክሮን ዘጥረኹም እንተኾይንኩም፡ እቲ ዘለኩም ትምህርታውን ሞያውን ብቕዓትኩም ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ከተገምግሙዎን በቶም ዝምልከቶም ሰብ-መዚ ተፈላጥነት ከምዝረክብ ኽትገብሩን ይግባእ። እዚ ድማ ስሉጥ ሞያዊ ምጥያስ ንኽኾነልኩም ንዘሎ ዕድላት ከምዚውስኽ ይገብሮ።

**! ዘለኩም ሞያዊ ብቕዓት ትፈልጥዎ እንተኾይንኩምን መረጋገጺ ከተቕርቡ እንተኽኢልኩምን፡ ብSaxony-Anhalt ዝርከቡ ኣስራሕትን ኩባንያታትን፡ ኣብ ሓደ ፍሉይ ስራሕ ዘለኩም ተኽእሎ ብዝበለጸ ይግምግሙ።**

እቲ ዘለኩም ኩነታት ኢሚግሬሽንን ዜግነትን ብዘየገድስ፡ ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን፡ ብመትከል፡ ንዘለኩም ሞያዊ ብቕዓት ተፈላጥነት ንኽረኽብ መመልከቲ ኽተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ ግን፡ ተፈላጥነት ናይቲ ኣብ ወጻኢ እተጠርየ ሞያዊ ብቕዓት ምርካብኩም፡ ኣብ ጀርመን ንኽትሰርሑ ብቐጥታ ይፍቀደልኩም ማለት ግን ኣይኮነን። እቲ ኣብ ላዕሊ እተዘርዘረ ተወሳኺ ጠለባት፡ ፍቓድ ስራሕ ንምርካብ ድማ ኪማላእ ኣለዎ።

ተፈላጥነት ሞያዊ ብቕዓት ንምርካብ ዝኽፈል ክፍሊት መመልከቲ፡ ሓያሎ ኣማኢት ዩሮ ኪበጽሕ ተኽእሎ ኣለዎ። ሰነዳት፡ መሰኻኽር ወረቐት ንምሃብ（ንምትርጓም）፡ ንወጻኢታት መጓዓዝያ ወይ ንትምህርትታት ቛንቛ፥ ተወሳኺ ወጻኢታት ንኸተውጽኡ ድማ ኺገብር ይኽእል እዩ።

**! ተፈላጥነት ሞያዊ ብቕዓት ምርካብ፡ ኣብ ሞያዊ ምጥያስ ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ንምርኣይ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ንዝርከብ ብዛዕባ ኣብ ጀርመን ተፈላጥነት ሞያዊ ብቕዓት ምርካብ （Anerkennung in Deutschland） ዚምልከት ቪድዮ ተዓዘቡ።**

## ተፈላጥነት ሞያዊ ብቕዓት ንምርካብ ዚውሃብ ሓገዝ

ኣብ ወጻኢ ንዘጥረኽሙዎ ሞያዊ ብቕዓት ዚግበር ገምጋም ብዚምልከት፡ እቶም ተፈላጥነት ክረኽቡ ዝሓቱ ሰባት፡ ንሞያኦም ተፈላጥነት ናብ ዝህብ ቤት ጽሕፈት ከመልከቱ ኣለዎም። ብመገዲ ኣብ ጀርመን ዝርከብ ተፈላጥነት ዚህብ ትካል (Anerkennung in Deutschland) ከምኡውን መናደዪ 'ተፈላጥነት' ኣቢልኩም መስርሕ ተፈላጥነት ዘካይድ ቤት ጽሕፈት መን ምዃኑ ክትፈልጡ ትኽእሉ።

ቤት ጽሕፈት ምኽሪ ተፈላጥነት መርበብ IQ "ምጥያስ ብዘለካ ብቕዓት - IQ"፡ ነቲ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ንምርካብን ንመስርሕ ተፈላጥነት ንምድላውን ደገፍን ምኽርን ይህብ። ከምዚ ዚስዕብ እንተደሊኹም፡ ብኽብረትኩም ንቤት ጽሕፈት ምኽሪ ተፈላጥነት ተወከሱ፥

- መስርሕ ተፈላጥነት ንዓኹም ክሳዕ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑን ምኽንያቱን ክትፈልጡ ትደልዩ እንተኾይንኩም
- ውልቃዊ ምኽርን ሓገዝን ተፈላጥነት ክትረኽቡ ትደልዩ እንተኾይንኩም
- ሞያዊ ተፈላጥነት ንኽትረኽቡ መመልከቲታት ኣብ ምድላው ደገፍ ዘድልየኩም እንተኾይኑ
- ዝጠፍኤ ወይ ከፊላዊ ተፈላጥነት ክረክብ ዘድልዮ ዲፕሎማታት ምስዝህሉ፡ ብዛዕባ ተኽእሎታት ብቕዓት ዚምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ እንተደሊኹም





**! ንዘለኩም ብቕዓት፡ ሞያዊ ተፈላጥነት እትረኽብሉ ዚምልከት ሓበሬታ፡ ብመገዲ ሕብረ-ቛንቋታት ኣፕሊኬሽን（6 ናይ ወጻኢ ቛንቋታት） Anerkennung in Deutschland ኣቢልካ ይርከብ እዩ።**

## ኣብ ጀርመን ብዛዕባ ዘሎ ቦታ ስራሕ ዚምልከት ኣፍልጦ ምርካብ

ኣብቲ እትቕመጥሉ ዘለኩም ምምሕዳር ከተማ ምስ በጻሕኩም፡ ሕጋዊ ዕድመ ኣቲኹሙዎ ከለኹም፡ ግዱድ ትምህርቲ ክትምሃሩ ዘየድልየኩም ምስዘይከውን፡ ኣብ ስራሕን ሸቕለትን ንኽትነጥፉ፡ ንዘሎ ኩሉ ዕድላት ክትጥቀሙ ይግባእ።
ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ፡ ብስጉምትታት ምጥያስ ስደተኛታት (Flüchtlingsintegrationsmaßnahmen – FIM) ንኽትርብሑ ንዘሎ ተኽእሎ ተጠቐሙ። ዕድላት ስራሕ (Arbeitsgelegenheiten) ኣሎ፣ ንሱ ድማ ኣብ ዘይ-መኽሰባዊ ስራሕ ዝርከብ ዓይነት ሸቕለት እዩ። እዚ ድማ ኣብ ማሕበራውን ሞያውን ብፍሉይ ንኽትጣየሱ ይገብር። ዕድሜኹም እንተወሓደ 18 ዓመት እንተኾይኑ፡ ካብ ውሑሳት ዝብሃላ መበቆል ሃገራት ዝመጻእኩም እንተዘይኰንኩም፡ ነቲ እተዋህበኩም ከምዚ ዝኣመሰል ዕድል ክትጥቀሙሉ ኣለኩም። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ኣብ ከባቢኹም ብዛዕባ ዘሎ ዕዳጋ ዕዮ ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ክትፈልጡ ትኽእሉ።



**! እቲ ዝውሰድ ስጉምትታት ምጥያስ ስደተኛታት፡ ከም ናይ ምሉእ ግዜ ስራሕ ኣየገልግልን እዩ። ሸቕለት ንምድራዕ ተባሂሉ ኣብ ቛንቛ ወይ ትምህርቲ ምጥያስ ዝህልወኩም ተሳታፍነት፡ ሞያዊ ስልጠና ወይ ፕሮግራም መጽናዕቲ፡ ኩሉ ግዜ፡ ኣብ ልዕሊ ዕድላት ሸቕለት ቀዳምነት ይውሃቦ።**

ኣብ ሞያ እትኣትውሉ ተወሳኺ ዕድል፡ መለማመዲ ስራሕ (Praktikum) እዩ። መለማመዲ ስራሕ፡ ሞያዊ ፍልጠት ንኽትረኽቡን ንናይ መጻኢ ሞያዊ ስራሕ ንኽትዳለዉን ዚዓለመ ኣብ ሓደ ኩባንያ ዝስራሕ ዓይነት ስራሕ እዩ። ብኸምዚ መገዲ ድማ ሞያዊ ተሞክሮ ኽትረኽቡን ሞያዊ ዓቕሚ ከተማዕብሉን ትኽእሉ። መለማመዲ ስራሕ፡ ከም ዝምድና ሸቕለት ዝውሰድ እኳ እንተኾነ፡ ብዝኾነ ምኽንያት ግን ደሞዝ ኣይከፈሉን እዩ። እቲ መፈተኒ ስራሕ (Schnupperpraktikum) - ኣመክሮ ስራሕ (Probebeschäftigung) ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ እዩ - ፍሉይ ኣተኩሮ ዚውሃቦ እዩ። ኣብዚ ስራሕ፡ እቲ ሕጊ ዝጠልቦ ሓፈሻዊ ዝተሓተ ማሃያ ከምዝኽፈል ይኸውን። ፍቓድ ፈደራላዊ ወኪል ሸቕለት፡ ንሓተቲ ዑቕባን ብትዕግስቲ ዝተሓዙ ስደተኛታትን ብፍጹም ኣየድልዮምን እዩ።

**ኣብ መለመዲ ስራሕ እተጠርየ ሞያዊ ተሞክሮታት፡ ኣገዳሲ መረጋገጺ ብቕዓት እዩ። ኣብቲ ዝቕጽል እተአትውዎ መመልከቲ፡ ንኸተቕርብዎ ምሕጽንታ ይቐርበልኩም እዩ።**

ፈደራላዊ ወኪል ሽቕለት (Bundesagentur für Arbeit )፡ ብመገዲ ማእከላዊ ቊጽሪ ተሌፎን **+49 228 713 2000** ገይሩ ንሓተትቲ ዑቕባን ብትዕግስቲ ዝተሓዙ ስደተኛታትን ዚኸውን ኣብ ሞያዊ ስርሓትን መላመዲ ስራሕን ዜተኮረ ሓበሬታ ይህብ።

**ንእሽቶ ምዕዶ፥** ፈደራላዊ ወለንታዊ ኣገልግሎት (Bundesfreiwilligendienst – BFD)፡ ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ጀርመን፡ ብክልሰሓሳባውን ግብራውን መገዲ እትዳለውሉ ብሉጽ ኣገባብ ድማ እዩ። ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ንምዕራፍ 8 ርኣዩ።

## ብመገዲ ሞያዊ ስልጠና ዝርከብ ዕድላት ስራሕ

### ሞያዊ (ድርብ) ስልጠና

ኣብ ጀርመን፡ ኣፍልጦ እተዋህቦ ከባቢ 400 እተፈላለየ ፕሮግራማት ስልጠና፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ይውሃብ ኣሎ። እቲ ድርብ ሞያዊ ስልጠና፡ ንክልሰሓሳባውን ግብራውን ትሕዝቶ ትምህርቲ ዜጣምር እዩ። ስልጠና፡ ኣብ ትካል ዝውሃብ መምርሕን ኣብ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ ዝውሃብ ትምህርትን እተመቓቐለ እዩ። ከም መፈለሚ፡ ካብ ዝኾነት ቤት ትምህርቲ ዝርከብ ብቕዓት ኮይኑ፡ ቀዋሚ ክፍሊት ስልጠና ድማ ኣለዎ። መንእሰያት ስደተኛታት፡ ኣብ Saxony-Anhalt ወይ ፈደራላዊመንግስቲ ስልጠና ኣብ ዝፈለምሉ እዋን፡ መንግስታዊ ምወላ (ምወላ ሞያዊ ስልጠና – Berufsausbildungsbeihilfe) ንኽረኽቡ ከመልከቱ ይኽእሉ እዮም።

ሞያዊ ስልጠና፡ ኣብ ናይ መጻኢ ሞያውኹም ዚግበር ኣገዳሲ ወፍሪ እዩ። እቶም ስልጠና ዝወስዱ ዘለዉ ብትዕግስቲ ዝተሓዙ ስደተኛታት፡ ስልጠና ክሳዕ ዝውድኡ ንዘሎ ግዜ ውሑስ መንበሪ ከምዝውሃቦ ይግበር።

ሓተትቲ ዑቕባ፡ ስልጠናን መዳለዊ ስራሕን ንኽወስዱ ሕጋዊ ፍቓድ ኣለዎም። እዚ ፍቓድ'ዚ፡ ብዘይ ዝኾነ ቀይድታት፡ ብቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት (Ausländerbehörde) ይውህበኩም።

ኣብ ኢደ-ጥበብ ዜተኮረ ድርብ ስልጠና (duale Ausbildung im Handwerk)፡ እቲ ኣብ Saxony-Anhalt ንዝውሃብ ስልጠናን ሞያዊ ዕድላትን ዜጣምር ኣብነት እዩ። ሕጋዊ ፍቓድ መንበሪ ዝረኸብኩም ስደተኛታት እንተኼንኩም፡ ኣብ ኢደ-ጥበብ ዜተኮረ ኣብ Saxony-Anhalt ከተጥርዩ ትኽእሉ ኢኹም ካብ ከባቢ 130 ዓይነታት ሞያ ድማ ኽትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ኢደ-ጥበብ ዜተኮረ ስልጠናን ስራሕን ክትነጥፉ ግዳሴ እንተልዩኩም፡ ብኽብረትኩም ነቶም ኣብ Saxony-Anhalt ቤት ምኽሪ ኢደ-ጥበብ (Handwerkskammern) ዝሰርሑ ሰባት ተወከሱ።







**ስልጠና ንኽትረኽቡ ኣብ እትሓትሉ እዋን፡ ልዑል ዝደረጅኡ መባእታዊ ኣፍልጦ ቛንቋ ጀርመን (Level B1) ክህልወኩም ይግባእ። ንኣብነት፥ ኣብ ግዜ መለመዲ ስራሕ ወይ ቅድመ-ሞያዊ ስጉምቲ ንዝጠረኽሙዎ ናይ ፈለማ ሞያዊ ተሞክሮታት ከተረጋግጹ እንተኽኢልኩም፡ እዚ ንዓኹም ዚሰማማዕ እዩ።**

### ሞያዊ ስልጠና ንምውሳድ ወይ ብእኡ ንምድላው ዚውሃብ ሓገዝ

ኣብ Saxony-Anhalt፡ መንእሰያት ስደተኛታት፡ ነቲ ስልጠና ወሲዶም መታን ክውድኡ፡ ንዕኡ ተባሂሉ እተዳለወ ደገፍ ይረኽቡ እዮም። ንመንእሰያት ብስልጠና ዜጣይስ፡ ብጠቕላላ፡ ሽዱሽተ ፍሉይ ፕሮግራማትን ፕሮጀክትታትን ከምዘሎ ብፍሉይ ምጥቃሱ ኣገዳሲ እዩ።

1) **ፕሮጀክት "ድርብ ስልጠና ዝወስዱ ስደተኛታት (Migrant*innen in Duale Ausbildung) – MiiDu"**፡ ብዛዕባ ድርብ ስልጠና ዚምልከት ካብ ስድራቤታት ስደተኛታት ንዝመጹ በጽሕታትን ወለድን ምሕባርን ኣብ ውሽጢ ትካል ንዝውሃብ ስልጠና ድማ ምድላውን ዚዓለመ እዩ። ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከባ ዞባውያን ኩባንያታት፡ ብዕላማ ተወሃሂደን ዝሰርሓ እየን፣ እዚ ድማ ኣብ ቦታ ስራሕ ከባቢ፡ ናይ ፈለማ ቀጥታዊ ግብራዊ ርድኢት ንኽህሉ የኽእል። ንበጽሕታትን ወለድን ኣተኹሩ ኣብ ንኡሳት ጽሑፍ ብዝወጽእ ሓበሬታ ( Infoblätter für Jugendliche und Eltern) ኣቢልኩም ሓበሬታ ርኽቡን ብቐጥታ ድማ ርክባት ፍጠሩን።
2) ሞያዊ ምድላዋት ኣብ እትገብርሉ ዓመት-ቛንቛ **(Berufsvorbereitungsjahres Sprache – BVJ-S)**፡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ስደተኛታት፡ ብዛዕባ ቛንቛ ናይ ፈለማ ፍልጠት ክረኽቡ ይኽእሉን ናብ ዓመት ሞያዊ ምድላው (Berufsvorbereitungsjahr – BVJ) ድማ ቀጺሎም ይመሓላለፉ፣ እዚ ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ (Hauptschulabschluss) ክረኽብሉ ዝኽእሉ ቦታ እዩ።
3) መእተዊ ደረጃ ሞያዊ ብቕዓት **(Einstiegsqualifizierung – EQ ) ++** ፡ ኣብ ውሽጢ ትካል ንዝውሃብ መለማመዲ ስራሕ፡ ሞያዊ ምድላዋትን ምድራዕ ቛንቋታትን ዜጠቓልል፡ ሕጋዊ ዕድመ ንዝበጽሑ ስደተኛታት ዚውሃብ ሞያዊ ምድላው እዩ። ንምጅማር፡ እዚ ዕድላት ምወላ፡ ኣብ ሰለስተ ቦታታት Saxony-Anhalt ተፈቲኑ እዩ።
4) ዞባዊ ፕሮግራም መጻኢ ዕድል ዘለዎ ደገፍ ዝውሃቦ ስልጠና **(Zukunftschance assistierte Ausbildung)**፡ ምስ ፈደራላዊ ወኪል ሽቕለት ብምትሕባር ዚትግበር ኮይኑ፣ ንመንእሰያት ስደተኛታት ድማ ብፍሉይ ዜተኮረ እዩ። ግቡእ ምድላዋትን ጽዑቕ ማሕበረ-ትምህርታዊ ሓገዝን ብምግባር ንእትወስድዎ ሞያዊ ስልጠና ብዓወት ንኽትውድኡ ደገፍ ይግበረልኩም እዩ።
5) ንመንእሰያት ስደተኛታት እተዳልወ ዞባዊ ፕሮግራም BRAFO፡ ልዑል ምልላይ ስራሕ፡ ገምጋም ብቕዓትን ድሕሪ ትምህርቲ ምጥያስ መንእሰያት (Jugendintegrationskurs) ዝውሃብ ሞያዊ ፈተናን ንመንእሰያት ስደተኛታት ይውሃብ።
6) ማእከል ምውህሃድ ስልጠናን ስደተኛታትን **(Koordinierungsstelle Ausbildung und Migration – KAUSA)**፡ ነቶም ድሕረ-ባይታ ስደት ዘለዎም ናይ ገዛእ ርእሶም ስራሕ ዘለዎም ሰባት፡ በጽሕታት ከምኡውን ሞያዊ ምጥያስ ንኽገብሩ ኣብ ምድላው ዝርከቡ መንእሰያት ስደተኛታት ይሕግዝ።

7) ዞባዊ ተበገሶ Landesnetzwerkstelle des Landesprogramms **Regionales Übergangsmanagement (RÜMSA)**፡ ናብ ሞያዊ ስልጠና ኣብ ዘሰጋግር ዓውዲ ዘተኮረ ንዝግበር ሕብረት ምትሕንፋጽ ሕጋዊ ስልጣን ይድግፍ።

**ኣብ መንበሪ ቦታኹም ወይ ጥቓኹም ንዝርከብ ወኪል ሸቕለት ተወከሱ። እቲ ዘቕረብክሙዎ መመልከቲ ዑቕባ ተቐባልነት ምስረኸበ፡ ሰፊሕ ዝዓይነቱ ደገፍ ክውሃበኩም እዩ። ከም ስደተኛ ተፈላጥነት ረኺብኩም መሰረታዊ ሓገዛት ድሕነት ትቕበሉ እንተሊኹም፡ ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ ማእከላት ምንዳይ ስራሕ፡ እተን ፈለማ ክትረኽብወን ዘለኩም ትካላት እየን።**
**ኣብዚ፡ ኣድራሻ ናይቲ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ በዓል - መዚ ቀልጢፍኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ።**

## መጽናዕቲ

ትምህርቲ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ እትርከብ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ፡ ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ጀርመን ናይ ምእታው ዕድልኩም ከምዝብርኽ ዜገብር ተወሳኺ ኣገባብ እዩ። እንተኾነ ግን፡ እቲ ጠለባት ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ፡ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ምስክር ወረቐት መእተዊ ዩኒቨርሲትን ኣዝዩ ልዑል ዝደረጅኡ ብቕዓት ቛንቋ ጀርመንን የድልየኩም።

**ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፥** ኣብ Saxony-Anhalt እትምሃርዎ ትምህርቲ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዝኽፈሎ ዝኾነ ክፍሊታት ትምህርቲ የብሉን። እንተኾነ ግን፡ ክፍሊት ሰመስተር ትኸፍሉ ኢኹም። ብተወሳኺ፡ ኣብ ግዜ ትምህርትኹም ርእስኹም ባዕልኹም ኽትክእሉ ኣለኩም። ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ንኣብነት፥ መንግስታዊ ሓገዝ (BAföG) ወይ ማህደረ ትምህርቲ ዝኣመሰለ ዕድላት ይርከብ እዩ።

ኣብ Saxony-Anhalt፡ ኣብ እተመርጸ ቦታታት ንዘለዉ ስደተኛታት ዝውሃብ እተፈላለየ ፕሮግራም ትምህርቲ ኣሎ። ተዛማዲ ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ዩኒቨርሲቲ ግብራዊ ስነ - ፍልጠትMagdeburg-Stendal፡ ምሉእ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ ንኽትምሃሩ ዕድል ይኸፍት። ዩኒቨርሲቲ ሃል (University of Halle)፡ ሓተትቲ ዑቕባ ከም ዕዱማት ተኸታተልቲ ብዘይ ክፍሊት ንኽምዝገቡ ዕድል ይህብ እዩ። . እቲ ብዕድመ ዚግበር ምክትታል፡ ጠለባት ዩኒቨርሲትን ትምህርቲ ዩኒቨርሲትን እንታይ ምዃኑ ንኽትፈልጡ ናይ ፈለማ ዕድል እዩ።

ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከብ ዩኒቨርሲታት ክትምሃር ብዛዕባ ዘሎ ተኽእሎታት ገለ እንዶ ንምርካብ፡ ንማእከል - መርሓባ (Welcome-Center) ወይ ኣብ ዝምልከቶ ዩኒቨርሲቲ ንዝርከብ ኣህጉራዊ ቤት ጽሕፈት ተወከሱ። ኣብ ጀርመን ብዛዕባ ዘሎ ትምህርቲ ዚምልከት መባእታዊ ሓበሬታ፡ ኣብ እትቕመጥሉ ቦታ ካብ ዝርከባ ወኪላት ሸቕለት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።



**ትምህርትኹም ክሳዕ እትውድኡ ድማ ፍቓድ መንበሪ ክህልወኩም የድሊ እዩ። ካብ ወኪል ሸቕለት፡ ውልቃዊ ምኽሪ ቅድሚ ምርካብኩም፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣብ ጀርመንን Saxony-Anhaltን ብዛዕባ ዘሎ ትምህርቲ፡ ንኣብነት፥ ኣብ መርበብ - ሓበሬታ ትምህርቲ ኣብ ጀርመን (Studieren in Deutschland) ዝርከብ ሓበሬታ፡ ባዕልኹም ኣፍልጦ ከምእትረኽቡ ግበሩ። ኣብ እትቕመጥሉ ቦታ ናይ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ወይ ኣብ መጻኢ ናይ እትምሃርሉ ቦታ ንዝካየድ መዓልቲ ህዝባዊ ሓበሬታ ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም።**

## ብወኪል ሸቕለት ወይ ማእከል ምንዳይ ስራሕ ዚውሃብ ዓይነት ስራሕ

ፍቓድ መንበሪ ወይ Duldung እንተሊኩም፡ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ወኪል ሸቕለትን ማእከል ምንዳይ ስራሕን፡ ምኽሪ ክህብኹምን ስራሕ ክረኽብልኩምን ብሓፈሻ ሓላፍነት ኣለዎም። ንኣብነት፥ ሸቕለት - ኣልቦ ምዃንኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም። ወኪል ሸቕለት ድማ፥

- ኣብ Saxony-Anhalt ብዛዕባ ዝርከብ ዕዳጋ ዕዮ ሓበሬታ ይህበኩም
- ብዛዕባ ተኽእሎታት ሞያዊ ምጥያስን ብቕዓትን ዚምልከት ብውልቂ ምኽሪ ይህበኩም
- ኣብ ስራሕን ስልጠናን የእትወኩም።



**ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ባዕልኹም ክትኣትዉ ክሳዕ ዘይከኣልኩም፡ ነቲ ብወኪላት ሸቕለት ንዝውሃብ ኣገልግሎታት ምኽሪ ክትጥቀሙ ጥራይ ኣለኩም። ፍቓድ ስራሕ ንምርካብ ክማላእ ዘለዎ ሕጋዊ ኩነታት እንተልዩ፡ እቲ ብወኪል ሸቕለት ዚውሃብ ዕድላት ምኽርን ስራሕን፡ ንዓኹም'ውን ይውሃብ እዩ። ብመሰረት SGB II (ንኣብነት፥ ተፈላጥነት ዝረኸብኩም ሓተትቲ ዑቕባ ስለዝኾንኩም) ሓገዛት ክትረኽቡ መሰል እንተልይኩም፡ ኣብ እትቕመጥሉ ቦታ ዝርከብ ማእከል ምንዳይ ስራሕ፡ ምኽርን ስራሕን ንኽህበኩም ሓላፍነት ኣለዎ።**

ብመስመር ተሌፎን ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት (BAMF) ስራሕን ህይወትን ጀርመን (Arbeit und Leben in Deutschland) **+49 30 1815-1111** ኣቢልኩም （ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ፣ ካብ 9 ቅ.ቐ ክሳዕ 3 ድ.ቐ፣ ንጻውዒት ገንዘብ ትኸፍሉ ኢኹም）፣ ብዛዕባ ምንዳይ ስራሕ፣ ምስ ምእታውን ምቕማጥን ዚተኣሳሰር ዕዮን ሞያን ዚምልከት ኣርእስታት ሓበሬታ ርኸቡ። በዛ ቍጽሪ ተሌፎን ኣገልግሎት ገይርኩም፣ ኣብ Saxony-Anhaltን ፈደራላዊ ግዝኣትን ምስ ዘሎ ዕድላት ስራሕ ዚተኣሳሰር ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኣርእስታት ዚምልከት ብጀርመንኛ ወይ እንግሊዝኛ፣ ውልቃዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ኢኹም።

**ንእሽቶ ምዕዶ፥** መርበብ ሓበሬታ ምርግጋጽ ሞያተኛታት （Fachkräftesicherungsportals） Saxony-Anhalt፣ ኣብ ፕሮግራማት ምወላ፣ ዕድላት ሞያዊ ስልጠናን ካልእ ብዙሕን ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ ይህብ። ብዛዕባ ምጥያስ ኣብ Saxony-Anhalt ዘሎ ስልጠናን ዕዮን ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታን ብቑዓት ደገፍቲ ዝርከብሉ መወከሲታትን፣ ኣብ መምርሒ-ሓበሬታ ምጥያስ መርበብ IQ Saxony-Anhalt Orientierungsleitfaden des IQ Netzwerk Sachsen-Anhalt ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ንምንዳይ ስራሕ ዚምልከት ብኣገልግሎት መርሓባ (Willkommensbegleitung) ከምኡውን Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS) ዚውሃብ ምኽርን ደገፍን

Saxony-Anhalt፣ እቶም ፍቓድ መንበሪ ዘለዎም ኣመልከትቲ ዑቕባ፣ ብትዕግስቲ ዝእለዩ ሰባትን ተፈላጥነት ዝረኸቡ ስደተኛታትን፣ ኣብ ስራሕ ንኽጣየሱ ዘድልዮም ሰፊሕ ዝዓይነቱ ሓገዝ ይህቦም እዩ። ነዚ ንምግባር ድማ ከም ኣገልግሎት መርሓባ （Willkommensbegleitung）፣ ኣተኩሮ ኣብ ሞያውያን （Fachkraft im Fokus） ወይ Job Bridge PLUS （Jobbrücke PLUS） ዝኣመሰሉ ፕሮግራማት ምወላ ኣለው። እዚ ፕሮግራማት'ዚ፣ እተፈላለየ ኣተኩሮታት ይውሃቦ። ኩሉ ፕሮግራማት ድማ ኣብ ሓደ ሸቶ - ቅልጡፍ ምጥያስ ኣብ ስራሕ ምህላው - ዜተኮረ እዩ። ገለ ሓገዛት ኣብ ንሓድሕዱ ይደራረብ እዩ። በብውልቂ ዘድሊ መፍትሒታት ንኽትረኽቡ ኣብ ማእከላት ምኽሪ ንምሕታት ብኽብረትኩም ኣይትሰከፉ።

**ብዝኾነ፥** ሓገዛት ምምሕዳር ከተማ፣ ስራሕን ስልጠናታትን ብዛዕባ እትረኽብሉ ኣገባባት ደገፍ ይህበኩም፣ ንኣብነት፥ ንመንእሰያት ስደተኛታት ብፍላይ ብከተማ ሃል እተዳለወ ጥማር ጽሑፋት መቐበሊ （Willkommensmappe） ዝኣመሰለ እዩ4።

## ንዞባዊ ተበግሶ ኣተኩሮ ኣብ ሞያተኛታት (Fachkraft im Fokus – FiF) Sachsen-Anhalt ዚምልከት ኣገልግሎት መርሓባ

ኣብ Sachsony-Anhalt ዝርከቡ ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት መርሓባ፣ ንሞያተኛታትን ኩባንያን የሕብሩ። ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ ዝርከቡ ሰባት፣ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከባ ኩባንያታት ንዘሎ ክፋት ስራሕ ኣብ ምንዳይ ይተሓጋገዝኹም። ንሶም ድማ፥

- ንዓኹም ዚምልከት ጸብጻብ ብቕዓት የዳልዉን ካልእ ውልቃዊ ሞያዊ ምዕባለ እተምጽእሉ ውጥን የዳልዉን
- ንሰነዳት መመልከቲ ኣብ ምድላውን ኣብ ቅድሚ ኣስራሒ ድማ ጽቡቕ ተዳሊኹም ንኽትቐርቡን ይሕግዝኹም
- ኣብ ሞያዊ ህይወት ኣብ እትጣየስሉ እዋን ንዓኹም የሰንይኹምን ኣብ ምልላይ መለማመዲ ስራሕ ድማ ኣብ ክንዳኹም ብምኳን ርክባት ይገብሩን
- ብዛዕባ ምምሕዳራዊ ኣገባባት፣ ክንክን ጥዕና፣ መንበሪ ኣባይትን ካልእን ዚምልከት ሓበሬታ ይህብኹም።

ኣብ **Magdeburg፣ Halle፣ Stendal፣ Halberstadt** ከምኡውን **Dessau-Roßlau** ብዛዕባ ዝርከባ ዞባውያን ማእከላት ምኽሪ **(Regionalberatungsstellen)** ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ይህብኹም።

**ቆጸራ ምኽሪ ንምግባር፣ ንቕጥዒ መወከሲ ኣገልግሎት መርሓባ (Kontaktformular der Willkommensbegleitung) ተጠቐሙ!**

### Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS)

ፕሮጀክት **Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS)**፣ ኣብ Saxony-Anhalt ንዝርከብ ዕድላት ሸቕለት ኣብ ምንዳይ ይሕግዘኩም። ኣብ ትምህርቲ ንኽትኣትዉ ወይ ንኽትቕጽሉ፣ ኣብዚ ሓገዝ'ዚ፣ ትኹረት ይውሃብ እዩ። ኣብ ሓደ ሞያ ንኽትሰርሑ ዘብቅዓኹም ሞያ ንኽትረኽቡ እተመደበ እዩ።

በዚ ፕሮጀክት'ዚ ዚውሃብ ተወሳኺ ሓገዛት፣ ነዚ የጠቓልል፥

- ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ዜተኮረ ውልቃዊ ምኽሪ
- ኣብ ወጻኢ እተጠርየ ሞያታት ተፈላጥነት ንኽረክብ ዚውሃብ ሓገዝ
- ኣብ ምልከት ቛንቋ፣ ገምጋም ብቕዓት ዜተኮረ ሞያዊ ብቕዓት
- ስራሕን ስልጠናን ምሃብ



ንእትሓትዎ ጠለብ ብዚምልከት ንዞባዊ ወኪል Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS) ተወከሱ።

## ዕድላት ስራሕ - ዕዳጋ ዕዮ ኣብ ኢንተርነት ምርካብ

ኣብ ቦርድ ስራሕን ሞያታትን FIF (Stellen- und Fachkräftebörse des FIF) ብዚርከብ ናጻ መመልከቲ ድሕረ-ባይታን ስራሕን፣ ኣብ Saxony-Anhalt፣ ሰሓቢ ስራሕ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ቦርድ ስራሕ ፈደራላዊ ወኪል ሸቕለት (Jobbörse der Bundesagentur für Arbeit)፣ ዞባውን ስግረ-ዞባውን ዕድላት ስራሕ ንዘለዎ ሰፊሕ ዓይነታት ስራሕ ኣለዎ።

ኣብ መርበብ-ሓበሬታ workeer፣ ስደተኛታት፣ ኣብ ብዙሕ ጽላታትን እተፈላለየ ቦታታትን ንዘሎ ዕድላት ስራሕ ብፍሉይ ክመርጹ ይኽእሉ። ብኸምዚ መገዲ ድማ ኣስራሒ ብቐሊሉ ክትረኽቡን ብቐጥታ ንኽትውከስዎን ትኽእሉ። ዞባዊ ቦታታት ስልጠና፣ ብመገዲ ሃገራዊ ቦርድ ስልጠናን ዕዮን ክርከብ ይከኣል።

## ከም ሰራሕተኛ መጠን ዘለኩም መሰላት

ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ጀርመን፡ ኣንጻር ሕማቕ ስራሕን ትሑት ክፍሊትን ብዚወጸ ሕጋዊ መምርሒታት ሓለዋ ይግበረልኩም እዩ።

**1)** እቲ ብጽሑፍ እተዳለወ ውዕል ስራሕ፡ ንዘለኩም መሰላትን ግዴታትን (መደብ ስራሕ፡ ክፍሊት፡ ናይ ዕዘባ ግዜ፡ ሰዓታት ስራሕን ቦታ ስራሕን፡ ደሞዝ፡ ዕረፍቲ ወዘተ) ይከታተል። ኣብ ዝኾነ ኲነታት ድማ ውዕል ስራሕ ብጽሑፍ ከምእተቐበልኩምን ብኣኹምን ኣስራሕን ድማ ከምእተፈረመን ኣረጋግጹ።

**2)** ኣብ ጀርመን፡ ኣብ መዓልቲ፡ ናይ ሸሞንተ ሰዓት ስራሕ፡ ብሕጊ ይፍቀድ። ሰሙናዊ ናይ ስራሕ ሰዓታት፡ ብስምምዓት ዕዮ ምክትታል ይግበረሉን መብዛሕቱ ግዜ ድማ ልዕሊ 40 ሰዓታት ኣይከውንን እዩ። ኣብ ገለ ዓይነት ሞያታት ድማ ለውጥታት ይግበረሉ እዩ። ኣብ ግዜ ምሸት፡ ሰንበትን ዕረፍትን ዝስራሕ ስራሕ ድማ ዝያዳ ክፍሊት ይኸፈሎ።

**3)** እቲ ብሕጊ ዚጠለብ ስሩዕ ዝተሓተ መሃያ፡ ንሰዓት **8.84** ዩሮ፡ ኣብ መላእ ፈደራላዊ ግዝኣት ድማ ይስርሓሉ። ነፍስወከፍ ሰራሕተኛ፡ እዚ ደሞዝ'ዚ ክወስድ መሰል ኣለዎ። ውዕል ስራሕ ቅድሚ ምፍርራምኩም፡ ስምምዕ ዕዮ እንተልዩ ወይ ብዛዕባ ደሞዝ ዚምልከት ምስ ኣስራሒ ምዝርራብ ኪግበር ዝኽእል እንተኾይኑ ሕተቱ።

**4)** ትሰርሑ እንተሊኹም፡ ማሕበራዊ መድሕን **(Sozialversicherung)** ተባሂሉ ዚጽዋዕ ማሕበራዊ ድሕነት ክትወስዱ መሰል ኣለኩም። በዚ መድሕን'ዚ ድማ ካብቲ ዘጋጥም ዓበይቲ ሓደጋታት፡ ንኣብነት፥ ኣንጻር ሕማም፡ ሓደጋታት ወይ ሸቕለት-ኣልቦነት፡ ሓለዋ ይግበረልኩም። ማሕበራዊ መድሕን፡ ብገለ ክፋል ኣታዊኹም ዚምወል እዩ። እዚ ክፍሊት'ዚ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ወርሒ ካብ ደሞዝኩም ብቐጥታ ከምዚጐድል ይኸውን። ሕጋዊ መድሕን ጥዕና **(gesetzliche Krankenversicherung)**፡ ብፍሉይ ዚርኤ ነገር እዩ። እቲ ንዓኹም ዘድሊ መድሕን ጥዕና ባዕልኹም ትመርጹ፣ እቲ እትኸፍልዎ እጃም ድማ በብውልቂ ከምዚቕመርን ካብ ወርሓዊ ደሞዝኩም ድማ ከምዚጐድልን ይኸውን።





## ቅልጡፍ ስራሕን ስልጠናን ምርካብ

### ካብቲ ናይ ፈለማ ማእከል መቐበሊ ምስወጻእኩም፡ ብኡንብኡ ከምዚ ዚስዕብ የጋጥም፥ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ትግዕዙ

- ሞያዊ ስልጠና
- ምድላዋት ሞያዊ ስራሕ
- ወለንታዊ ኣገልግሎት ፈደራላዊ መንግስቲ
- ሞያዊ ስልጠና ወይ ትምህርቲ ዩኒቨርሲቲ እናወሰድኩም ከለኹም፡ መላመዲ ስራሕ ምስራሕ
- ስራሕ ንምልላይ እትሰርሕዎ መለማመዲ ስራሕ
- መባእታዊ-ደረጃ ሞያዊ ብቕዓት ንምጥራይ እትሰርሕዎ መለማመዲ ስራሕ

→ ካብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ክውሃብ ዘለዎ ፍቓድ
ንውሓት-ግዜ መላመዲ ስራሕ፥ ግዝያዊ እዩ (ዝልዓለ ንውሓት-ግዜ)

---

- ገምጋም ተውህቦ ዚግበረሉ መለማመዲ ስራሕ
- ኣብ ክፍሊ ኣቲኻ ምምሃር
- ወለንታዊ ስራሕ

→ ካብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ክውሃብ ዘለዎ ፍቓድ

### ድሕሪ 3 ኣዋርሕ፡ ኣብ ምምሕዳር ከተማ፡ ፍቓድ መንበሪ ምርካብ

- ዘርብሕ ስራሕ፡ ዲግሪ ዩኒቨርሲቲ ጀርመን
- ዘርብሕ ስራሕ፡ ዲግሪ ናይ ወጻኢ ዩኒቨርሲቲ
- ከም ሓላፊ እትሰርሖ ዘርብሕ ስራሕ
- ኣብ ስነ-ፍልጠት፡ መጽናዕቲ፡ ምዕባለ ዘተኮረ ዘርብሕ ስራሕ
- ዝኾነ ካልእ ዓይነት ስራሕ
- ግዝያዊ ስራሕ

→ ካብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ክውሃብ ዘለዎ ፍቓድ
መረጋገጺ ቀዳምነት / ኣልቦ መረጋገጺ ቀዳምነት ንኽርከብ
ብፈደራላዊ ወኪል ሸቕለት ዚውሃብ ፍቓድ
ጠለባት ሰማያዊ ካርድ ወይ ዲግሪ ዩኒቨርሲቲ ጀርመን

### ድሕሪ 15 ኣዋርሕ

- ዝኾነ ካልእ ዓይነት ስራሕ
- ንንውሕ ዝበለ ግዜ እትሰርሕዎ መለማመዲ ስራሕ
- ግዝያዊ ስራሕ

### ድሕሪ 48 ኣዋርሕ

- ብወኪል ሸቕለት ዝምወል ስጉምታት
- ስጉምቲ ሞያዊ ምድላዋት፡ ሓገዝ ዝውሃቦ ስልጠና "(assistierte Ausbildung)

→ ካብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ክውሃብ ዘለዎ ፍቓድ

# ምዕራፍ 6 - ኣብ ፍሉይ ኲነታት ህይወት ዚውሃብ ሕክምናዊ ክንክንን ደገፍን

*ኣብ ምምሕዳር ከተማ መንበሪ-ገዛ ምስተዋህበኩም፡ ንሓፈሻውን ናይ ስንን ሕክምና ዚወጽእ ወጻኢታት ይሸፍንን ቀረብ ድማ ከምዝህሉ ድማ ይገብርን።*
*እቲ ንዓኹም ዚውሃብ ሕክምናዊ ቀረብ፡ ብቐንዱ ውሑስ እዩ። ተቐባልነት ዝረኸብኩም ወይ ድማ ኣብ መስርሕ ዑቕባ እትርከቡ ምህላውኩም ምርኩስ ብምግባር፡ እተፈላለየ ዓይነታት ሓገዝ ይውሃበኩም እዩ።*
*ኣብዚ ምምሕዳር ምስኣተኹም ፤ ኣብ ሓኪምኩም መዓስ ከምእትርኣዩ፣ ኣብ Saxony-Anhalt ዘለዉ ብዘይ መድሕን ጥዕና ብኸመይ ከምዝሕከሙን ህጹጽ ረድኤት ኣብ ዘድልየኩም እዋን ድማ መን ከምዝሕግዘኩም ንኽትፈልጡ ዘድልየኩም ነገር፡ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ርኸቡ።*

## ሕክምናዊ ክንክን

ተቐባልነት እንተረኺብኩም ወይ ብመሰረት SGB ሓገዛት ትቕበሉ እንተሊኹም፡ ኣብ ሕጋዊ መድሕን ጥዕና ኽትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም። ሓገዛት ሕክምናዊ ቀረብ፡ ብምሉኡ ይውሃብ እዩ።



ሓታቲ ዑቕባ እንተ ኼንኩም፡ እቲ እትረኽብዎ ሕክምናዊ ክንክን፡ ብኣዋጅ ሓገዛት ሓተትቲ ዑቕባ (AsylbLG) ክትትል ዚግበረሉ እዩ። እቲ እትረኽብዎ ሕክምናዊ ክንክን፡ ኲሉ ግዜ፡ ብደረጃ ሕጋዊ መድሕን ጥዕና (GKV) ይኸውን። እንተኾነ ግን፡ ገለ ዕቃበታት ኣሎ።

- ሕክምናዊ ደገፍን ክንክንን፡ ኣብ ነድሪ ዘለዎ ቓንዛን ሕማምን እተወሰነ እዩ። መብዛሕቱ ግዜ፡ ንሕዱር ሕማማት ሕክምና ኣይወሃብን እዩ። ሓተትቲ ዑቕባ፡ ከም ንቑልዑ ዚውሃብ ኲሉ ዓይነት ክታበታት ዝኣመሰለ ኣገዳሲ ሓገዛት ኲሉ ግዜ ይረኽቡ እዮም።
- ቀረብ ሰብ-ሰርሐ ስኒ፡ ብሰንኪ ሕክምናዊ ምኽንያታት ናይቲ ውልቀሰብ ናብ ካልእ እዋን ኪሰጋገር ምስዘይክእል ጥራይ ይውሃብ።

ፍቓድ መንበሪ ካብ ዝረኸብክሙሉ 15 ኣዋርሕ ንንየ፡ ንሓገዛት ምሉእ ሕጋዊ መድሕን ጥዕና ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም።

ጥኑሳት ደቀኣንስትዮን ሓራሳት ደቀኣንስትዮን (ድሕሪ ሕርሲ፡ ክሳዕ 8 ሳምንታት ዝገበራ)፤ ካብ ሓካይም መወልዳንን ዶክተራትን ምሉእ ሓፈሻዊ ሕክምናን ክንክንን ይቕበላ። ሓደስቲ ቆልዑ ቅድሚ ምውላድክን፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ንዘውሃብ ናይ ፈለማ ሓገዝ ንኽትረኽባ ከተመልክታ ትኽእላ ኢኽን።





ብዛዕባ መድሕን ጥዕናን ንስደተኛታት ዚምልከት ፍሉይ ክትትልን ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም (ብጀርመንኛን እንግሊዝኛን)።

## ወረቐት ሕክምና (Behandlungsschein)

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ትቕመጡ እንተሊኹም፡ እቲ ምምሕዳር ከተማ፡ ኣብ ክንክን ጥዕናኹም ሓላፍነት ይስከም። ኣብ ዶክተር ንኽትርኣዩ (ብዛዕባኹም ወይ ደቅኹም ዚምልከት)፤ ወረቐት ፍቓድ ወይ ሕክምና (Berechtigungs- oder Behandlungsschein) ክህልወኩም የድሊ። ኣብቲ ንዓኹም ዝከታተል ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ከተመልክቱ ኣለኩም። ናብ ዶክተር ክትርኣዩ ክትመጹ ከለኹም ምሳኹም ሒዝክሙዎ ክትመጹ ይግባኣኩም፣ ምኽንያቱ፡ ሓገዝ ዶክተር፡ ኣብቲ ሰነድ'ቲ ኪምዝገብ ስለዘለዎ እዩ።

**ብዙሕ ግዜ፡ ወረቓቕቲ ሕክምና፡ ኣብ ርብዒ ዓመት ይውሃብ። እቲ ወረቐት ሕክምና ክሳዕ ክንደይ ከምዘገልግል ንኽትፈልጡ፡ ኲሉ ግዜ ዕለቱ ብጥንቃቐ ተኸታተልዎ።**

## ምስ ዶክተር ዚግበር ርክብ

ጸገማት ቛንቋ፡ ንሕክምና'ቲ ዘጋጥመ ምልክታት ሕማም ከደናጒዮ ወይ ክሓላልኾ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን፡ ዶክተር ወይ ሓኪም ስኒ፡ ብዛዕባ ባህርን ደረጃን እቲ እትወስድዎ ሕክምና ብንጹር ንኽሕብረኩም፡ ብሕጊ መሰላት ተሓከምቲ (Patientenrechtegesetz) ይግደድ እዩ።

ብዙሓት ሕክምናዊ ቦታታት፡ ሕብረ-ቛንቋኣዊ ጽሑፍ ሓበሬታ ስለዘለዎም - ንኽህብኹም ሕተትዎም። ርግጸኛታት እንተዘይኴንኩም፡ ኣስተርጓሚ ናብ ሕክምና ሒዝኩም ምጹ።

**ቛንቋታት ወጻኢ ዚፈልጥ ዶክተር ወይ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ኣብቲ እትቕመጥሉ ኣከባቢ እንተደሊኹም፡ ንማሕበር ሓካይም ሕጋዊ መድሕን ጥዕና (Kassenärztliche Vereinigung) ኣብ ኢንተርነት ብቐጥታ (Online-Suchformular) ተጠቐሙ። እቲ ዘድልየኩም ዓውዲ ሕክምና ዘለዎም ዶክተራት፡ ኣብ Saxony-Anhalt ትረኽቡ ኢኹም።**

**ንእሽቶ ምዕዶ፥** ነቲ ምስ ዶክተር ዝግበረልኩም ግዜ ንኽትዳለዉ፡ ንመዝገበ-ቓላት ሕክምና (medizinischen Sprachführer) ተጠቐሙ (ብጀርመን፡ ዓረብኛ፡ ፋርሲ ተዳልዩ ኣሎ)።

## ህጹጽ ረድኤት - ብዛዕባ ድሕነትኩም ዚምልከት ክትፈልጥዎ ዘለኩም ነገራት

ህጹጽ ረድኤት ብርቱዕ ጥዕናዊ ጸገማት፡ ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮ ዓይነት ሕማማት ወይ መቑሰልቲ እዩ። እዚ ድማ ህይወት ኣብ ሓደጋ ዜእቱ ኩነታት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብነታት ህጹጽ ረድኤት ዘድልዮ ሕማማት፦

- ከቢድ መድመይቲ ወይ መስበርቲ ዘለዎ መቑሰልቲ
- ጸገም ናይ ምስትንፋስ ሻምብቆታት
- ጸገም ልቢ
- ምምራዝ
- ከቢድ ቃጸሎ
- ምጥፋእ ውኖ



ኣብ Saxony-Anhalt፡ ጽዑቕ ህጹጽ ረድኤት ዚህብ ምዕቡል መርበባት ቀረብ ሕክምና ኣሎ። ህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ነቲ ኣብ ሆስፒታል ዝግበር ሕጹጽ ሕክምና ዚምውል ኣካል ኣሎ።

**ህጹጽ ረድኤት ዘድልዮ ብርቱዕ ሕማም ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ጥራይ፡ ኣቐዲምኩም ከይሓበርኩም ኣብ ሆስፒታል ንኽትሕከሙ መሰል ኣለኩም። ህይወት ኣብ ሓደጋ ዜእቱ ህጹጽ ኩነታት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ቍጽርታት ተሌፎናት ህጹጽ ረድኤት ንዝኾና 110ን 112ን ጥራይ ትጥቀሙለን! ከምዚ ዝኣመሰል ህጹጽ ኩነታት ኣብ ዘጋጠመሉ ጥራይ፡ ናብዘን ተሌፎናት ደውሉ። ኣብ ሆስፒታላት ዝርከብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት፡ ንህጹጽ ኩነታት ጥዕና ጥራይ የገልግል።**

## ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ማእከላት

እቶም ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ዘለዎም ስደተኛታት፡ ኣብ Halleን Magdeburgን ካብ ዝርከባ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ኣገልግሎት (Psychosozialen Dienst) ከምኡውን ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ማእከላት (Psychosozialen Zentren) ሓገዝ ይረኽቡ እዮም።
ውልቃዊ ቃለ-መሕተት ኣብ ዝግበረልኩም ግዜ፡ ዘለኩም ባህላዊ ድሕረ-ባይታ ኣብ ግምት ይኣቱን፣ ከም መምርሒ ድማ ብሓያለ ቛንቋታት ኣገልግሎት ይውሃብ።  ሰራሕተኛታት ናይ'ዘን ማእከላት'ዚኤን፡ ካብቲ ዝህብዎ ካልእ ነገራት፡ ስዒቡ ይርከብ፦

- ናጻ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምኽርን ፍወሳን
- ናብ ማሕበራዊ ምኽሪ ምስናይ
- ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ጉጅለታት ኣብ ዝህብኦ ዕድላት ከምእትሳተፉ ምግባር

ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ኣብ Halle ወይ Magdeburg ምስ ዝርከባ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ማእከላት ንምርኻብ ቆጸራ ይተሓዘልኩም።.



ምዕራፍ 6 - ኣብ ፍሉይ ኩነታት ህይወት ዚውሃብ ሕክምናዊ ክንክንን ደገፍን

## ናጻ ሕክምናዊ ረድኤት፦ MediNetz Magdeburg

MediNetz፡ ነቶም ወረቓቕቲ መንበሪ ዘለዎም ይኹኑ ዘይብሎም ስደተኛታት ኣገልግሎት ዝህብ ተበግሶ ውፉያት ተማሃሮ ሕክምናን ዶክተራትን እዩ። ኣብ Halleን Magdeburgን ዝርከብ Medinetz፡ እቲ ዘለዎም ኩነታት መድሕን ጥዕና ብዘየገድስ፡ ሕክምናዊ ሓገዝ፡ ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ይህብ። ሕክምናዊ ቦታን ምኽርን ምርካብ፡ ብዘይ ክፍሊት ኮይኑ፡ ስምኩም ከይተፈልጠ እትረኽብዎ እዩ።

ኣብቲ ሰሙናዊ ሰዓታት ምኽሪ ዝካየደሉ ግዜ፡ ምስ'ቶም ትሑት ዝዋግኡ ስሉጥን ምስጢራውን ሕክምና ንኽህቡ እተሰማምዑ ዶክተራት ቆጸራታት ኽግበር ናይ ግድን እዩ። ኣብቲ ቦታ ሕክምና ዝርከብ ውሱን ሰዓታት ምርኣይ ከመይ ምዃኑ ሕተቱ።

## ነቶም ጸገማት ምስማዕን ምርኣይን ዘለዎም ሰባት ዚውሃብ ደገፍ

ጸገማት ምስማዕ ወይ ምርኣይ እንተልይኩም፡ ኣብ Saxony-Anhalt ንዝርከባ ማእከላትን ማሕበራትን ፍሉይ ምኽሪ ክትወከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ጸገማት ምስማዕ ወይ ምርኣይ እንተልይኩምን ደገፍ ክውሃበኩም ትደልዩ እንተሊኹምን፡ ኣብ Saxony-Anhalt ካብ ዝርከባ ኣብ ሓንቲ ካብተን ማእከላት ምኽሪ (Sinnes-beratungsstellen) ተወከሱ።

## ኣብ ግዜ ጥንሲ ንዘለዋ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታት ዚውሃብ ደገፍ

ኣብ Saxony-Anhalt፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ምስ ዝርከባ ማእከላት ምኽሪ ጥንሲ ክትራኽባ ትኽእላ ኢኽን። ኣብ ቦታኽን ኣብ ዝርከባ ማእከላት ምኽሪ፡ ብዛዕባ ጥንስን ሕርስን ዚምልከት ንዝህልወክን ኩሉ ዓይነት ሕቶታት ብዚምልከት ምኽሪ ክኢላን ሰፊሕ ሓገዝን ክትረኽባ ኢኽን። እዚ ሓገዝ'ዚ፡  ብምስጢር ኪትሓዝን ስምክን ከይተፈልጠን ክውሃበክን እንተሓቲትክን፡ ከምኡ ኽገበረልክን ይኽእል እዩ።

ኣዝዩ ህጹጽ ዝኾነ ሕቶታት ኣብ ዝህልወክን እዋን፡ ናብ መስመር ሓገዝ እተጸገማ ነፍሰ-ጾራት (**Hilfetelefon Schwangere in Not**) ብኽብረትኩም ደውላ፦ **0800 4040 020**. እቲ መስመር ሓገዝ፡ ንዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ይሰርሕን ብዘይ ክፍሊት ድማ እዩ።

ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ንዝርከብ ጠረጴዛ ሓገዝ ድማ ኽትጥቀማ ትኽእላ ኢኽን። ስምክን ከይተፈልጠ ንዝውሃበክን ናይ ኢመይል ምኽርን ብውልቃዊ ምዝርራብ ዝውሃብ ምኽርን ብዚምልከት (ብቆጸራ)፡ ብኽብረትክን ኣብዚ ርኣያ።

ኣብ ዘለኽንኦ ቦታ ውልቃዊ ምኽሪ ክውሃበክን እንተመሪጽክን፡ ኣብ ቀረባኽን ብዛዕባ ዝውሃብ ምኽሪ ነፍሰ-ጾራት ብዚምልከት (ብፖስታል ኮድ ብምንዳይ) ኣብዚ ትረኽባ ኢኽን።

## ኣብ ሓደጋ ዓመጽ ንዝርከባ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታት ዚውሃብ ፍሉይ ሓለዋ

ብመሰረት ሕጊ ጀርመን፡ ደቀኣንስትዮን ደቀተባዕትዮን ማዕረ እዮም። ኲሉ ሰብ ድማ ዓመጽን ጸቕጥን ዘይብሉ ህይወት ንኽመርሕ መሰል ኣለዎ። እቶም ኣብ ጀርመን ዝቕመጡ ዘለዉ ኲሎም ሰባት፡ በዚ ሕጊ'ዚ ክምእዘዙ ኣለዎም። ብሰንኪ ዘለኩም ጾታ፡ ግዳይ ኣድልዎ እንተኾይንኩም፡ ንገዛእ ርእስኹም ኽትከላኸሉን ሕጋዊ ሓለዋ ኽግበረልኩምን ይኽእል እዩ።
ኣብ Saxony-Anhalt፡ ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቀኣንስትዮ፡ ግዱድ መርዓ ወይ ንኽብሪ ባህሊ ተባሂሉ ዚፍጸም ዓመጽ፡ ኣብ ጀርመን ኣብ ክፉእ ኲነታት ህይወት ንዝርከባ ደቀኣንስትዮ ዚውሃብ ሓገዝ ኣሎ። እተን ኣብ ምንዝርና እተዋፈራ ወይ ተዋፊረን ዘለዋ ደቀኣንስትዮ፡ ምኽርንን ደገፍን ይረኽባ እየን።

ኣብ ግዱድ መርዓ ትነብሩ እንተሊኹም ወይ ብሰንኪ "ምህሳይ ባህላዊ ክብሪ" ግዳይ ዓመጽ እንተኾይንኩም፡ ኣብ Magdeburg ዚርከብ ፍሉይ ክፍሊ VERA (Fachstelle VERA) ንዝውሃብ ኣገልግሎታት ክትጥቀሙሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ቦታ'ዚ፡ ንኣብነት፥ ስነ-ኣእምሮኣዊ-ማሕበራዊ ሓገዝ ትረኽቡ ወይ ውሑስ መንበሪ ገዛ ኣብ ምንዳይ ደገፍ ትረኽቡ ኢኹም።

እቲ ኣብ ብዙሕ ቦታታት Saxony-Anhalt ዝርከብ መጽለሊታት ደቀኣንስትዮ፡ ሓለዋ ይግበረሉ እዩ። ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ኣብ ኣውራጃታትን ከተማታትን ንዝርከቡ ሰራሕተኛታት ማዕረ ዕድላት (Gleichstellungs-beauftragten) ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። ግዳያት ዓመጽ ንዝኾና ወይ ስግኣት ንዘጋጠመን ዘይተመርዓዋ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታትን ደቀን ብዚምልከት ድማ  መጽለሊ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታት FlüchtlingsFrauenHaus ኣብ  Halle ይርከብ እዩ።



Schutz für Frauen = ሓለዋ ደቀኣንስትዮ

▶ ብዛዕባ'ቲ ኣብ መላእ ሃገር ዝርከብ መጻለሊታት ደቀኣንስትዮ  (Frauenhilfehäuser) ዚምልከት ሓበሬታ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ርኸቡ።

▶

እዚ  ኣብ ልዕሊ ደቀኣንስትዮ ዘጋጥም ዓመጽ ዚሕበረሉ መስመር ሓገዝ (FlüchtlingsFrauenHaus)፡ ነተን ዓመጽ ዘጋጠመን ወይ ዘጋጥመን ዘሎ ደቀኣንስትዮ ኣብ መላእ ሃገር ዚውሃብ ኣገልግሎት ምኽሪ እዩ። በዚ እተጸልወ ኲሎም ብሄራት፡ ብቝጽሪ ተሌፎን 08000 116 016 （ብዝርርብ （ቻት）） ከምኡውን ኣብ ኢንተርነት ብቐጥታ ብዚውሃብ ምኽሪ （ብኢ-መይል） ደገፍ ይረኽቡ እዮም። ኣዝማድን ኣዕሩኽን ከምኡውን ሞያተኛታትን፡ ስሞም ከይተፈልጠ ምኽሪ ይረኽቡን ብዘይ ክፍሊት ድማ ይውሃቡን። ኣገልግሎት ምኽሪ፡ ብ15 ቛንቋታት ይውሃብ።



ምዕራፍ 6 - ኣብ ፍሉይ ኩነታት ህይወት ዚውሃብ ሕክምናዊ ክንክንን ደገፍን

**ናጻ ሕብረ-ቛንቋኣዊ ኣፕሊኬሽን „RefuShe"፡ ንምጥያስ ደቀኣንስትዮ ስደተኛታት ደገፍ ይህብ እዩ። ብዛዕባ መሰረታዊ መሰላት፣ ኣብ ግዜ ዓመጽ ብዛዕባ ዘሎ ተኽእሎታት ደገፍን ቍጽርታት ተሌፎን ህጹጽ ረድኤትን ዚምልከት ሓበሬታ ይህብ።**

## ብሰንኪ ጾታዊ ኣቓውማ፡ ኣድልዎ ንዝረኽቡ ሰባት ዝውሃብ ደገፍ

ኣብ ጀርመን፡ እዚ ዚስዕብ ትኩረት ይውሃቦ፥ ደቀተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን ግብረ-ሰዶማውያን፣ ድርብ ጾታውያን ስግረ-ጾታውያን ሰባት፡  ኣድልዎ ንኸየጋጥሞ ሓለዋ ይግበረሎም፣ ባዕሎም ከምዝወሰንዎ ጾታዊ ኣቓውማ ሒዞም ንኽነብሩ ድማ መሰል ኣለዎም።
ነዚ'ኦም ሰባት ብዚምልከት ድማ ኣብ Magdeburg፡ Halleን Halberstadtን ፍሉይ መወከሲታት ምኽሪ (Anlaufstellen zur Beratung)  ኣሎ። ኣብ ዓበይቲ ከተማታት Saxony-Anhalt ዝርከብ ማሕበር ደቀኣንስትዮን ደቀተባዕትዮን ግብረ-ሰዶማውያን፥ ጉጅለታት፡ ማሕበራትን ተበግሶታትን ኣለዋ። እቲ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ደገፍ-ኤይድስ (AIDS-Hilfen)፡ ምስቲ ዘለኩም ጾታዊ ኣቓውማ ዚተሓሓዝ ጸገማት ብዚምልከት እትወከስዎ ጽቡቕ ቦታ እዩ።

## ድሕሪ ከቢድ መጥቃዕቲ ዚውሃብ ደገፍ

ግዳያት ዓመጽ የማናይ-ክንፊ እንተኾይንኩም፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታት Saxony-Anhalt ዝርከብ ፍሉይ ማእከላት ምኽሪ - ተንቀሳቓሲ ምኽሪ ግዳያት (Mobile Opferberatung) ክትረኽቡ ኢኹም። መሰላትኩም ክትረኽቡ መታን ኽትክእሉ፡ ናይ ቀጥታ ምኽሪ （ብሓያለ ቛንቛታት） ክውሃበኩምን ግብራዊ ደገፍ ክትረኽቡን ኢኹም። ተንቀሳቓሲ ምኽሪ ግዳያት፡ ከም ግዳይ መጠን፡ ንኣብነት፥ ካሕሳ መጉዳእቲ ንኽትረኽቡ እትገብርዎ ጠለብ፡ ብዚምልከት መሰላትኩም ንኽትረኽቡ ይድግፈኩም። ናብ ትካላት ኣብ እትኸድሉ እዋን ሰብ ከሰንየኩም ይኽእልን፣ ንኣብነት፥ ንጠበቓ ዚኽፈል ክፍሊት ብዚምልከት ምኽሪ ኽትረኽቡ ትኽእሉን።

▶ ኣብ ግዜ ከቢድ ህጹጽ ኲነታትን ናይ ቅልውላው ግዜን ብሃገር ደረጃ ኬርከብ ዘለዎ ትካል፡  white ring (Weisser Ring) እዩ።



# ምዕራፍ 7 - ንቖልዑን በጽሕታትን ዚምልከት ቤት - ትምህርትን ትምህርትን

*ኣብ ምምሕዳር ከተማ ንኽትቕመጡ ቦታ ኣብ እተዋህበኩም እዋን፡ ደቅኹም፡ ደገፍ ቆልዑን ኣብ መውዓለ - ቆልዑ (Kita) ድማ ክንክን ቆልዑ ንክረኽቡ ሕጋዊ መሰል ኣለዎም። እቶም ግዴታዊ ትምህርቲ ንኽምሃሩ ዕድሜኦም ዝበጽሐ ቆልዑ፡ ኣብ ትምህርቲ ክምሃሩ ይግደዱ እዮም። ከም ወለዲ መጠን፡ ንደቅኹም ደገፍ ኽትህቡ መታን ኽትክእሉ፡ ብዛዕባ ስርዓተ - ትምህርቲ ጀርመን ብዚምልከት ምስ ገዛእ ርእስኹም ክትላለዩ ይግባእ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ፡ ንውላድኩም ኣብ Kitaን ስሩዕ ቤት ትምህርትን ከተምዝግቡ ከለኹም ፡ ኣብ ግምት ክተእትውዎ ዘለኩም እንታይ ምዃኑ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።*

## መውዓለ - ቆልዑ (Kita)

መውዓለ - ቆልዑ (Kita)፡ ነቶም ኣብ ዝኾነ ዕድመ ዝርከቡ ቆልዑ፡ መበቆል ሃገሮም ብዘይገድስ፡ ኣብ ማሕበራውን ቛንቋኣውን ምዋያስ ከምኡውን ኣብ ቅድመ ዕቤት ቆልዑን ደገፍ ይህብ። ቆልዑ ስደተኛታት፡ ዕድሚኦም ሓደ ዓመት ምስገበሩ፡ ኣብ መውዓለ - ቆልዑ ቦታ ንኽረኽቡ ተመሳሳሊ ሕጋዊ መሰል ኣለዎም።
ኣብ መውዓለ - ቆልዑ፡ ቦታ ባዕልኹም ኽትረኽብሎም ይግብኣኩም። እቲ ብቐጥታ ክትረኽብዎ ዘለኩም ኣካል፡ ቤት ጽሕፈት ድሕነት መንእሰያት እዩ። ብዛዕባ ኣገዳሲ ደረጃታት ምዝገባ ዝምልከት፡ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ድሕነት ብኽብረትኩም ተወከሱ። ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፥ ኣብ መውዓለ - ቆልዑ ቦታ ንምርካብ እትጽበይዎ ግዜ መብዛሕቱ እዋን ነዊሕ እዩ። ንስኹም ስራሕ ንኽትሰርሑ፡ ውላድኩም ዝእለየሉ ቦታ ዘድልየኩም ምስዝኸውን ግን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ቀልጢፍኩም ትረኽቡ ኢኹም።

**ኣብ መውዓለ - ቆልዑ፡ እትኸፍልዎ ክፍሊት ኣሎ። እቲ ወጻኢታት ብምምሕዳር ከተማ ንኽሽፈን፡ መመልከቲ ኽተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ብኽብረትኩም ተወከሱ።**
**ኣብ Saxony-Anhalt፡ ንቖልዑ ስደተኛታት ኣተኵረን ክንክን ዝገብራ 20 ተቐበልቲ መውዓለ - ቆልዑ (WillkommensKITAs) ይርከባ። ከምዚኤን ዝበላ ኣብ ግዜ መዓልቲ ዝኣልያ ማእከላት ንኽትረኽቡ፡ ኣብዚ ሕተቱ።**

## ትሕተ - ዕድመ ክምሃርዎ ዘለዎም ግድነታዊ ትምህርቲ

እቶም ዕድሚኦም ሽዱሽተ ዝበጽሐ ኣዋልድን ኣወዳትን ከምኡውን በጽሕታት፡ ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ንኽምሃሩ ሕጋዊ ግዴታ ኣለዎም። እዚ ግድነታዊ ትምህርቲ (gesetzliche Schulpflicht)፡ ነቶም ዘሰኒ ዘለዎም ይኹን፡ ዘሰኒ ዘይብሎም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም (ቆልዑ) ዚምልከት እዩ። ነቶም ኣብ ምምሕዳር ከተማ ንኽቕመጡ ዝመጹ ቆልዑ ስደተኛታት ድማ ይምልከት እዩ። መሰል ትምህርቲ፡ ምስ'ዚ ዚተሓሓዝ እዩ። ውላድኩም፡ እዚ መሰል'ዚ ቀልጢፉ ከምዝረኽበ ኣረጋግጹ።

**ካብቲ ናይ ፈለማ ማእከል መቐበሊ ጠቕሊልኩም ምስወጻእኩም፡ ውላድኩም፡ መዓልታዊ ናብ ቤት ትምህርቲ ከምዝኸይድ ምግባር፡ ናይ ወለዲ ሓላፍነት እዩ። ውላድኩም ኣብ ዝሓመመሉ እዋን ድማ ንቤት ትምህርቲ ቀልጢፍኩም ኽትሕብሩ ኣለኩም። ውላድኩም፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ምስዘይመጽእ፡ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክውሃብ ይኽእል እዩ።**





## ኣብ Saxony-Anhalt ዘሎ ስርዓተ - ትምህርቲ

ፈለማ፡ ኩሎም ቆልዑ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ዚኸውን ግዜ (1ይ ክሳዕ 4ይ ክፍሊ) ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ (Grundschule) ይምሃሩ።

እቶም ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከቡ ቆልዑን በጽሕታትን፡ ድሕሪ መባእታዊ ትምህርቲ፡ ብመሰረት ዘለዎም ሞያዊ ሽቶታትን ዓቕምን፡ ካብ ኣርባዕተ እተፈላለየ ዓይነታት ትምህርቲ ክመርጹ ይኽእሉ። ጸኒሕኩም ድማ ካብ'ተን ኣብያተ - ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ወጺእኩም ናብ ካልእ ክትቕይሩ ይከኣል እዩ።




Schule = ቤት ትምህርቲ

1) **ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ / ላዕለዋይ ደረጃ** > ውላድኩም፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ብቕዓት (Hauptschulabschluss) ወይ ዲፕሎማ ላዕለዋይ ትምህርቲ (Realschulabschluss) ይረክብ፣ ንኣብነት፥ ድርብ ሞያዊ ስልጠና ክጅምር ወይ ሞያ (5ይ ክሳዕ 10ይ ክፍሊ) ክጥሪ ይኽእል።
2) **ላዕለዋይ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ** (Gymnasium) > ውላድኩም፡ ንኣብነት፥ ድሒሩ ኣብ ኮሌጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ንኽመሃር (5ይ ክሳዕ 12 ክፍሊ)፡ ሓፈሻዊ ብቕዓት መእተዊ ካልኣይ ደረጃ (Abitur) ክረክብ ይኽእል።
3) **ኣጠቓላሊ ትምህርቲ** (Gesamtschule) > ውላድኩም፡ ወረቐት ብቕዓት ካልኣይ ደረጃ (Hauptschulabschluss)፡ ዲፕሎማ ላዕለዋይ ደረጃ (Realschulabschluss) ወይ ሓፈሻዊ ብቕዓት መእተዊ ላዕለዋይ ደረጃ (5ይ ክሳዕ 12 ወይ 13 ክፍሊ) ክረክብ ይኽእል።
4) **ንቡር ትምህርቲ** (Gemeinschaftsschule) > ውላድኩም፡ ንAbitur (5ይ ክሳዕ 12 ወይ 13 ክፍሊ) ዜጠቓልል ኩሉ ወረቓቕቲ ብቕዓት ክረክብ ይኽእል።
5) **ብፍሉይ ዚተሓዝ ዓይነት ትምህርቲ** (Förderschule) > እቲ ፍሉይ ዓይነት ትምህርቲ ዘድልዮ ውላድኩም (ንኣብነት፥ ስንክልና)፡ ወረቐት ብቕዓት ፍሉይ ኣተሓሕዛ ዝገበረሉ ትምህርቲ (Förderschulabschluss) ወይ ወረቐት ብቕዓት ካልኣይ ደረጃ (Hauptschulabschluss) (1ይ ክሳዕ 10ይ ክፍሊ) ክረክብ ይኽእል።

**ንስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ብፍላይ ዜገልግል ብዛዕባ ህላወ ኣብ ትምህርቲ፡ መውዓለ - ቆልዑ (Kita) ከምኡውን ማእከል ድሕረ ቤት - ትምህርቲ (Hort) ዚምልከት ክትፈልጥዎ ዘድልየኩም ኩሉ ነገር ፡ ኣብ መርበብ - ሓበሬታ Servicestelle Interkulturelles Lernen ብኽብረትኩም ርኸቡ።**

## ንውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ምምዝጋብ

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣብ ዝበጻሕክሙሉ ዝቐልጠፈ ግዜ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት (Ausländerbehörde) ወይ ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ተቐማጦ (Einwohnermeldeamt) እተመዝገብኩም እንተኾንኩም፡ ንውላድኩም፡ ኣብ ቤት ትምህርትን ድሕረ ቤት - ትምህርትን (Hort) ከተመዝግብዎ ይግባእ። ብዛዕባ ምዝገባ ትምህርቲ ዚምልከት እትውከስዎ ኣካል፡ ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከብ በዓል - መዚ ትምህርቲ ክፍለ - ሃገር (Landesschulamt) እዩ። ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፥ እቶም ግድነታዊ ትምህርቲ ንኽመሃሩ ዕድሚኦም ዝበጽሐ ደቅኹም፡ ቅድሚ ምዝገባ ትምህርቲ ኣብ ዘላ ዓመት፡ ማለት መዓልቲ ምዝገባ፡ 1 መጋቢት ኣብ Landesschulamt ክምዝገቡ ኣለዎም። ናብ ምምሕዳር ከተማ ድሕሪ'ዚ ዕለት'ዚ ኣብ እትመጽሉ እዋን፡ ብኽብረትኩም ንበዓል - መዚ ትምህርቲ ተወከሱ።

ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ሕክምናዊ መርመራ ይካየድ እዩ። እዚ መርመራ፡ ሕጊ ዝጠልቦ እዩ። መዓልቲ መርመራ መዓስ ምዃኑ፡ ብቤት ጽሕፈት ጥዕና ክሕበረኩም እዩ።

ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ከመይ ምዃኑ፡ ኣብ መንጎ ወላድን መምህርን ዚግበር ኮንፈረንስን ጉዕዞ ቤት ትምህርትን እንታይ ምዃኑ ክትፈልጡ ድሌት ኣለኩም'ዶ? ስለዚ፡ ነዚ መንሹር'ዚ (ብጀርመንንኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ዓረብኛ) ብምንባብ ኣፍልጦ ርኸቡ ።

## ረብሓታት ትምህርትን ተሳታፍነትን – Bildungspaket

ኣብ ትምህርቲ ዝውሃብ ምሳሕ ወይ መሳርሒታት ትምህርቲ፡ ገንዘብ ይኽፈሎ እዩ። ኣብ ገለ ኩነታት፡ ንትሕቲ ዕድመ ውላድኩም ዚኸውን ገንዘባዊ ደገፍ ኽትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ደገፍ'ዚ፡ ሓገዛት ትምህርትን ተሳታፍነትን (Leistungen für Bildung und Teilhabe)፡ ብሓጺሩ ድማ **Bildungspaket** ተባሂሉ ይጽዋዕ።

እዚ ደገፍ'ዚ ኽትቕበሉ ትደልዩ እንተኾንኩም፡ ንዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ድሕነት ወይ ደገፍ ዝህበኩም ንዘሎ ቤት ጽሕፈት ብኽብረትኩም ተወከሱ።

ኣብ Saxony-Anhalt ብዛዕባ ዘሎ ቤት ትምህርትን ትምህርትን ዚምልከት ካብ ወለዲ ንዝሕተት ኣዝዩ ኣገዳሲ ሕቶታት መልስታት፣ ከምኡውን ብዛዕባ ምዝገባ ትምህርቲ (Schulanfang)፣ ዓውድታት ትምህርቲ (Schulfächer)፣ ምድላዋት ንትምህርቲ(Schulvorbereitung)፣ ማእከል ድሕረ ቤት ትምህርቲ (Hort)፣ ዕማም ተቖጻጻሪ (Aufsichtspflicht) ከምኡውን ንውላድኩም ዚውሃብ ትኽክለኛ ሓገዝ (Elternhilfe) ዚምልከት ብዙሕ ሓበሬታ ኣብ ሕብረ - ብዙሕ መንሹር Eltern-Information „Schule“ ርኸቡ።



# ምዕራፍ 8 - ናብራ ኣብ ጀርመን

## ደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ብሓባር ናይ ምቕማጥ መትከላት

ከም ስደተኛ መጠን፡ ኣብ ጀርመን ሓለዋ ንኽግበረልኩም ትሓቱ ኣለኹም። ሃገርና፡ ነቶም ፖለቲካዊ መከራ ዘጋጠሞም፡ ዑቕባ ንኽረኽቡን ነቶም ካብ ውግእን ስቪላዊ ውግን ዝሃደሙ ድማ መጽለሊ ንኽውሃቦምን መብጽዓ ትኣቱ። እቲ መጽለሊ፡ ክፋል ናይቲ ዘሎና ደሞክራሳዊ ቅዋማዊ ስርዓት እዩ። እዚ ሕጊ'ዚ፡ ኣብ ምቝም ህዝብና ዜተኮረ መሰረታውን ሰብኣውን መሰላት ዜጠቓልል እዩ።

መሰላት ናይቶም ኣብ ጀርመን ዘለዉ ሰባት፡ ኣብ 1949 ብዝወጸ ቅዋም ጀርመን፣ ኣብ 1948 ብዝወጸ ዓለምለኻዊ ውዕል ሰባኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት፣ ከምኡውን ኣብ 2000 ዝወጸ ቻርተር መሰረታዊ መሰላት ሕብረት ኤውሮጳ እተዋሕሰ እዩ። መሰላት ቆልዑ፡ ኣብ 1989 ብዝወጸ ውዕል መሰል ቆልዑ ሕቡራት ሃገራት ሓለዋ ይግበረሉ።

- ጀርመን፡ ደሞክራስያዊት ረፑብሊክ ሃገር እያ። መራሒ መንግስቲ፡ ፓርላማ ከምኡውን መንግስታዊ ምምሕዳር፡ ብደሞክራስያዊ መገዲ ይምረጹ፣ ብተመሳሳሊ ድማ ፓርላማን መንግስታዊ ምምሕዳር ናይ 16 ፈደራላዊ ክፍለ - ሃገራትን ርእሰ - ምምሕዳራት ከተማታትን ኣውራጃታትን ብደሞክራስያዊ መገዲ ይምረጹ። ኩሉ ምርጫታት፡ ብወረቐት ምርጫ ብምስጢር ይካየድ።
- ነፍስወከፍ ሰብ፡ ርእይትኡ ንኽገልጽ፣ ንኽእከብን ንርእይትኡ ኣብ ግብሪ ከውዕልን መሰል ኣለዎ። ኩሎም ሰባት፡ ደሞክራስያዊ ሰልፍታት፡ ሕብረታትን ካልእ ማሕበራትን ከቑሙ መሰል ኣለዎም።
- ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ብዙሓት ሰባት ንሓያሎ ዕማማት ሕብረተሰብ (ኮም) ንምክያድ፡ ኣብ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ ወይ ስፖርታዊ ግዳሴታት ኣብ ዘተኮሩ ማሕበራት ወይ ተበግሶታት ምሉእ ጻዕሮም የወፍዩ።
- ኩሎም ሰባት፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም። መንግስትን መዝታትን፡ ብቕዋምን ብሕግታትን ይቕየዱ። እቶም መሰላቶም እተጣሕሱ ሰባት፡ ጥርዓኖም ኣብ ቤት ፍርዲ ብምቕራብ ንርእሶም ኽከላኸሉ ይኽእሉን ወጽዓ ድማ ኣይበጽሖምን። እቶም ንሰራሕተኛ መንግስቲ ጉቦ ክህቡ ዝፍትኑ ሰባት፡ መቕጻዕቲ ክወርዶም እዩ።
- ደቀተባዕትዮን ደቀኣንስትዮን፡ ማዕረ መሰላት ኣለዎም። እዚ ድማ ሓደ ሰብ ኣብ ህይወቱ ድላዩ ክውስን፣ ክሰርሕን ዝደለዮ ዓይነት ሞያ ኽመርጽን ከምኡውን ንኣታዊታቱ ከም ድላዩ ክጥቀምን ዚብል መሰላት የካትት። ኣብ ጀርመን፡ ደቀኣንስትዮ፡ መሪሕነት ኣብ ዝርከቦ ኩሉ ዓውድታት ሞያ ይሳተፉ።
- ቆልዑ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዓመጽ ዘይፍጽ ወለዲ ክህልውዎምን፣ ቅድመ - ትምህርትን ስሩዕ ትምህርትን ንኽረኽቡን መሰል ኣለዎም። ኣቦታትን ኣዴታትን፡ ኣብ ትምህርቲ ደቆም፡ ማዕረ ተሳታፍነት ኣለዎም። ወለዲ፡ ናይ ወለዲ ውክልና ብምርካብ፡ ኣብ ማእከላት መውዓሊ ቆልዑን ኣብ ኣባይተ - ትምህርትን፡ ወሳኒ ጽልዋ ክህልዎም ይኽእል እዩ።

- ኩሎም ሰባት፡ ኣኽብሮት ዘለዎ ርክባት ንኽህልዎም መሰል ኣለዎም። ኣካላዊ ዓመጽ ምጥቃም፡ ብሕጊ እተኸልከለ እዩ። ነፍስወከፍ ሰብ፡ ጾታኡ ኣብ ምምራጽ ባዕሉ ክውስን መሰል ኣለዎ። ኣንጻር'ዚ ዝኾነ በደል ኣብ ዝፈጸመሉ እዋን፡ መቕጻዕቲ ይውሃብ እዩ።

- ነፍስወከፍ ሰብ፡ ንሃይማኖቱ ብናጻ ንኽኽተል መሰል ኣለዎ። ኣብ ጀርመን ዝርከቡ መብዛሕቶም ሰባት፡ ፕሮተስታንት ወይ ካቶሊካውያን እዮም፣ ኣብ ጀርመን ዝኽበር መብዛሕቱ በዓላትን ልምድታትን ድማ ካብ ክርስትና ዚመጸ እዩ። ባህሊ ጀርመን፡ ብኣይሁዳውያን ድማ ብተወሳኺ እተሃንጸ እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ብዙሓት ኣስላም፡ ኣብ ጀርመን ይቕመጡ ኣለዉ። ብተወሳኺ'ውን፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ካልእ እምነት ዘለዎም ኮማትን ሃይማኖታዊ ምትእስሳር ዘይብሎም ብዙሓት ሰባትን ኣለዉ። ዝኾነ ሰብ፡ ብሰንኪ ዘለዎ እምነት ወይ ስነ-ኣተሓሳስባ ኣድልዎ ኣየጋጥሞን። ብናጽነት ሓሳብካ ምግላጽ፡ ንሃማኖታትን ሃይማኖታዊ ኮማትን ምንቃፍ ዜጠቓልል መሰል ዜጠቓልል እዩ።

- ዝኾነ ሰብ፡ ብሰንኪ መበቆሉ፡ ሕብሪ ቆርበቱ፡ ጾታ፡ ጾታዊ ኣቃውማኡ፡ ዕድመ ወይ ስንክልና ኣድልዎ ኣየጋጥሞን። ግብረ-ሰዶማውያን፡ ኣብ ጀርመን ተሓቢኦም ክቕመጡ የብሎምን፣ ከም መርዓ ዝኣመሰለ ንዘለዎም ናይ ነዊሕ-ግዜ ዝምድና፡ ብመንግስቲ ኣፍልጦ ከምዝረክብ ኽገብሩ ይኽእሉ እዮም።

- ገምጋም'ቲ ኣብ ግዜ ሃገራዊ ማሕበርነት (1933-1945) ኣብ ጀርመን ዝፍጸም ዝነበረ ገበናት፡ ኣብ ጀርመን ኣመና ኣገዳስነት ኣለዎ። ዓሌትነትን ጸረ-ሴማውነትን፡ ብሕብረተሰብ ውጉዝ እዩ። ነቲ ዘጋጥመ ህልቂት ምኽሓድ ከኣ ገበን እዩ።

**እቲ መሰረታዊ መሰላት፡ ኣኽብሮትን ተጻዋርነት ዘለዎን ውህደት ንኽህሉ መሰረት እዩ።**







## ኣብ ጀርመን ብዛዕባ ዘሎ ህይወት ዝያዳ ሓበሬታ ምርካብን ብዝበለጸ ተላዚብካ ምንባርን

ሕቡር ሕብረተሰብ ኣብ ጀርመን፡ ብመሰረታዊ ሕጊ (Grundgesetz) ክትትል ይግበረሉ። ካብ መሰረታዊ ሕጊ ፌደራላዊት ረፑብሊክ ጀርመን ዝወጸ ኣገዳሲ ሕግታት (Grundgesetz für die Bundesrepublik Deutschland) ኣብዚ ክረክብ ይከኣል እዩ።

ኣብ ኢንተርነት ብቐጥታ ዝርከብ ብሕብረ-ቛንቋታት እተዳለወ መምርሒ-ሓበሬታ መጻእተኛታት ብኽብረትኩም ተረብሕሉ። ብዛዕባ መነባብሮ ጀርመን ዜላሊ መምርሒ (Ankommen. Eine Orientierungshilfe für das Leben in Deutschland) ብዛዕባ መነባብሮ ጀርመንን ኣብቲ እትቕመጥዎ ሓድሽ ኣከባቢ ንዘጋጥም ገለ ኩነታት ብዝበለጸ መገዲ ብኸመይ ከምእትዳለዉን ዚምልከት ብዝያዳ ትፈልጡ።

ብዛዕባ ኣብ ጀርመን ዘለኩም መነባብሮ ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ፣ ርድኢት ሕብረተሰብ ከምኡውን ሕጋውን ፖሎቲካውን ስርዓት፡ ኣብታ ብሕብረ-ቛንቋታት እተዳልወት እንቛዕ ናብ ጀርመን ብደሓን መጻእኩም እትብል መምርሒ ክረክብ ይከኣል እዩ። ብዛዕባ ስደተኛታት ዚምልከት ሓበሬታ (Willkommen in Deutschland. Informationen für Zuwanderer) ናይ ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት።

ብዛዕባ ኣብ ጀርመን ዘሎ መትከላት ህይወት ዚምልከት ኣገዳሲ ሓበሬታ፡ ኣብታ ጀርመን እትብል መጽሓፍ ትረኽቡ ኢኹም። ንስደተኛታት ዚውሃብ ናይ ፈለማ ሓበሬታ (Deutschland. Erste Informationen für Flüchtlinge)፡ ብዓረብኛ-ጀርመንኛ ተዳልዩ ይርከብ።

## ኣብ እትቕመጥሉ ቦታ ብሕብረት ምንባር ንኽሕይል ምጽዓር

ደሞክራሲ፡ ሰባት ኣብቲ ዘገድሶም ነገራት ክሳተፉን ርእሶም ክውፍዩን ኣብ ዝብል ሓቂ እተሰረተ እዩ። እዚ ተኽእሎ'ዚ፡ ብመሰረቱ ንኹሉ ስደተኛ ክፉት እዩ። ብፍላይ ድማ ብዙሓት ከበባት፡ ግዳሴኹምን ክትሳተፉ ከምእትደልዩን ከተፍልጥወን ባህ ይብለን እዩ። ብዙሓት ስደተኛታት፡ ኣብ ጀርመን ብሰላምን ምሕዝነትን ሓብሪካ ምንባር ኣገዳሲ ኣበርክቶ ንዝገብራ ርእሰ-ማሕበራት ኣቑሞም ይርከቡ።
ደቂ ሃገርኩም ወይ ሓደስቲ መጻእተኛታት፡ ኣብቲ ዝህልዎም ሓድሽ መነባብሮ ከይተጸገሙ ንኽሓልፍዎ ክትሕግዝሉ እትኽእሉ ብዙሕ መገድታት ኣሎ። እተን ኣብ ከባቢኹም ዘለዋ ወለንታውያን ትካላት **(Freiwilligenagenturen)**፡ ኣድላዪ ደገፍ ይህባ እየን፣ ቀጥታዊ ፕሮጀክትታት ምትሕግጋዝ ድማ የተግብራ እየን።

ኣብ ገለ ከተማታት Saxony-Anhalt፡ ምወላታት መጻእተኛታት **(Ankommenspatenschaften)** ተባሂሉ ዝጽዋዕ ንስደተኛታት ዚውዕል ምወላታት ኣለወን። በዚ ምወላታት'ዚ፡ ምስ ከተማ ክላለዩን ንመዓልታዊ ህይወቶም ከሳልጡን ንኻልኦት ስደተኛታት ክትሕግዙ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ነገር'ዚ፡ ፍልጠት ቛንቋ ጀርመን ኣገዳሲ እዩ። ንሓደስቲ መጻእተኛታት ደገፍ ንምሃብ፡ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከብ ወለንታዊ ትካል (Freiwilligen-Agentur) ጥራይ ተወከሱ።

## ምምሕባር – ምስ ሰባት ምርኻብ– ብቕዓት ምጥራይ፥ ፈደራላዊ ወለንታዊ ኣገልግሎት (Bundesfreiwilligendienst – BFD)

ከም ስደተኛ መጠን፡ ንስኹም ወይ ደቅኹም፡ ኣብ Saxony-Anhalt ንዝርከብ ኣብ ስደተኛታት ዜተኮረ ፕሮግራም ፈደራላዊ ወለንታዊ ኣገልግሎት **(Bundesfreiwilligendienst mit Flüchtlingsbezug)** ዚምልከት ውዕላት ኽትገብሩን ዓቕምታትኩም ክትፍትሹን ትኽእሉ ኢኹም። BFD፡ ንበጽሕታትን 16 ዓመት ንዝገበሩ ንኣሽቱ መንእሰያትን ክፉት እዩ። ኣብ Saxony-Anhalt፡ ወለንተኛታት፡ ኣብ 300 ከተማታት ስራሕ ኽቑጸሩ ይከኣል እዩ። BFD፡ እንተወሓደ ሹድሽተ ኣዋርሕ፡ እንተበጽሐ ድማ 18 ኣዋርሕ ይወስድ። ተሳተፍቲ፡ ናይ ጁባ ገንዘብን ማሕበራዊ መድሕንን ይቕበሉ።

BFD፡ ኣብ ምምሃርን ዕድላት ትምህርትን ዜተኮረ እዩ። እቲ ኣብ ከበባት መንእሰያት፡ ማእከላት ኮም ወይ ካልኦት መሳለጥያታት ሕብረተሰብ እትረኽብዎ ግብራዊ ተሞክሮ፡ ምስ ሰባት ንዘለኩም ርክባት የደንፍዕን ብዛዕባ'ዛ ሃገር ዘለኩም ርድኢት የዐብን። ኣብ መንጎ ትምህርትን ስልጠናን ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ BFD ክትሳተፉ ምቹእ ግዜ እዩ። እቲ ብፍላይ ምቹእ'ዩ ዝብሃለሉ ምኽንያት ድማ ክእለት ቛንቋ ጀርመን ንኸተጥርዩ ክትለማመዱ እትኽእልሉ ስለዝኾነ እዩ።

▶ ብዛዕባ BFD ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ርኸቡ።

▶



# ምዕራፍ 9 - ሕጋዊ ኩነታትን መስርሕ ዑቕባን

*ኣብ ምምሕዳር ከተማ Saxony-Anhalt ንኽትቕመጡ ምስተመደብኩም፡ ብዝበለጸ ርእስኹም ክኢልኩም ህይወትኩም ንኽትመርሑ ዘኽእለኩም ብዙሕ ዕድላት ክህልወኩም እዩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ውሳኔ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን (BAMF ወይ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት) እንታይ ማለት ምዃኑ ኽትፈልጡ ይግብኣኩም።*
*እዚ ምዕራፍ፡ ኣብ መስርሕ ዑቕባን ተኽእሎታት ዓይነታት ሓለዋን ዚምልከት ኣገዳሲ ሕጋዊ ውዕላት ይገልጽ። ኣብ መሰል ፍቓድ መንበሪ ኣብ ዚምልከት ምኽሪ ዝህብኹም ኣካላት በዓል መን ምዃኖምን ኣብ ምኽርን መምርሕን ዚምልከት መን ከምዝሕግዘኩምን ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።*

## ኩነታት ሓለዋን ሳዕቤናቱን

ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት፡ ኣርባዕተ ዓይነታት ሓለዋ ከምዚሉ ይፈልጥ፥




ውሳኔ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ ጀርመን ንዝህልወኩም ፍቓድ መንበሪ ይውስን። ነቲ ብቐጻሊ ዝውሃብ ውሳኔታትን ኣብ Saxony-Anhalt ኣብ ዘለዋ ምምሕዳራት ከተማ ንእትሓትዎ ሓገዛትን መሰረት እዩ። እዚ ድማ፡ ንኣብነት፥ ኣብ ስልጠናን ዕዳጋ ዕዮን እትወስድዎ ደረት ስጉምትኹም ወይ ኣብ ቛንቛን ትምህርቲ ምጥያስን እትረኽብዎ ኣገልግሎት ዜጠቓልል እዩ።

**ውሳኔ BAMF፡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን ሓለዋ ንኽትረኽቡ ዘለኩም መሰል ንኽትረኽቡ 4 እተፈላለየ ኣማራጺታት፡ ኣብ ታሕቲ ብዝያዳ ተገሊጹ ኣሎ።**

- **ኣማራጺ 1፡** እዚ ድማ ብመሰረት ዓንቀጽ 16ሀ፡ ሕጥቦ ጽሑፍ 1 መሰረታዊ ሕጊ ጀርመን፡ ኣፍልጦ መሰል ዑቕባ ምርካብ ማለት እዩ። ንሰለስተ ዓመታት ዚጸንሕ ፍቓድ መንበሪ (Aufenthaltserlaubnis) ከምኡውን ኣብ ክንዲ ፓስፖርት ጀርመን ዚውሃብ ሰነድ (ሰነድ ጉዕዞ) ክውሃበኩም እዩ። ካልእ ቅድመ-ኩነታት ምስእተማልኡ ድማ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ፍቓድ ሰፈራ ንኽውሃበኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- **ኣማራጺ 2፡** እዚ፡ ብመሰረት ውዕል ስደተኛታት ጀነቫ፡ ከም ስደተኛ ተቐባልነት ትረኽቡ ማለት እዩ። ንሰለስተ ዓመታት ዚጸንሕ ፍቓድ መንበሪ (Aufenthaltserlaubnis) ከምኡውን ኣብ ክንዲ ፓስፖርት ጀርመን ዚውሃብ ሰነድ (ሰነድ ጉዕዞ) ክውሃበኩም እዩ። ካልእ ቅድመ-ኩነታት ምስእተማልኡ ድማ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ፍቓድ ሰፈራ ንኽውሃኣኩም ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- **ኣማራጺ 3፡** እዚ፡ ተወሳኺ ጸግዒ (ብመሰረት ክፍሊ 4 ንኡስ-ክፋል 1 ኣዋጅ ዑቕባ) ንኽትረኽቡ መሰል ኣለኩም ማለት እዩ። ንኻልእ ክልተ ዓመታት ኪናዋሕ ተኽእሎ ዘለዎ ናይ ሓደ ዓመት ፍቓድ መንበሪ ትውሃቡ። ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ድማ ፍቓድ ሰፈራ ንኽትረኽቡ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።
- **ኣማራጺ 4፡** እዚ፡ ሃገራዊ ማዕቐብ ጥርዝያ (ብመሰረት ክፍሊ 60፡ ንኡስ-ክፋል 5 ወይ 7 ኣዋጅ መንበሪ) ጸኒዑን ብሰንኪ ሰብኣዊ ምኽንያታት ንሓደ ዓመት ጥራይ ዚጸንሕ ፍቓድ መንበሪ ትረኽቡ ኣለኹምን ማለት እዩ። ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመታት ድማ ፍቓድ ሰፈራ ንኽትረኽቡ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

**ብዛዕባ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ዝገብሮ ተኽእሎታት ውሳኔ ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ኽትረኽቡ ትኽእሉ። ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት እንተልዩኩም፡ ብኽብረትኩም ንምኽሪ መስርሕ ዑቕባ ካሪታስ (Asylverfahrensberatung der Caritas) ተወከሱ።**

## ንምቕማጥ ዚውሃብ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung)

ዘቕረብክሙዎ መመልከቲ ዑቕባ፡ ውሳኔ ክሳዕ ዝውሃቦ ንዘሎ ግዜ፡ ንኽትቕመጡ ፍቓድ (Aufenthaltsgestattung) ይውሃበኩም እዩ ። ንኽትቕመጡ ብእተዋህበኩም ፍቓድ ድማ ሰለስተ ኣዋርሕ ምስገበርኩም ኣብ ውሽጢ ፈደራላዊ ግዝኣት ብናጻ ኽትንቀሳቐሱ ትኽእሉ። እንተኾነ ግን፡ BAMFን ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታትን ኣብ ዝደለይኹም እዋን ክትርከቡ ኣለኩም እቲ ንኽትቕመጡ እተዋህበኩም ፍቓድ ኲሉ ግዜ ምሳኹም ሒዝክሙዎ ተንቀሳቐሱን ፈተሻ መንነት ኣብ ዝግበረሉ እዋን ድማ ንፖሊስ ኣርእዩን።

## ወለንታዊ ምምላስ

ንዘቕረብክሙዎ መመልከቲ ዑቕባ ኣብ ዘንሳሕብክሙሉ እዋን ንሃገር ሓዲግኩም ንኽትወጹ እንተተገዲድኩም ወይ ብኻልእ ምኽንያት ድማ ናብ መበቆል ሃገርኩም ኽትምለሱ ትደልዩ እንተኼንኩም (ዋላ'ውን መስርሕ ዑቕባ፡ ዘይተወድኤ ይኹን)፡ ንኣማራጺ ወለንታዊ ምምላስ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብያተ-ጽሕፈት ምዝገባ ስደተኛታት፡ ኣብ ጀርመን እትቕመጥዎ ግዜ ከብቅዕ ዝገብሮ ተኽእሎታት (ቃለ-መሕተት ምምላስ) እንታይ ምዃኑ ክሕብረኩም እዩ። ኣብ Magdeburg ዚርከብ ማእከል ብቕዓት ተመለስቲ (Kompetenzzentrum Rückkehr)፡ ኣብቲ ንስኹም ዝመረጽክሙዎ ዕለት ብዘይ ዝኾነ መንግስታዊ ሓገዝ ባዕልኹም ንሃገር ሓዲግኩም ንኽትወጹ ዕድል ይፈጥረልኩም እዩ። ብዛዕባ ምምላስ ዚምልከት ድማ ሰፊሕ ውልቃዊ ምኽሪ ክትረኽቡ ኢኹም። ኣብ እትቕመጥሉ ቦታ ብዛዕባ ዝርከባ ኣብያተ-ጽሕፈት ምኽሪ ምምላስ (Rückkehrberatungsstellen) ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።





## ዚስዕብ ኢሚግሬሽን ስድራቤት (ምጽንባር ስድራቤት)

ተፈላጥነት ዝረኸበ ስደተኛ ስለዝኾንኩም ወይ ዑቕባ ንኽትረክቡ መሰል ዘለኩም ስለዝኾንኩም፡ ምጽንባር ስድራቤት ስዒቡ (Familiennachzug) ንኽፍጸም መመልከቲ ንኸተቕርቡ መሰል ኣለኩም። ንበዓል/ቲ-ቤትኩም/ክንን ትሕቲ ዕድመ ደቅኹምን፡ ንዓኹም ብምስዓብ ብዝቐለለ መገዲ ንኽጽንበርኹም ኣመልክቱ። ኣብ እትቕመጥሉ ምምሕዳር ከተማ ዚርከብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት፡ ነዚ ንኽገብር ሓላፍነት ኣለዎ።

**እቲ መመልከቲ፡ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ዝኣተወ እንተኾይኑ ጥራይ፡ ዝቐለለ ምጽንባር ስድራቤት ንኽህሉ ይከኣል። እቲ፡ ንኣብነት፡ ኣብ ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ Auswärtiges Amt) ወይ ዝምልከቶ ቤት ጽፈት ምዝገባ ወጻእተኛታት ዚቐርብ መመልከቲ ምምእዛዝ-ውዕል (Fristwahrungsantrag) እኹል እዩ። ስድራቤትኩም ናብ ጀርመን ንኽኣትዉ፡ ኣብ ዝምልከቶ ኤምባሲ ጀርመን መመልከቲ ከቕርቡ ኣለዎም።**

ዝጽንበሩ ስድራቤት ተወሳኺ ጸግዒ ንኽረኽቡ መሰል ዘለዎም ሰባት ድማ ክሳዕ 15 መጋቢት 2018 (ካብ 10/2016 ጀሚሩ) ከምዚቛረጽ ኮይኑ ኣሎ። ድሕሪ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ስድራቤትኩም ናባኹም ንኽመጹ ብዝቐለለ መገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፈደራላዊ ጉዳያት ወጻኢ ከተመልክቱ ኽትክእሉ ኢኹም።
**ብኽብረትኩም ኣስተብህሉ፡** ኣብ ግዜ መስርሕ ዑቕባ፡ መመልከቲ ምጽንባር ስድራቤት ኪቐርብ ኣይከኣልን እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣባላት ስድራኹም፡ ኣብ ኤምባሲ ጀርመን ኣቐዲሞም ቆጸራ ክሕዙ ይኽእሉ እዮም።

**ካሪታስ (Magdeburg Bishopric)፡ ንምጽንባር ስድራቤታት ደገፍ ዝህብ ደገፍ ስደተኛታት ንዚወጽእ ምውላ የመሓድር። ብዛዕባ ዑቕባ ስድራቤትን ዝስዕብ ምጽንባር ስድራቤታትን ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ክርከብ ይከኣል እዩ።**



## ብዛዕባ ዑቕባን ሓለዋ ስደተኛታትን ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ

ፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ሓተቲ ዑቕባን (BAMF)፡ ብዛዕባ መሰል መንበሪ ጀርመን መስርሕ ዑቕባን ዚምልከት ሰፊሕ ሓበሬታ፡ ኣብዚ መርበብ-ሓበሬታ ከምኡውን ኣብቲ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ዘሎ መንሹር Ablauf des deutschen Asylverfahrens ይህብ እዩ።

# እተመርጹ ኣድራሻታትን ማእከላት ምኽርን

## ምኽርን ደገፍን

**ምኽሪ ስደተኛታት Saxony-Anhalt (Migrationsberatung Sachsen-Anhalt)**
www.integriert-in-sachsen-anhalt.de

**ተወሳኺ ምኽርን ሓገዝን (Gesonderte Beratung und Betreuung)**
www.integriert-in-sachsen-anhalt.de/beratung-und-netzwerke/beratungsstellen/gesonderte-beratung-und-betreuung/

**ኣብ Saxony-Anhalt ብዛዕባ ዝርከብ ንኣመልከትቲ ዑቕባ ዚምልከት ሓበሬታ መስርሕ** [ማእከል ምኽሪ መስርሕ ዑቕባ] Halberstadt
www.caritas.de
ተሌፎን፥ +49 3941 609300

**ወለንታዊ ምምላስ**
ማእከል ብቕዓት ዝምለሱ ሰባት ናብ ሳልሳይ ሃገር ብወለንትኦም ንዝምለሱ ዜጋታት ዚሕግዝ ኣገልግሎት ምኽሪ
www.magdeburgerstadtmission.de/arbeitsgebiete/kompetenzzentrum-rueckkehr/

## ጀርመንኛ ምጽናዕ

**ማእከላት ምኽሪ ስደተኛታት (Migrationsberatungsstellen)**
www.bamf.de/SiteGlobals/Functions/WebGIS/DE/WebGIS_Migrationserstberatung.html

**ትምህርታት ምጥያስ ዝውሃበሉ ቦታታት (Integrationskursstandorte)**
www.bamf.de/SiteGlobals/Functions/WebGIS/DE/WebGIS_Integrationskursort.html

## ዕዮን ስልጠናን

**ሞያ ኣብ ኣተኩሮ (Fachkraft im Fokus (FiF))**
ነቶም ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ወጻእተኛታት ሞያተኛታት ዚውሃብ ናይ ምቅባል ኣገልግሎት
www.fachkraft-im-fokus.de
ተሌፎን፥ 49 152 537 729 43 (HAL), +49 173 8498 196 (MD)

**Job Bridge PLUS (Jobbrücke PLUS)**
ምጥያስ ኣመልከትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን፥ ኣብ ዕዮን ስልጠናን
Magdeburg
www.jobbruecke-chance.de
ተሌፎን፥ +49 391 7279882

**መርበብ IQ – ኣፍልጦን ጠለባትን ምኽሪ**
**Netzwerk IQ – Anerkennungs- und Qualifizierungsberatung**
Halle / Magdeburg
www.sachsen-anhalt.netzwerk-iq.de
ተሌፎን፥ +49 345 686948-23/-15/-21 (HAL) / +49 391 40805-15/-10/-13 (MD)

## ጥዕናን ጸግዕን

**ዓማጺ መጥቃዕትታት ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን ዚውሃብ ደገፍ**
ንግዳያት ዓመጽ የማናይ ክንፊ ዚውሃብ ተንቀሳቓሲ ምኽሪ
Halle / Magdeburg / Salzwedel / Dessau-Roßlau
www.mobile-opferberatung.de
ተሌፎን፥ +49 345 2267100 (HAL) / +49 391 6207752 (MD) / +49 3901 306431 (SAW) / +49 340 6612395 (DE)

**ንደቀኣንስትዮ ዚውሃብ ምኽርን ደገፍን**
FemaleRefugeeHouse (FlüchtlingsFrauenHaus) Halle
Halle
www.migration-paritaet-lsa.de/ffh
ተሌፎን፥ +49 345 5238115

**መስመር ሓገዝ፡ ኣንጻር ደቀኣንስትዮ ዚፍጸም ዓመጽ“ (ብዘይ ክፍሊት)**
www.hilfetelefon.de
ተሌፎን፥ +49 8000 116016

**Vera – ክፍሊ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቀኣንስትዮን ግዱድ መርዓን**
www.awo-sachsenanhalt.de
ተሌፎን፥ +49 391 4015371

## ደገፍ - ኤይድስ

**ደገፍ - ኤይድስ AIDS-Hilfe (Halle / Sachsen-Anhalt Süd e. V., Sachsen-Anhalt Nord e. V.)**
Halle / Magdeburg
www.halle.aidshilfe.de
ተሌፎን፥ +49 345 5821271 (HAL)
www.aidshilfesachsenanhaltnord.de
ተሌፎን፥ +49 391 5357690 (MD)

## ምጥያስን ማሕበራዊ ውህደትን

**ዞባዊ መርበብ ርእሰ - ማሕበራት ስደተኛታት Sachsen-Anhalt (LAMSA) e.V. Halle**
www.lamsa.de
ተሌፎን፥ +49 345 17164890

**ኣብ Halle-Saalkreis ዘርከብ ወለንታዊ ትካል ዘለዎ መቐበሊ ቦታ መርሓባ-Treff der Freiwilligenagentur Halle-Saalkreis e. V.**
www.freiwilligen-agentur.de/themen-und-projekte/engagiert-fuer-fluechtlinge

**ደገፍ ስደተኛታት / ሓደስቲ መጻእተኛታትን ዘህብ ኣገልግሎታትን መርበባትን ምኽሪ**
www.integriert-in-sachsen-anhalt.de/netzwerke/

**ተበግሶታት መርሓባ Sachsen-Anhalt**
www.integriert-in-sachsen-anhalt.de/willkommen/willkommensinitiativen

## ቤት ትምህርትን ትምህርትን

**ኣብ Kitaን ስሩዕ ቤት ትምህርትን ንዚውሃብ ኣብ ሓድሕዳዊ ባህሊ ንዜተኮረ ትምህርቲ ዚከታተል ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት**
www.lerneninterkulturell.de



እተመርጹ ኣድራሻታትን ማእከላት ምኽርን

## ንምልላይ ዝጠቕሙ መምርሒታት - ሓበሬታ (እተሓትመን ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነትን)

- መጻእተኛታትን ካልኦትን። ኣብ Saxony-Anhalt ንዘለዉ ስደተኛታት ዚኸውን መምርሒ ሓበሬታ
- ንስደተኛታት ዚምልከት መምርሒ - ሓበሬታ
- መምርሒ - ሓበሬታ Saxony-Anhalt
- መምርሒ ደገፍ ስደተኛታት። መምርሒ ናይቶም ንስርሓት ስደተኛታት ዝድግፉ ኣካላት
- መምርሒ - ሓበሬታ ስደተኛታት guidebook Magdeburg
- ሓታቲ ዑቕባ ኣብ ዕዳጋ ዕዮ ንኽጣየስ ብዛዕባ ዝውሃቦ ዕድላት ዚምልከት መምርሒ - ሓበሬታ ምልላይ
- ንወለዲ ዚምልከት ሓበሬታ ቤት ትምህርቲ

## ንኽም ኣብ Saxony-Anhalt ምስፋርንን ምጥያስን ዜካትት ኣርእስታት፥ ሓበሬታ ዝህብ ናይ ኢንተርነት ባብ

- ኣብ Saxony-Anhalt ዘሎ ባብ ምጥያስ (Integrationsportal Sachsen-Anhalt) ኣብ ዓውዲ ምጥያስን ጻዕርን ዜተኮረ ንጥፈታትን ተበግሶታትን ዚካየድ መድረኽ ኣገልግሎትን ፓነል ጸብጻብን
- ንዋና ክፍለ - ሃገር Magdeburg ዚምልከት ባብ ምጥያስ (Integrationsportal der Landeshauptstadt Magdeburg) ኣብዛ ዋና ክፍለ - ሃገር ብዛዕባ ዘሎ ዕድላት ምጥያስ፥ ምትሕግጋዝን ጻዕርን ዚምልከት ባብ ኣገልግሎት
- መርበብ - ሓበሬታ LAMSA e. V. መርበብ - ሓበሬታ ናይተን ኣብ Saxony-Anhalt ዝርከባ ውድባት ስደተኛታት
- ናብ - Halle - እንቛዕ በደሓን መጻእኩም (Welcome-to-Halle) > ነቶም ኣብ ከተማ Halle ዝርከቡ ድሕረ - ባይታ ስደት ንዘለዎም ሰባት ንዚውሃብ ኣገልግሎት ዚሓዘ መኣዲ (ፎሩም) ' ዩ
- ናብ - Magdeburg - እንቛን ብደሓን መጻእኩም (Welcome-to-Magdeburg) > ነቶም ኣብ ከተማ Magdeburg ዝርከቡ ድሕረ - ባይታ ስደት ንዘለዎም ሰባት ንዚውሃብ ኣገልግሎት ዚሓዘ መኣዲ (ፎሩም) ' ዩ für die Stadt Magdeburg

## እተሓትመ


| | |
|---|---|
| ኣሕታሚ | Auslandsgesellschaft Sachsen-Anhalt e. V. (AGSA)<br>ኣብ ክንዲ ንምጽንባር ህዝብታት Saxony-Anhalt ዚከታተል<br>ኮሚሽነር ሃገራዊ መንግስቲ |
| Adresse | *eine*welt haus, Schellingstraße 3-4 \| 39104 Magdeburg<br>መርበብ - ሓበሬታ፥ www.agsa.de \| ኢ.መይል፥ integrationsportal@agsa.de<br>ተሌፎን፥ +49 391 5371-271 |
| ጽሑፍን ምርዓምን | Dr. E. Stöckmann |
| V. i. S. d. P.: | Michael Marquardt, Geschäftsführer der AGSA e. V. |
| ዲዛይንን ለይኣውትን | Matthias Ramme \| www.300gramm.de |
| ትርጉም ትግርኛ፥ | ዳንኤል ተስፋማርያም (Daniel Tesfamariam) |
| ስእልታት | Ka Schmitz |
| ሓታሚ | Quedlinburg Druck GmbH |



ትሕዝቶ'ዚ ንኡስ-መጽሓፍ'ዚ፡ ብመሰል-ደራሲ እተሓለወ እዩ። ኤለትሮኒካዊ መዲያ ማሕተም ምጥቃም ንዜጠቓልል፥ ጽሑፍ፡ ሕጥቦ-ጽሑፍ፡ ስእላዊ መግለጺ ወይ ስእልታት ምሕታምን ምርዓምን፡ ካብ ኣሕታሚ ኣቐዲምኩም ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ምስረኸብኩም ጥራይ ይፍቀደልኩም።



1ይ ሕታም፡ ታሕሳስ 2016



© ኩሉ መሰላት እተሓለወ'ዩ


SACHSEN-ANHALT
Ministerium für Arbeit, Soziales und Integration

AUSLANDS-GESELLSCHAFT Sachsen-Anhalt


**እዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ ንምጽንባር ህዝብታት Saxony-Anhalt ብዚከታተል ኮሚሽነር ሃገራዊ መንግስቲ እተመወለ እዩ።**




## መዘኻኸሪ